# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 36 ዓመት ቁ.50 ረቡዕ 28 ጥቅምቲ 2026 ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ


ገጽ 3 ሓሶታት ኣቢይን ሓቅታትን ገጽ ንገጽ

ገጽ 4 ደቀቕቲ ዓሳታት ላዕለዋይ ጽፍሒ ባሕሪ



ገጽ 8 ኲብላሊ

ገጽ 9 ገስጋስን ተወፋይነትን



ገጽ 10 ግህሰት ልኡላውነት ኤርትራን ውድቀት ትረኻታት ስርዓት ብልጽግናን


## ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ኣብ 3ይ ዋዕላ መራሕቲ ኣፍሪቃን ሩስያን ንምስታፍ ከተማ ሞስኮ ኣትዩ



ስእሊ ኣኽሊሉ ዘርኣዝጊ

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ኣብ ሳልሳይ ዋዕላ መራሕቲ ኣፍሪቃን ሩስያን ንምስታፍ፡ ትማሊ ኣብ ሰዓታት ንግሆ ከተማ ሞስኮ ኣትዩ።

እዚ ኣብ 28ን 29ን ጥቅምቲ ዝቐየድ ዋዕላ፡ ኣብ መዳያት ንግድ፡ ወፍራ ቁጠባ፡ ጸዓት፡ ውሕስነት መግቢ፡ ሕርሻዊ ሽርክነትን ጸጥታዊ ምወህሃድን ከምኡ'ውን ካልኦት ኣገደስቲ ጸላታት ክዝቲ'ዩ።

ጐኒ-ጐኒ'ዚ ዋዕላ፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ምስ ፕረዚደንት ቭላድሚር ፑቲንን ካልኦት ሰብመዚ ፌደረሽን ሩስያን ተራኺቡ፡ ኣብ ምዕዛዝ ክልተኣዊ ዝምድናታትን ሓባራዊ ኣገዳስነት ዘለዎም ጉዳያትን ክዘራረብ'ዩ።

ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣቶ ዑስማን ሳልሕ፡ ምስ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ሓቢሩ ተጓዒዙ'ሎ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ብቕድሚ ትማሊ ፍርቂ ለይቲ'ዩ ናብ ሩሲያ ገጹ።

ቀዳማይ ዋዕላ መራሕቲ ኣፍሪቃን ሩስያን ኣብ ወርሒ ጥቅምቲ 2019 ኣብ ከተማ ሶቺ፣ ካልኣይ ድማ ኣብ ወርሒ ሓምለ 2023 ኣብ ከተማ ሰይንት-ፒተርስበርግ፡ "ንሰላም፡ ጸጥታን ልምዓትን" ብዝብል ቴማ ምኪያዱ ዝዝከር'ዩ።

## ኤርትራውያን ነበርቲ ጀርመን፡ ብሪጣንያ፡ ዛምብያን ኣመሪካን ሰሚናራት ህዝባዊ መኸተ ኣካዪዶም

ኤርትራውያን ነበርቲ ጀርመን፡ ዓባይ-ብሪጣንያ፡ ዛምብያን ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ "ክተት፡ ሃገር ንምክልኻልን ጸላኢና ንምስዓርን" ብዝብል ቴማ ብ25 ጥቅምቲ ሰሚናራት ህዝባዊ መኸተ ኣቃንዮም።

ብመሰረት ክኮብ ቦትኡ ዝበጽሓና ሓበሬታ፡ ኣብ ጀርመን ከተማታት ዱዝልዶርፍ፡ ከለን፡ ሽቱትጋርት፡ በልፈልድ፡ ቦን፡ ክረፈልድ፡ ዶርትሞንድን ካልኦትን ዝነብሩ ዜጋታት ኣብ ከተማ ሽቱትጋርት ኣብ ዘካየድዎ ሰሚናር፡ ሓላፊ ህዝባውን ኮማውን ጉዳያት ኣቶ ጠዓመ ሃደሉ፡ ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ - ታሪኽ መኸተን ጽንዓትን ምዃኑ፣ እዚ ድማ ንሓይሊ ህዝቢ ኤርትራ ዝድርዕ ተመክሮ ከም ዝኾነ ገሊጹ።

ጠቕላሊ ቈንስል ኣብ ፍራንክፈርት ኣቶ ክብረኣብ ተኽስተ ብወገኑ፡ ከም ወትሩ ሓድነትና ኣትሪርናን ኣብ ወሳኒ ዓቕምና ተኣማሚንናን ተሃንዲዱ ንዝመጽእ ጸላኢ መኪትና ንምስዓር፡ ቅሩባትና ክንረጋገጽ እዋናዊ ተልእኾ ከም ዝኾነ ኣብሪሁ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ኣብ ልዕሊ ልኡላውነትን ግዝኣታዊ ሓድነትን ኤርትራ ንዝወጽእ ከሉ ዓይነት ተጻብኦታት ብምኹናን፡ ኣብ ጎኒ ህዝቢ፡ መንግስቱን ሓይልታት ምክልኻልን ደው ከም ዝብሉን መደባት መኸተ ንምስላጥ ዝከኣሎም ከም ዝብርኩቱን ቃል ኣትዮም።

ብተመሳሳሊ፡ ኣስታት ሓደ ሽሕ ኤርትራውያን ነበርቲ ከተማ ለንደንን ከባብኣን ኣብ ዝተሳተፍዎ ህዝባዊ ሰሚናር፡ ፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ዓባይ-ብሪጣንያን ኣየርላንድን ኣቶ ሳልሕ ዓብደሉ፡ ከምኡ'ውን ሓላፊ ህዝባውን ኮማውን ጉዳያት ኣቶ ተወልደ የውሃንስን ሓላፊ ቈንስላዊ ኣገልግሎት ኣቶ ሱሌማን ሓሰንን፡ ኣብ ህሉው ኩነታት ሃገር ከምኡ'ውን ዞባዊ እዋናዊ ምዕባለታት ዓሚቝ መግለጺ ሂቦም።

ተሳተፍቲ ድማ፡ ዓቕምታቶም ኣወሃሂዶም መደባት ሃገራዊ መኸተ ንምስላጥ ቅሩባት ምዃኖም ኣረጋጊጾም።

ኣብ ከተማ ሉሳካ - ዛምብያ ኣብ ዝተቓንዐ ሰሚናር ድማ፡ ኣቦመንበር ኣኪያዲት ኣካል ማሕበረኮም ኣቶ ገብረሂወት ጴጥሮስ ንህሉው ኩነታት ሃገር፡ ጉደቦናን ዓለምን፡ ከምኡ'ውን ዜጋታት መደባት ህዝባዊ መኸተ ንምዕዋት ክወስድዎ ኣብ ዘለዎም ሓላፍነት ዝተኩረ መግለጺ ሂቡ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ሓድነቶም ብምድልዳልን ውዳበታቶም ብምሕያልን መድረኻዊ ተልእኾ ንምፍጻም ድሉዋት ምዃኖም ገሊጾም።



እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ኤርትራውያን ነበርቲ ከተማታት ዋሽንግተን-ዲሲን ፊላደልፍያን - ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ "ክተት - ንሃገራዊ ድሕነት" ብዝብል ቴማ ተመሳሳሊ ኣኼባታት ህዝባዊ መኸተ ኣሰላሲሎም።

ፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ኣቶ ብርሃነ ገብረሂወት ንበርቲ ከተማ ዋሽንግተን-ዲሲ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ጠንቂ ናይ'ቲ ኣብ ጎደቦናን ዞባናን ዝርአ ዘሎ ዘይርጉእ ኩነታት ብሰፊሑ ድሕሪ ምብራሁ፡ ንቑሕ ኣበርክቶ ዜጋታት ኣብ ኩሉ መዳያት ክዕዘዝ ጸዊዑ።

ብ24 ጥቅምቲ ኣብ ከተማ ፊላደልፍያ ኣብ ዝተቓንዐ ኣኼባ ድማ፡ ሓላፊት ህዝባውን ኮማውን ጉዳያት ወ/ሮ ሓድነት ቀለታ፡ ንህሉው ኩነታት ዝምልከት ተመሳሳሊ መግለጺ ኣቕሪባ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ንመርገጺ መንግስቲ ኤርትራ ዘለዎም ጽኑዕ ደገፍ ደጊሞም ብምርግጋጽ፡ ከሉ ኣቓልቦኦምን ዓቕሞምን ናብ ምክልኻልን ድሕነትን ሃገር ከም ዘቐንዑ ቃል ኣትዮም።

## ተጋዳላይ ሜጀር መሓመድ-ሳልሕ ዓብዱረዛቕ (ወዲ ሓጂ) ተሰዊኡ



ኣባል ጸጥታ ኣህጉራዊ መዓርፎ ነፈርቲ ኣስመራ - ጉዳም ተጋዳላይ ሜጀር መሓመድ-ሳልሕ ዓብዱረዛቕ ዓብደልቓድር (ወዲ ሓጂ)፡ ኣብ መበል 68 ዓመት ዕድመኡ ብሕማም ተሰዊኡ።

ኣብ ወርሒ ሰነ 1975 ናብ መሳርዕ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ ዝተሰለፈ ተጋዳላይ መሓመድ-ሳልሕ፡ ኣብ እዋን ሓርነታዊ ቃልሲ - ኣብ ተዋጋኢ ሰራዊት፡ ክፍሊ ዜና፡ ክፍሊ ሕርሻን ሓለዋ ሰውራን፣ ድሕሪ ናጽነት ድማ ኣብ ወሻጣዊ ጸጥታ ተመዲቡ፡ ብዝተፈላለየ ጽፍሕታት ሓላፍነት ንሃገሩን ህዝቡን ብተወፋይነት ዘገልገለ ሓርበኛ'ዩ።

ስውእ ሜጀር መሓመድ-ሳልሕ ዓብዱረዛቕ (ወዲ ሓጂ)፡ ብዓል-ሓዳርን ኣቦ ሓሙሽተ ደቅን'ዩ።

ስነ-ስርዓት ቀብሩ ድማ፡ ብ27 ጥቅምቲ ፍርቂ መዓልቲ ኣብ መካነ-መቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ ተፈጺሙ።

ወሻጣዊ ጸጥታ ኣህጉራዊ መዓርፎ ነፈርቲ ኣስመራ፡ ብሞት ተዋጋኢት ጉዳም ኣባሉ ሜጀር መሓመድ-ሳልሕ ዓብዱረዛቕ (ወዲ ሓጂ) ዝተሰምዖ መሪር ሓዘን እናገለጸ፡ ንስድራ-ቤቱ፡ መቓልስቱን መሳርሕቱን "ጽንዓት ይሃብኩም" ይብል።

## ዜና

# ሃ/ ኮ/ ሰ/ኤ/፡ ናይ ኣሰልጠንቲ ስልጠና ወዲቡ

ሃገራዊ ኮንፌደረሽን ሰራሕተኛታት ኤርትራ፡ ካብ ዝተፈላለዩ ሆቴላትን ኣብያተ-መግብን ዞባታት ማእከል፡ ዓንሰባን ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕርን ንዝተዋጽኡ ወሃብቲ ኣገልግሎት፡ ኣብ እንግዶት ኣጋይሽ ዘተኮረ ናይ ኣሰልጠንቲ ስልጠና ወዲቡ።

እዚ ምስ ማሕበር ምትሕግጋዝ ስዊዘርላንድ ንኤርትራ ብምትሕብባር ካብ 14 ክሳብ 23 ጥቅምቲ ኣብ ኣስመራ ዝተኻየደ 39 ኣሳሰይትን ተቖጻጸርትን ትካላት ወሃብቲ ኣገልግሎትን ዝተሳተፍዎ ብዮዝብሪ ዝተሰላ ስልጠና፡ ኣብ ምሕደራ ትካላት ወሃብቲ ኣገልግሎት፡ ኣቀባብላን ምስሳይን ተገልገልቲ፡ ሜላ ኣቀራርባ ዝርዝራት መግብን መስተን ቀጻጸሩን ምሕላው ጽሬትን ድሕነትን ኣሳሰይቲ፡ መኽዘናትን ክሽነን ናውቲን ከምኡ'ውን ቀጻጸራዊ ክእለት ዘተኮረ ነይሩ።

ተሳተፍቲ ናይ'ቲ ብመንእሰያት ደቂ ሃገርን ስዊዘርላንዳውያን ሰብ ሞያ ቱሪዝምን ዝተዋህበ ስልጠና ኣብ ዝሃብዎ ርእይቶ፡ ሓድሕዳዊ ተመክሮታት ክለዋወጡን ዝጸንሖም ፍልጠት ኣድማሳዊ መልክዕ ንምትሓዙን ከምዘኽኣሎም ሓቢሮም።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣብ ሃኮሰኤ ሓላፊ ክፍልታት ስልጠና፡ ትምህርትን ምምዕባል ዓቕሚ-ሰብን ኣቶ ሙሉጌታ ፍስሓጽዮንን ሓላፊ ምምሕዳርን ፋይናንስን ኣቶ ተስፋይ ግርማይን ኣብ ዝሃብዎ ቃል፡ ሰልጠንቲ ንዝቐሰምዎ ፍልጠት ብዮዝብሪ ክሰርሕሉን ናብ መሳርሕቶም ከሰግርዎን ተላብዮም።

ስዊዘርላንዳውያን ኣሰልጠንቲ ብወገኖም፡ ምስ ኤርትራውያን ብሓባር ክሰርሑ ምኽኣሎም ሕጉሳት ምዃኖም ድሕሪ ምግላጽ፡ ባህሊ ኣቀባብላ ኤርትራውያን ፍልጠት እንተ ተደማሪዎም ኣድማዒ ከምዝኸውን ዘለዎም እምነት ብምግላጽ፡ ንዝተገበረሎም ፍሕሹው ኣቀባብላ ኣመስጊኖም።




# ዓሰብ - ንኣብያተ-ትምህርቲ ምምራሕ መኪና መዘኻኸሪ ቀሪቡ




ብቕዓቱ ዝሓለወ ትምህርቲ ምምራሕ መኪና፡ ተርእ ኣብ ምንካይ ሓደጋታት ልዑል ከምዘበርክት፡ ፈተንትን ቴክኒሻናትን ምምራሕ መኪና ኣብ ከተማ ዓሰብ ሓቢሮም።

እቶም ሞያውያን ንኤሪና ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ፡ ጠንቅታት ሓደጋ ንምንካይ ክውሰዱ ካብ ዘለዎም ቅድመ ጥንቃቐታታት ሓደን ቀንድን፡ መምርሒ ፍቓድ መኪና ዝሓዘ ሰብ ብቕዓቱ ብዝሓለወ ኣገባብ ክምዝመሃር ምግባር ስለዝኾነ፡ ኣብያተ-ትምህርቲ ምምራሕ መኪና ኣብ'ዚ መዳይ'ዚ ኣተኩሮም ክሰርሑ ተማሕጺኖም።

ምምራሕ መኪና፡ ምልክታት ትራፊክ ኣጸኒዕካ ምዝዋር ጥራይ ዘይኮነ፡ ሓላፍነታዊ ምዃን ዝሓትት ሞያ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ስነ-ምግባር ዘስርጽ ኣገባብ ኣመሃህራ ክተኣታቶ ኣዘኻኺሮም።

ንሳቶም ኣብ መወዳእታ፡ ደረጃ ፍቓድ ምምራሕ መኪና እናዓበየ ኣብ ዝኸደሉ፡ እቲ ትምህርቲ ብኡ መጠን ብቕዓት ዘለዎ ክኸውን ከምዘድሊ ሓቢሮም።

ሓላፊ ጨንፈር ብዓል-መዚ መጎዓዝያ ምድሪ ዞባ ደ/ቀ/ባሕሪ ኣቶ ርእሶም ይሕደጎ ብወገኑ፡ ዕላማ ፈተና ምምራሕ መኪና ብቐንዱ፡ ብቑዓት መራሕቲ መካይን ብምፍራይ ሓደጋታት ምውጋድ ከምዝጠቓልል ብምሕባር፡ ብዕቱብ ክስራሓሉ ከምዘድሊ ኣብሪሁ።

# ኣብ ሃገራዊ መርመራ 8ይ ክፍሊ ብሉጽ ውጽኢት ዘመዝገቡ ተመሃሮ ተተባቢዖም

ኣብ ሃገራዊ መርመራ 8ይ ክፍሊ ኣካዳሚያዊ ዓመት 2025/2026 ልዑል ውጽኢት ዘመዝገቡ 119 ደቂኣንስትዮ ዝርከብኦም 206 ተመሃሮ ሽሞንተ ኣብያተ-ትምህርቲ ዞባ ማእከል፡ ብ25 ጥቅምቲ ብዝወሃቦ ኣብ ዝተኻየደ ስነ-ስርዓት፡ መተባብዒ ሽልማት ተዓዲሎም።

እቶም ተመሃሮ፡ ካብ ኣብያተ-ትምህርቲ ኣዱሊስ፡ ኣል-ኣመል፡ ዳሉል፡ ዳዕሮ-ቓውለስ፡ ፈለገ-ሂወት፡ ሓድነት፡ ማይ-ተሰፉን ሞዴልን ዝተዋጽኡ'ዮም።

58 ማእታዊት ካብ'ቶም ንሽልማት ዝበቕዑ ተመሃሮ ደቂኣንስትዮ ክኾና ከለዋ፡ ካብ መባእታን ማእከላይን ደረጃ ቤት-ትምህርቲ ሞዴል ተመሃሪት ኤልያና ስምኦን፡ 100 ካብ ሚእቲ - ምሉእ ነጥቢ ብምምዝጋብ ተሸላሚት መዳልያን ታርጌታን ኮይና።

ሓለፍቲ ጨናፍር ትምህርቲ፡ ርእሰ መማህራን፡ ኣባላት ኮሚቴ ወለድን መማህራንን ኣብ ዘስምዕዎ ቃል፡ ተመሳሰሊ መደባት ንተሸለምትን ካልኦት ተመሃሮን ዓቢ መልእኽቲ ከምዘመሓላልፍ ብምጥቃስ፡ ተመሃሮ ደረጃኦም ክዕቅቡን ንዝበለጸ ውጽኢት ክሰርሑን፡ ወለዲ ኣብ ምምእዛን ደቆም ልዑል ተራ ስለዘለዎም ክይተሓለሉ ጸዕርታቶም ክዛይዱን ደገፋቶም ክሓይሉን፡ መማህራን ድማ ቀጻሊ ገምጋማት ክገብሩ ለበዋ ኣቕሪቦም።

ኣብ'ቲ ስነ-ስርዓት፡ ንኣበርታውያን መማህራንን ወለድን እውን ናይ ምስጋና ወረቐት ምስክር ተዓዲሉ።

## ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**
ብርሃነ ምሕረትኣብ

**ምክትል ኣሰናዳኢ**
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፉኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

**ለይ-ኣውት**
ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**
ቍ.ስ.113395-07588045

**ምልክታ**
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284



# ማይ-ዓይኒ - ብቕዓት ትምህርቲ ንምምሕያሽ ርክብ ተኻዪዱ

ኣብ ንኡስ ዞባ ማይ-ዓይኒ፡ ብቕዓት ትምህርቲ ኣብ ኩሉ ደረጃታት ንምምሕያሽ ብዝፈቱ፡ ዘሎ ብልጫታት ንምዕቃብን ድኽመታት ንምፍዋስን ድማ ብፍላይ ዝዓለመ ርክብ፡ ብ21 ጥቅምቲ ተኻዪዱ።

ኣብ'ቲ ርእሰ-መማህራን ልዕሊ 50 ኣብያተ-ትምህርቲ ዝተሳተፍዎ ርክብ፡ ሓላፊ ትምህርቲ ንኡስ ዞባ መማህር ጠዓመ ፍትዊ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ኣብ ማስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ብቕዓት ርእሰ-መማህራን መሰረታዊ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ስሉሳዊ ዝምድና ወለዲ፡ መማህራንን ተመሃሮን ከምኡ'ውን ኮሚቴ ወለዲ ክሕየል ኣዘኻኺሩ።

ዘወሃብ ናይ ሓገዝ ትምህርቲ ብዕቱብ ክስራሓሉ ብምትሕስሳብ ድማ፡ ብፍላይ ኣብ 8ይን 11ን ክፍሊ ብዕቱብ ክትግበር ተላብዩ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ሕጽረት መማህራንን ዋሕዲ መጽሓፍትን ቁልሕታ ክገበረሉ፡ ከምኡ'ውን ንጥፈታት ባህልን ስፖርትን ኣብ ኣብያተ-ትምህርቲ ዝፈጥሮ ሓድነትን ፍቕርን ቀሊል ስለዘይኮነ ብዝለዓለ ክስራሓሉ ተማሕጺኖም።

ኣብ ንኡስ ዞባ ማይ-ዓይኒ፡ 36 ናይ ቅድመ-ትምህርቲ፡ 17 ናይ መባእታ፡ 7 ናይ ማእከላይ ደረጃ፡ 4 ድማ ናይ ካልኣይ ደረጃ - ብጠቕላላ 64 ትካላት ትምህርቲ ኣለዋ።

# ርእይቶ

## ሓሶታት ኣቢይን ሓቅታትን ገጽ ንገጽ

ህዝባዊ መንግስትኣብ

ብናይ ታሪኽ ሓደጋ ኣብ ኢትዮጵያ ብትረሰልጣን ሒዙ ዝርከብ ብምሕሳውን ምንቅልዋጥን ማዘኑ-ኣልቦ ቀዳማይ ሚኒስተር ብ19 ጥቅምቲ ብትግርኛ ኣብ ዝተዘርጋሕ ቃለ-መሕትቱ፡ ሕጂውን ደጊሙ ኣብ ልዕሊ ብልሒ-ኣእምሮ ሚልዮናት ሰባት ከሽኻዕልልን ክጸረፍን ተራእዩ። ንፖለቲካዊ ኣጀንዳኡ ምእንቲ ክጥዕሞ፡ ንታሪኻዊ ሓቅታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ብፍላጥ ብምጥምዛዝ ሓሶቱ መታለሊን ጠለምን ምዃኑ ደጊሙ ብጋሁዱ-ቃላቱ ኣግሂዱ።

"ኤርትራ፡ ኣካል ኢትዮጵያ እንከላ፡ ልዕሊ 300 ፋብሪካታት ነይሩዋ።" ይብል እቲ ቀዳማይ ሚኒስተር።

እታ ኣብ ግዜ መግዛእቲ ኢጣልያ ብኢንዱስትሪታት፡ ፋብሪካታት፡ ዘመናዊ ትሕተ-ቅርጺ ርእሲ መላእ ኣፍሪቃ ዝነበረት ኤርትራ፡ ብዖመጽ ሓያላን ሃገራትን ብጉዱን ኣንጻር ድልየት ህዝቢ ኤርትራን ብፌደረሽን ምስ'ታ ኣብ ማእከናዊ ስርዓትን ካብ ዘመነ እኒእ ዘይተላቐቐትን ብርሃን ዘመናዊ ምዕባለ ዘይረኣየትን ኢትዮጵያ ክትቀረን ተበይኑላ። እዚ ከኣ ናብቲ ዝሰዓበ ዘይሕጋዊ ጎበጣን ናይ ወትሩ መግዛእቲን መሪሑ። እቲ "ኤርትራ መሬታ'ምበር ህዝባ ኣየድልየናን!" ብዝጨርሑ ስርዓታት ኢትዮጵያ፡ ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ዘይሕጋዊ ጎበጣ ኢትዮጵያ ዝሕለፈቶ ዓመታት፡ ንህዝቢ ኤርትራ ናይ ጸልማት፡ ናይ ጭቆና፡ ናይ ጃምላዊ ህልቂትን መቕዘፍትን ናይ ምምዝባልን ከልበትበትን ወርደትን ዓመታት'ዩ ነይሩ። ዘይሕጋዊ ጎበጣን ወትሩናዊ መግዛእትን ደኣ'ምበር ኤርትራ ኣካል ኢትዮጵያ ነይራ ኣይትፈልጥን።

እቲ ወተሃደራዊ ምምሕዳር እንግሊዝ ኣብዘን ኣብ ኤርትራ ዝጸንሓለን 10 ዓመታት ዝጀመሮ ብርሰት ፋብሪካታትን ኢንዱስትሪታትን ማእከናዊን ድሑርን ስርዓት ኢትዮጵያ'ውን ኣብዘን ዝሰዓባ 10 ዓመታት ፌደረሽንን ድሕሪኡን ኣብ ኤርትራ ዝነበራ ፋብሪካታት ለኣቒቑ ናብ ኢትዮጵያ ኣግዒዝዎን ሰሪቑዎን። እቲ ካብ 1974 ክሳብ 1991 ኣብ ኢትዮጵያ ስልጣን ዝሓዘ ደርግ'ውን ነቲ ኹሉ ኣብ ኤርትራ ተሪፉ ዝነበረ ሒደት ፋብሪካታት ሃጊሩ ናብ ወተሃደራዊ መዓስኻሩ ኣውዒልዎ። ኢትዮጵያ፡ ካብ ኤርትራ ዝዘረፈቶን ዘሕወቶን ፋብሪካታት እንተዘይኪይኑ፡ ዝተኸለቶን ዝሃነጸቶን ኩቶ የልቦን። ህዝባዊ ግንባር፡ ኣብ 1991 ናጽነት ሒዙ ካብ በረኻ ናብ ዓዲ ክኣቱ፡ እንኮላ'ምበር፡ ጥርሓ ገረውረው እትብል ብኹሉ መዳያ ዝዓነወት ሃገር'ዩ ተረኪቡ።

ስርዓታት ኢትዮጵያ፡ ኣብ ርእሲ'ቲ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዘውረድዎ ናይ ልዕሊ 100,000 ሰላማዊ ህዝቢ ዝተቐዝፈሉ ጃምላዊ ህልቂት፡ ኣማኢት ዓድታት ኤርትራ ኣቓጺሎምን ጠፊሾም ካብ ገጽ ምድሪ ከጥፍእወን እንከለው፡ ብሰንኪ'ዚ ግፍዕታት'ዚ ልዕሊ ሓደ ሚልዮን ካብ ህዝቢ ኤርትራ ናብ ስደት ፋሕ-ጭን'ጉራሕ ክምዝበል'የም ገይሮሞ። ልዕሊ 230,000 ጥሪት (ኩቡቱ፡ ጤለ-ጠል፡ ኣግማል፡ ኣእዱጊ፡ ኣፍራስ፡ ኣባቕል) ኣህሊቖምን ዘሪፎምን። ኣሽሓት 46,000 ኣብያተ ምስ ምሉእ ንብረቱ (መንበሪ ህድሞታት፡ መረባቡ፡ ቪላታት፡ ደኳኻት፡ ኣብያተ ሻሂታት፡ ኣጉዱ፡ ኣግኸታት፡ መኻዚኖታት፡ ኣብያተ ትምህርቲ፡ ክሊኒካት፡ ኣብያተ ጸሎት (መሳጊድን ኣብያተ ክርስትያናትን) ብስርዓታት ኢትዮጵያ ብሓዊ ተሃሚኾ፡ ብደብዳብ ነፈርቲን ከበድቲ ብረታትን ተዳሂኹ'ዩ። ካልእ ኣማኢት ኣሽሓት ከንታላት እኽሊ፡ ብዕስርተታት ሚልዮናት ብር ዝግመት ክበር ሰልማት (ከም ወርቂን ብሩርን) ደቀንስትዮ ኤርትራ፡ ብዩም ድሒሪት ስርዓታት ኢትዮጵያ ተዘሪፉን ብሓዊ ተቓጺሉን'ዩ። እቶም ስርዓታት፡ ካብ ህዝቢ ኤርትራ ዝዘረፍዎን ዘዕነውዎን ንብረት ጉዑ ናይ ጽዕነት መኪይን፡ ኣውቶብሳት፡ ጡሓንቲ እኽሊ፡ መኪይን ሞተረታት ማይ፡ ጃባቡን ሆረታትን...ወዘተ፡ ብኣማኢት ሚልዮናት ብር ዝግመት'ዩ።

ህዝቢ ኤርትራ፡ ነቲ ዘይሕጋዊ ጎበጣ ኤርትራ ብኢትዮጵያን ንሱ ዘስዓቦ ዝነበረ ህልቂት፡ መቕዘፍቲ፡ ከልበትበትን ስደትን ጭቆናን ሓሰረ-መከራን ንምእራም ናይ ልዕሊ 65,000 ሰማእታትን ልዕሊ 10,000 ስንክልናን ዋጋ ክኸፍል ተገዲዱ። በዚ ክቡር ዋጋኡን ኣብ ቅድሚ ዓለም ዘሰመዮ ሕጋዊ ድምጹን ከኣ ናጽነቱ ተገናጺፉ። ዝ ናጽነት'ዚ'ዩ እምበኣር ኣብይ፡ ኣብ'ቲ ቃለ-መጠይቑ ብናይ ኢድ ምልክት ኣብ ጥቓሲ ብምእታው፡ ናይ ኢትዮጵያ ኣፍልጦ ዘይብሉ ናጽነት ከምዝኾነ ከቑናጽጦ ፈቲኑ። ኣብይ መን ኮይኑ'ዩ ንህዝቢ ኤርትራ ናጽነት ዝምጥወሉን ዝፈትወሉን ኮይኑ ዝዘረብ፧ መን ኮይኑ'ዩ ወሃብን ኣጽዳቕን ናጽነት ኤርትራ ኮይኑ ዝምድር፧ ኣይተሻን ኢትዮጵያ፡ እቶም ንረብሓኦም ክበሉ ኣንጻር ናጽነት ኤርትራ ዝሰርሑን ንህዝቢ ኤርትራ ብርሃን ናጽነቱ ከጸልምቱሉ ዝፈተኑን ርእሱ-ሓያላን ዓለም እውን ኣብ ቅድሚ ጽንዓትን መኸተን ህዝቢ ኤርትራ ደው ኣይበሉን፤ ናጽነቱ ኣይጋረዱዎን። ህዝቢ ኤርትራ፡ ናጽነቱ ክቡር ዋጋ ብምኽፋልን ኣብ ቅድሚ ዓለም ብሕጋዊ ድምጺን'ዩ ኣረጋጊጹ። ኣብ'ቲ ነዊሕን መሪርን ቃልሲ ከኣ፡ ሓደ'ኳ ዝሕግዞ ዘይብሉ፡ በይኑ መኪቱ በይኑ ተዓዊቱ። ወናኒን ሓላዊን ናጽነቱ ከኣ ባዕሉ ህዝቢ ኤርትራ'ዩ። ኢትዮጵያ ትኹን ካልእ ዝኾነት ሃገር፡ ብዛዕባ ናጽነት ኤርትራ ክትዛረብ ቅንጣብ ማሰል የብላን።

ህዝቢ ኤርትራ፡ ብሕሉፍ ኣይተጸዋወበን። ናይ'ቲ ስርዓታት ኢትዮጵያ ዝፈጸምዎ ህልቂት ቅዝፈትን፡ ቁጠባዊ ዕንወትን ዘብደምዎ መሬትን ግዚፍ ካሕሳ ክሓትት ምሉእ ማሰል እናሃለዎ፡ ንሰናይ ጉርብትናን ምሕዝነትን ክብል ኣወንዚፍዎ'ዩ። ነቲ ምዕራፍ'ቲ ዓጽዩ ሓድሽ ምዕራፍ ሰናይ ጉርብትናን ሓባራዊ ምትሕግጋዝን ምዕባለን ክኸፍት'ዩ ተበጊሱ። እቲ ሰናይ ድልየቱ ግን ከም ባህጉ ኣይሰመረን። ብዶብ ዝተሳበበ ዳግማይ ቅዝፈትን ዕንወትን ሰዒቡ። ሕጂውን ነቲ ሓድሽ ደግሲ ብጽንዓቱን ዘይቅየር መኸትኡን ሰዒሩ፡ ንሓድሽ ምዕራፍ ሰላምን ምሕዝነትን በሩ ከፊቱ ተበጊሱን ዋጋ ከፊሉን። እቲ ዘይሓዊ ህርፋን መሬትን ባሕርን ኤርትራ ዘጠቖ ሳልሳይ ደግሲ፡ እንሆ ኤርትራ ንምዕናውን ህዝባ ናብ ህልቂትን ቅዝፈትን ንምምላስን ኢዱ የወጣውጥ - ባዕሉ እቲ ብዛዕባ ኤርትራ ዝፈልጥን ንህዝቢ ኤርትራ ዝሓለን ማሰሉ ዝመደረ መራሒ ጭፍራ ብልጽግና። ያኢ ኢትዮጵያ ብዓልቲ ጸቡቕ ወዕለት ኤርትራን ህዝባን ኮይና'ሲ፡ "ኤርትራ፡ ኣካል ኢትዮጵያ እንከላ፡ ልዕሊ 300 ፋብሪካታት ነይሩዋ።" ኢሉ ብዘይሕንከት ንህዝቢ ኤርትራ ክምድረለ፤ ዝርርም ደፍሪት'ዩ።

እቲ ክሕሱ እንከሎ ዘጸዋትን ዓቢ ፍልስፍናዊ ሓሳብት ዘፈልፍል ዘሎ ዝመስሎን ደግኪ ፖለቲከኛ፡ ንመንግስቲ ኤርትራ "መሳርሒ/መጋበርያ ጸላኢቲ ኢትዮጵያ ኮይኑ'ሎ" ክብል ክኸሶ ተሰሚዑ። እምበረ-መጠን ዝርርም'ዩ። መንግስቲ ኤርትራ፡ ህዝቢ ኤርትራ ቀዳማይ ግዳይ ግጭታዊ ምትእትታው ኮይኑ ከቢድ ዋጋ ከምዝኸፈለ ኣዳዕዲዑ ስለዝፈልጥ ወጽእት ናይ'ቲ ንግጭታዊ ምትእትታው ንምምካት ዝተገ ቃልሲን ብምንኣሩ፡ እዚ ብምትእትታው ግጭታውያን ሓይልታትን ኣጀንዳታቶምን ንመዋእሉ ሰላም ሰኢኑ ብቁጽሊ ቅልውላዋትን ኩናትን ዝሕመሰን ዝህወጽን ዘሎ ዞባ ካብ ግጭታዊ ምትእትታው ሓራ ንኽኸውን ሰላም ኣበሉ ዘይድቅሱ ቀዳማይ ፖለሲኡ'ዩ። እቲ ንግጭታዊ ምትእትታው ኣብዚ ዞባ ዝጸየን ጸንዑ መርገጺኡ ከኣ፡ ንመንፈስ'ቶም ብዋጋዚ ዞባ ረብሓታቶም ከሰጉሙ ዝደልዩ ቀጨውጨው ከምዝበሎ፡ ባዕሉ እቲ ሕሰር መጋበርያ ናይ ግዳም ሓይልታት ኮይኑ ዘሎ ይፈልጦ'ዩ።

መራሒ ጉጅለ ብልጽግና ምስላጥ ኣብይዎ እምበር፡ ኣጀንዳ መን ከሰሲ ደዩ ንሱ-ዶ፡ ሶማልን ኤርትራን ዝህወጽን ዘሎ፧ እንተ ብዛዕባ መንግስቲ ኤርትራ ግን፡ እዚ ሕጂ ብዓል ክልተ መልሓስ ኮይኑ ንኤርትራን መንግስታን ዝሰልበጥ ዘሎ መታለሊ መራሒ፡ ኣብ 2020 ኣብ ዝተዘርጋሕ ቃለ-መጠይቕ ከምዚ ኢሉ ነይሩ። "መንግስቲ ኤርትራ፡ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ኢትዮጵያ ምስ ካልኦት ሃገር ዘለዋ ሓደ ሓደ ጸገማት ንምፍታሕ ዝተፈልየ ተራ እናተጻወተ'ዩ ዘሎ። ድሌት ናይ መንግስቲ ኤርትራ፡ ኢትዮጵያ ምስ ካልኦት ብሰላም ኮይናስ ምስ ኤርትራ ዘሎ'ውን ናይ ቁጠባ፡ ፖለቲካ፡ ዲፕሎማሲ ስራሕ ዓቢዩን ተመሓይሹን ብሓባር ክንጥቀም ኢና ዝብል'ምበር ወጻኢ ህዝቢ ኤርትራ ኣይደለ፡ መንግስቲ ኤርትራ ኣይደለ። ምስኦም ጉዳይና [ትግራይ ማለቱ'ዩ] ምስ ካልኦት'ውን ወጻኢ ከይፍጠር ዓቢ ናይ ሕውነት ስራሕ ይሰርሑ ኣለው። እዚ ኩሉ ሰብ ዝፈልጦ'ዩ ዝመስለኒ...ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ብሓቂ ንምዝራብ መንግስቲ ኤርትራ ናይ ሰላም ሓይሊ ምዃኑ፡ ኢትዮጵያ ጥራይ ዘይኮነ ዓለም ፈሊጡ እዩ ዘሎ። ኣብ ዝኾነ ዓለም እንተኸይድካ መንግስቲ ኤርትራ ንሰላም'ዩ ዝሰርሕ፤ ንልምዓት'ዩ ዝሰርሕ ዝብል እምነት'ዩ ዘሎ።"

"ኣብ ዝሓለፈ 35 ዓመታት ከምዝረኣናዮ፡ ጸቡቕ ጉርብትናን ምሕዝነትን ጥራይ'ዩ ዘዋጽእ። ካብኡ ወጻኢ ዘሎ መርገጺ ኣይጠቕምን'ዩ።" ክብል ከኣ ተሰሚዑ ወዮ ቅንጣብ ሕንከት ዘይብሉ ዕሻል መራሒ። ናይ እንዳምትካ መሬትን ባሕርን ብሓይሊ ክወስድ እየ እናበልካ 33 ዓመታት ምምዳር፡ ምፍርራሕን ነቲ ሕልሚ መተግበሪ ዝኸውን ናይ ቢልዮናት ዶላራት ኣጽዋር ምኽማርን ኣማኢት ኣሽሓት ወተሃደራት ምዕላምን እምበኣር ናይ "ጸቡቕ ጉርብትናን ምሕዝነትን" መርኣያ'ዩ፧ ኢትዮጵያ ካብ ምብትታን ንምድሓን ንዝሕግዞ ዘሎ ሃገርን ሰራዊትን ብድሕሪኡ ተጠዊኻ ምስ'ቶም ትዋግኦም ዘለኻ ጸላእቲ'ኻ ተመሻጢርካ፡ "ንሕና ሰላም ንግበር፤ ሽዑ ብሓባር ኳናኣ ንኤርትራ ንወቅዖ።" ኢልካ ምትግኻልን ውዲት ምእላምን እምበኣር ናይ "ጸቡቕ ጉርብትናን ምሕዝነትን" መግለጺ'ዩ፧ ዝርርም'ዩ ናይ'ዚ ሕንጻይ ስኡእእምሮ።

እቲ ቁጠባዊ ዕብየት ብዘበለጭልጭ 'ጸዕዳ ሓርማዝ' ፕሮጀክትታት ዝርድኦ ደግኪ ኣምር ቁጠባዊ ምዕባለ ዝኾነ ኣብይ፡ ብዛዕባ ህልዊ ቁጠባዊ ኩነታት ኤርትራ ክወራዘውን ፈቲኑ። ቁጠባ፡ ቅድም-ቀዳድም ህንጸት ብቑዕን ኣፍራዩን ሰብ'ዩ። ህንጸት ብቑዕ፡ ክኢላዊን ኣፍራዩን ዓቕሚ ሰብ ብትምህርቲ፡ ጥዕናን መሰረታዊ መጠን ስለዝረጋገጽ፡ መንግስቲ ኤርትራ ኣብ'ዞም ወሰንቲ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት (ትምህርቲ፡ ኣገልግሎት ጥዕና፡ ኣገልግሎት ጽሩይ ዝስተ ማይ፡ ሕርሻዊ ፍርያት) ዘተኮረን ዘካይዶ ዘሎን ጻዕሪ ኤርትራ ምቕሉል ኸጋስ ኣመዝጊባ ኣላ። እዚ ምስ ኩሉ'ቲ ገና ኣብ ዝኾነ ዘሎ ዘይሓለፋ በሰላ ኩናት ጎበጣ ኢትዮጵያ'ዩ።

ኣብ ቁጠባዊ ኸጋስ፡ ኣብ'ዚ ዝተጠቕሰ ከይተሓጸርካን ካልእ ከይጸብጸብካ፡ ኣብ ዕደና ጥራይ ተበጺሑ ዘሎ ደረጃ፡ ንዝሓለፉ ኣሰታት 28 ዓመታት ምሉእ ሰላምን ምርግጋእን ኣብ ዘይብሉ፡ እገዳታትን ካልእ ሽርሒታትን እናሰገረን እናመከተን ዝዓመመን ደው ዝበለን ቁጠባ'ዩ። እዚ ከኣ ቀሊል ኣብዑት ሓይሊ ቁጠባ ኤርትራ'ዩ። ቁጠባ ኤርትራ፡ ከም ቁጠባ ኢትዮጵያ ብጉዳማዊ ረድኤትን ሓገዛትን ዘይተኣ ብወሻጣዊ ጸጋታትን ሓይልን ካብ ወሻጣዊ ክውንነት ብዝበገሰ ቀዳምነታት ዝዘወር ቁጠባ'ዩ። ዘይከም'ቲ መራሒ ጉጅለ ብልጽግና ሓዊስካ ገለ ገለ ዓጀውቲ ፖለቲከኛታት ኢትዮጵያ "ቁጠባ ኤርትራ ብዘይ ቁጠባ ኢትዮጵያ ደው ክብል ኣይክእልን'ዩ" ዝበልዎ፡ ብጉብሪ ኣብ'ዚ ዝሓለፈ 35 ዓመታት ከምዝተራእየ፡ ኣሽሓት 100 ቢልዮን ዶላር ግዳማዊ ረድኤት፡ ሓገዝን ጸዑቕ ክሽክሽን እናተዀበረሉ ደው ምባልን እግሪ ምትካልን ዝሰኣነ ቁጠባ ኢትዮጵያ ደኣ'ምበር ቁጠባ ኤርትራ ኣይኮነን። ቁጠባ ኤርትራ ብኣንጻሩ፡ ብዘይ ግዳማዊ ደገፍ፡ ከበድ ኩናትን መኸተን ህልውና ሰጊሩ፡ እገዳታት ኣረብሪቡ፡ ኣብ ብዙሕ ጸላታት ምቕሉል ኸጋስ እናመዝገበ ካብ ግዜ ናብ ግዜ መዕበሮ ህዝቢ ብደፋእታ እናማሓየሸ ደው ኢሉ ኣሎ ጥራይ ዘይኮነ፡ ንቕልጡፍን ዘላቒን ዕብየት ድልዱል ሰረት ኣንጺፉ ኣሎ።

"ዝበልናዮም እንተዘይሰሚዖም፡ ንጻወዲትና ጸማም እዚ ምሉብ፡ ሳዕቤኑ ኣዝዩ ኣዝዩ ኣዝዩ ከቢድ ክኸውን'ዩ" ብምባል ከኣ ንህዝቢ ኤርትራ ክፋኽረሉ ተሰሚዑ፡ "ባሕርኹም ሃቡና፡ ወደብኩም ሃቡና፡ ከቢድ ዋጋ ዘኽፈልኩምዋ ሃገርኩም ኣረክቡና" ንዝበል ጻውዒት'ዩ "እንተ ዘይሰሚዕኩም ሳዕቤኑ ከቢድ ክኸውን እዩ" ኢሉ ዝፍክር ዘሎ። ዝ ከምዚ ዓይነት ስኡእእምሮን ፈኸራን ምጉብዕባዕን ሒዙ እዩ ብዛዕባ ሰናይ ጉርብትናን ምሕዝነትን ከኣ ዝዛረብ፡ ህዝቢ ኤርትራ፡ ክንደይ ዝፈከሩን ዝተጃህሩን ርእዩ እዩ። እቶም ዝተጃህሩን ዝፈከሩን ኣበይ ኣለው፧ ባዕሉ እቲ መንቀላወጢ ይፈልጦ'ዩ። ይኹን ግን፡ መንገዲ ጸቡቕ ጉርብትናን ምሕዝነትን ጉዲፉ፡ ከም'ቶም ዝሓለፉ መንገዲ ጃህራን ፈኸራን መሪጹ ኣሎ። ዕጫኡ ከኣ ካብኦም ዝፍለ ኣይክኸውን'ዩ። ኤርትራ ድሙ ብደቃ ንዘልኣለም ተኸቢራን ተሓፊራን ክትነብር'ያ!

# ጸጋታት ባሕሪ

መኮንን ሺሻይ

## ደቀቕቲ ዓሳታት ላዕለዋይ ጽፍሒ ባሕሪ

ብመዝጸር ዝኡቡዎ ሰፈራታት፡ ዓሳታት ባሕሪ 'ፐላጂክ'ን 'ደመርሳል'ን ተባሂሎም ኣብ ክልተ ይኽፈሉ። 'ፐላጂክ' ማለት ልዕሊ ባይታ ባሕሪ ዝርከብ ክፋል ወይ ቀጸላ ማይ ክሰውን እንከሎ 'ደመርሳል' ድማ ታሕታዋይ ባይታን ከጠኡን ዝርከብ ኣካል ባሕርን ወቕያኖሳትን'ዩ።

ፐላጂክ ዓሳን ደመርሳል ዓሳን ኣብዚ ክፋላት ናይ ማይ ዝኡቡሩ ዓሳታት'የም። ኣብ መሬት ዝዓበየ መቓምጦ/ሰፈራ ምኳኑ ዝንገረሉ 'ፐላጂክ' 1,370 ሚልዮን ኪ.ሜ ኩብ ቅጺ ክህልዎ እንከሎ፡ 11% ናይቶም ፍሉጣት ዓሌታት ሰፈር እዩ።

ከም በለም (ሳርዲን)፡ ወዘፍ (ኣንቾቪ)፡ ሀሪንግን ካልኦትን ዝኣመሰሉ ደቀቕቲ ዓሳታት ላዕለዋይ ጽፍሒ ባሕሪ ክኾኑ እንከለዉ - ከም ዱራክ፡ በያድ፡ ቱና፡ ሻርክ ዝኣመሰሉ ድማ ዓበይቲ ዓሳታት ላዕለዋይ ጽፍሒ ባሕሪ እዮም። ቸርንያ፡ ቦላ፡ ሽዐር፡ ምዐዛን ካልኦትን ድማ ደመርሳል ወይ ዓሳታት ባይታ ባሕሪ ይበሃሉ።

እዚ ሎሚ ከልዕሎ መረጸና ዘሎና ኣርእስቲ እምበኣር፡ ሓፈሻዊ ኣምራት ንኣሽቱ ዓሳታት ላዕለዋይ ጽፍሒ ባሕሪ ማለት ሳርዲን፡ ኣንቾቪን ሀሪንግን እዩ። እዞም ዓሌታት ዓሳታት መግቢ ናይ ዝተፈላለዩ ዓበይቲ ዓሳታት ብምዃኖም፡ ኣብ ምሕላው ሚዛን ስነህይወታዊ ብዙሕነት ልዑል ተራ ኣለዎም።

መብዛሕትኦም ዓሳታት ላዕለዋይ ጽፍሒ ባሕሪ ዝበዝሐ እዋናት ኣብ ኢፒፐላጂክ ዘሎ ቀጸላ ማይ ይነብሩ። ቀጸላ ኢፒፐላጂክ፡ "ብብርሃን ዝጸሓ ዞባ (photic zone)" ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ኣብዚ ቀጸላ ማይ ጸሓይ ብርሃን ኣብ ጽሩይ ማይ ክሳብ 200 ሚ ክበጽሕ ይኽእል።

እዞም ደቀቕቲ ዓሳታት ዝምገብዎም ደቀቕቲ ኣንሳፈፍቲ ኣትክልቲ ባሕሪ (phytoplankton) ይምገቡ። እዞም ኣትክልቲ መግቦም ንክሰርሑ እኹል ናይ ጸሓይ ብርሃን ስለ ዘድልዮም ኣብዚ ዞባ ተሓጺሮም ክነብሩ ይግደዱ። ደቀቕቲ ዓሳታት ላዕለዋይ ጽፍሒ ባሕሪ ከም ከኸታት ባሕርን ህላወ ዓይነት መግብን ብኽልተ ኣገባብ ክምገቡ ይኽእሉ።

'ኮፓፖድ' ዝበሃሉ ደቀቕቲ ኣንሳፈፍቲ እንስሳታትን ዕጨ/ዕሽላት (larva) ናይ ዝተፈላለዩ ዓሳታት ኣብ ዝበዝሓሉ ወይ ደቀቕቲ ኣንሳፈፍቲ ኣትክልቲ ባሕሪ ኣብ ዘውሕዱሉ እዋናት፡ እዞም ዓሳታት ኣብ ከባቢኦም እናዓደዉ፡ ነዞም እንስሳታት ብምልቃም ክህንጉሉ ይኽእሉ። እዞም ዓሳታት ብዓቢ ዕስለ ካብ ቦታ ናብ ቦታ ብቐጻሊ ይስጎሙ። መብዛሕትኡ እዋናት ኣብ መንጎ ዝፈረዩሉን ዝምገቡሉን ቦታታት ክስጎሙ ይረኣዩ።

እኹል መዓድንን ጸሓይ ብርሃንን ኣብ ዝህልወሉ ወቕቲ፡ ደቀቕቲ ኣንሳፈፍቲ ኣትክልቲ ባሕሪ ብቐሊሉ ስለ ዝሰሰኑ፡ ደቀቕቲ ዓሳታት እኹል መግቢ ክረኽቡ ይኽእሉ። እዞም ደቀቕቲ ዓሳታት ድማ ኣፎም ከፊቶም ንቕድሚት እናሓንበሱ፡ ማይ ባሕሪ ብኣፎም ኣቢሉ ብሑፋዮም ብምውጻእ፡ በቲ መኸባዕቲ ዝመስል ንሑፋዮም ምስ ማይ ባሕሪ ተሰኪሞም ዝኣተወ ደቀቕቲ ኣንሳፈፍቲ ኣትክልቲ ባሕሪ እናነቖቑ ይምገቡ።

ፍርያምነት ናይ ዝኾነ ማያዊ ኣካል ብህላወን ብዝሒን ናይ'ዞም ኣብ ላዕሊ ዝተገልጹ ደቀቕቲ ኣንሳፈፍቲ ኣትክልቲ ባሕሪ ይውሰን። ኣብ ባሕሪ እኹል ደቀቕቲ ኣንሳፈፍቲ ኣትክልቲ ባሕሪ ምልክት ብዝሒ ንኣሽቱ ዓሳታት ላዕለዋይ ጽፍሒ ባሕሪ'ዩ። ብዘተዘዋዋሪ መገዲ ፍርያምነት ባሕሪ ናይ'ዞም ዓሳታት ክፍለጥ ይከኣል።

ኣብዚ እዋን ፍርያምነት ናይ ሓደ ማያዊ ኣከባቢ ካብ ሳተላይት ብዝርከብ ናይ ማያት ስእልታት ብቐሊሉ ክፍለጥ ይከኣል። ብዝሒ ህላወ ደቀቕቲ ኣንሳፈፍቲ ኣትክልቲ ባሕሪ ብሳተላይት ብቐሊሉ ክልለ ዝኽእል ብምዃኑ፡ ደቀቕቲ ኣንሳፈፍቲ ኣትክልቲ ባሕሪ ኣብ መስርሕ ምፍላጥ ፍርያምነት ባሕሪ ዓቢ ኣበርክቶ ኣለዎም። ገማግም ፔሩ፡ ሰሜናዊ ኣትላንቲክ፡ ምዕራባዊ ገማግም ኣፍሪቃን ኣመሪካን ዛጊት ልዑል ፍርያት ደቀቕቲ ዓሳታት ላዕለዋይ ጽፍሒ ባሕሪ ዘለዎም ክፋል ማያዊ ኣካል ምኳኖም ይፍለጥ።

ብመሰረት 2024 ዓ.ም ጸብጻብ ትካል ውድብ መግብን ሕርሻን ዓመታዊ ኣስታት 22 ሚልዮን ቶን ደቀቕቲ ዓሳታት ላዕለዋይ ጽፍሒ ባሕሪ ተገፊፎም፡ ንዝተፈላለዩ መጦታት ከም ዝውዕሉ ይፍለጥ። ከምኡ'ውን እቲ ውድብ ኣብ ተመሳሳሊ ዓመት ኣብ ዘውጸኦ ጸብጻብ ዳርጋ 25% ኣብ ዓለም ካብ ዝርከቡ ዓሳታት ተመዝሚዞም ወይ ተጓሕጊሖም ከም ዘለዉ ይገልጽ።

ገለ ክኢላታት ናይዚ ዓውዲ ብዝዕባ ጸጋታት ዓሳ ክገልጹ እንከለዉ፡ ብሓፈሻ ጸጋታት ዓሳ ዓለም ክሳዕ ጥርዚ ተመዝሚዙ ከም ዘሎ ይሕብሩ። ጠንቂ ናይ'ዚ መጠኑ ዝሓለፈ ብዝሒ ገፊፍቲ መራኽብ ምውፋር፡ ብዘይዓቐን እጃም ዝግፈፍ ዓሳ ምውሳኽ፡ ህላወ ናይ ዘይሕጋውያን ምግፋፍ ዓሳን ዘይቅርዐ ምሕደራን ምኳኑ እዩ ዝገልጹ። ንኣብነት ኣብ 1950 ሰራሓት ዓሳ ሳርዲን ካሊፎርንያ፡ 1960 ሰራሓት ዓሳ ሀሪንግ ኣትላንቶ-ስካንዲኔቪያ፡ 1972 ሰራሓት ዓሳ ኣንቾቪ ፐሩቪያን ምሉእ-ብምሉእ ዝዓነዉ ትካላት ንዓለም መምሃሪ ክኾና ይግባእ።

ልክዕ'ዩ ጸጋታት ባሕሪ ዓለም ኣብ ምርግጋጽ ውሕስነት መግብን ምድንፋዕ ቍጠባን ናይ ሓንቲ ሃገር ዘጻውቶ ተራ ቀሊል ከም ዘይኮነ ርዱእ'ዩ። እንተኾነ ቀጻልነቱ ብዘውሕስን ንወለዶታት ከም ዝሓልፍ ገይርካ ምጥቃም ዝበለጸን ዘዋጻምን'ዩ። እቲ ካልኣይ ዝዓበየ ጠንቂ ምንቍልቋል ብዝሒ ናይ'ዞም ዓሳታት 'ኤል-ኒኖ' ዝተባህለ ዘይንቡር ምቕያር ኩነታት ኣየር'ዩ። እዚ ዓይነት ኩነታት ምቕያር ብቐጥታ ንብዝሒን ህላወን ንመግቢ ናይቶም ንኣሽቱ ዓሳታት ዝኾኑ ደቀቕቲ ኣንሳፈፍቲ ኣትክልቲ ባሕሪ ብምንካዩ፡ እዞም ዓሳታት ጠቕላላ ከም ዝውድኡ ይገብር።

ልዕሊ 60% ካብ ጸጋታት ምህርቲ ዓሳ ገማግም ባሕሪ ኤርትራ በዞም ዓይነት ዓሳታት ይውከል። እዚ ማለት ኣብ ዓመት ካብ ባሕሪ ኤርትራ ኣስታት 50 ሽሕ ቶን ምህርቲ ደቀቕቲ ዓሳታት ላዕለዋይ ጽፍሒ ባሕሪ ክሕፈስ ይከኣል ከም ኡ'ውን ነቲ ዝተሓፈሰ ምህርቲ ባሕሪ ብቐሊሉ ክትከኦ ይኽእል።

እዚ ብዝሒ ህላወ ናይ ገዚኡ ርእሱ ብልጫ ኣለዎ። እቲ ቀዳማይ ከም ብልጫ ዝረኣ ነዞም ዓሳታታ 'ፐርሰር' ወይ 'ሸንሸላ' ብዝበሃል ዓይነት ኣጋፍፋ ተገፊፎም፡ ኣብ ጸሓይ ወይ መንቀጺ ማሽን ብምንቃጽ ብቐሊሉ ተዳልዩ ናብ ዓማዊል ክቐርብ ዝከኣል ብምዃኖም'ዩ። ምኽንያቱ ካልኦት ዓይነት ዓሳታት ተገፊፎም ናብ መውዳእታ ተጠቃሚ ክበጽሑ፡ ግዚፍ ወፍሪ ዝጠልብ መስርሕ ብምዃኑ'ዩ።

"ሸንሸላ" ዝበሃል ዓይነት ኣገባብ ኣጋፍፋ ኣብ ቀረባ ዓመታትን ባሕሪ ዝድርብ ለቓታ ሰከይት ኮይኑ ንየም ኣብ ላዕለዋይ ጽፍሒ ዝርከቡ ደቀቕቲ ዓሳታት ከም ብዓል ወዘፍን በለምን ወቕታውያን ብዕስለ ዝጉዓዙ ዓሳታት ንምሓዝ ይጠቅም። ብሊዩ ዝቶየድ መስርሕ ሸንሸላ ብመብራህቲታት ንኣሽቱ ጀላቡ ተሓጊዙ ዝቶየድ ኮይኑ፡ ጕጅለ ዓሳታት ዘለዎ ቦታታት ብ'ኢኮሳውንደር' ዝበሃል መሳርሒ ድሕሪ ምልላይ መስርሕ ኮለላ ሰከይት ይጅመር።

ለቓታ ሰከይት ምስወጸ ብቐጥታ ዓሳታት 'ብስኩፕ ኔት' ወይ ብመጉሓጢ ሰከይት ከም ዝወጽእ ይግበር። በዚ መስርሕ ብዝሒ ዓሳታት ስለ ዝወጽኡ ገፈፍቲ ዓሳ ተቐላጢፎም ከም ዝሓፍስዎም ይግበር። እዚ ዓይነት ዓሳታት ንመግቢ ደርሁን ጤለ-ብጊዕን ዝምስርሑ ኮይኖም፡ ኣብ ጥቕሚ ሰብ ንምውዓሎም፡ ሓያል ጻዕርን ፈተነን ይግበር ኣሎ።

ደቀቕቲ ዓሳታት ላዕለዋይ ጽፍሒ ባሕሪ ብፍላይ በለምን ወዘፍን፡ ኣብ ባሕሪ ኤርትራ ኣብ ግዜ ሓጋይ ካብ መውዳእታ ወርሒ መስከረም ክሳዕ መጀመርያ ግንቦት ካብ ማእከላይ ደቡባዊ ክፋል ቀይሕ ባሕሪ ናብ ገማግም (ጥቓ መሬት) ይስጎሙ።

ዛጊት ኣብ ባሕሪ ኤርትራ ንንግዳዊ መዓላ ክውዕሉ ዝኽእሉ ኣርባዕተ ዓሌታት በለምን ክልተ ዓሌታት ወዘፍን ተለልዮም ኣለዉ። ነፍሲ-ወከፍ ወቕቲ ዓቢ ዕስለ በለም ናብ ገማግም ዱሆክ ብምምጻእ ይጅምር። ወዘፍ ድማ ድሕሪኡ ካብ ወርሓት ሕዳርን ታሕሳስን ናብ ገማግም መሬትን ደሴታትን ክቕልቀሉ ይጅምሩ። በዚ ምኽንያት፡ ወቕቲ ኣዘመራ ናይ 'በለምን ወዘፍን' ክበሃል ይከኣል።

ኣብዚን ኣዋርሕ መቓምጦ ናይ'ዞም ዓሳታት ኣብ ገማግም ባሕሪ ትሕቲ 25 ሚ ዘሎ ዕምቈት ኮይኑ፡ ኣብ ደቡባዊ ክፋል ክሳብ ጠያ ኣብ 1960ታት ዓ.ም ብልምዳዊ ኣገባብ ይግፈፉ ከም ዝነበሩ ይፍለጥ። ኣብ ደቡብን ሰሜንን መትረብ ምጽዋዕ ኣብ ቀንዲ መገፈፊ ባይታታት ወሽመጥ ዙላ ኣራፋ,ይለን ማልካቶ ከምኡ'ውን ወሽመጥ ሕርጊጎ በለምን ወዘፍን ብብዝሒ ይግፈፉ ከም ዝነበሩ ይሕበር። ኣብ ደሴታት ዳህላክ እንተኾነ'ውን ጀሮም፡ ሃዋጢብ፡ ኩባሪ፡ ቶር፡ ሕርሚልን ኖራን እዞም ዓሳታት ብዝበዝሐ ይግፈፉ ከም ዝነበሩ ሰነዳት ይሕብሩ።

ኣብዚ እዋን ምህርቲ በለምን ወዘፍን ኣብ ገማግም ባሕሪ ኤርትራ ከምቲ ዝድለ ንክይግፈፉ ዝዕንቅፉ እዋናዊ ብድሆታት ኣለዉ። ገፈፍቲ ዓሳ ልምዳዊ ኣገባብ ኣጋፍፋ ብልምዳውያን ጀላቡ ሳንቡቕን ሆሪን ስለ ዝጥቀሙ፡ ብሸነኺ ማዕበል ባሕሪ ኣብ ወሽጢ ሓደ ማይል (1.6 ኪ.ሜ) ዘይርሕቕ ገማግም ተሓጺሮም ክገፍፉ ይግደዱ። ከም ሳዕቤኑ፡ ከምቲ ዝድለ ብዝሒ ዓቕን ክሕዙ ኣይክእሉን።

ከምኡ'ውን ደረጃ ንቕሓት ኣብ ገማግም ይኾን ኣብ ርሑቕ ከባቢ ዝነብሩ ሕብረተ-ሰባት ብዛዕባዞም ዓሳታት ድኹት ብምዃኑ፡ ከምቲ ዝድለ ጠለብ ክህልዎ ኣይክእልን። እቲ ካልእ ዝዓበየ ብድሆ፡ እዞም ዓሳታት ወቕታውያን ብምዃኖም፡ ብልክዕ መዓስ ደራብሎን ይስጎሙን ጥልቕ ዝበለ መጽናዕቲ ብዘይምህላዉ ኣብ ንጥፈታት ምግፋፍ ዓሳ ኣሉታዊ ጽልዋ ኣለዎ።

ደቀቕቲ ዓሳታት ላዕለዋይ ጽፍሒ ባሕሪ ቀንዲ ምንጪ ዝተፈላለዩ መኣዛታት ከም ኦሜጋ 3 ፋቲ ኣሲድ፡ ቫይታሚን ቢ-12፡ ማዕድናት ካልሸየም፡ ፖታሽየም፡ ፎስፈረስ ወዘተ ብምዃኖም ኣብ ጥዕናን ህንጻት ኣካላት ደቂ-ሰብ ዕዙዝ ተራ ይጻወቱ። ሰራሓት ዓሳ ኤርትራ ከምቲ ኩሉ ጸላታት ብዐዘቱይ ምሕደራ ዛሓለፉ ግዜታትን ድሒሩ ብዘመጸ ኩናትን ካልኦት መሰናኽላትን ተዃሒዩ ዝጸንሐ ብምዃኑ፡ ከምቲ ዝድለ ቀረብ ዓሳ ኣሎ ክበሃል ኣይደረፈርን።

እንተኾነ እዚ ዕቑር ጸጋታት ሃብቲ ባሕሪ ብፍላይ ደቀቕቲ ዓሳታት ላዕለዋይ ጽፍሒ ባሕሪ ኣብ መጻኢ፡ ብቐጠቡ እንተ ተመሓዲሩን ተመዝሚዙን ኣብ ምርግጋጽ ውሕስነት መግብን ምሕዋይ ቁጠባ ሃገርን ክህልዎ ዝኽእል ኣበርክቶ ቀሊል ኣይኮነን።

ዝ. ዓርሞሸሽ ጸጋታት ባሕሪ ኤርትራ ኣብ ምውሓስ መኣዛዊ መግብን ምድንፋዕ ቍጠባ ሃገርን እጃሙ ንምብርካት ኣብዚ እዋን ሚኒስትሪ ብፖሊሲ ደረጃ ቀዳምነት ሂቡ ንምዕዋቱ ሓያል ጻዕርታት ኣብ ምክያድ ዓቢ ወፍሪ ኣጠቢሱ ይርከብ።


ዘመናዊ ኣጋፍፋ ደቀቕቲ ዓሳታት ላዕለዋይ ጽፍሒ ባሕሪ


ንቑጽ በለም


ምህርቲ ደቀቕቲ ዓሳታት ካብ ባሕሪ ኤርትራ


ዝነቑጹ ደቀቕቲ ዓሳ ንክጥሓኑ እናተዳለዉ

ብምትሕብባር ሚ/ሪ ሃብቲ ባሕሪ ዝዳሎ ዓምዲ

# ቃለ- መሕትት

ኣብርሃም ዘርአ (ወዲ-ሃለቃ)

## “ሰርሰርቲ ድኽመት ኣሰራርሓኻ ብምምዝማዝ እዮም ዘጥቅዑኻ” - ኢንጅ- ቶምቦሳ ኣሰመላሽ

*ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ብዛዕባ ዲጂታላዊ ኣሰራርሓ ሰርዓተ ሓበሬታ ምስ ሚድያ ብምግዛዙ ኣብ ሚ/ሪ ዜና ምስ ዳይረክተር ቴክኖሎጂ (IT) ኢንጅ-ቶምቦሳ ኣሰመላሽ ቃለ ማጠይቕ ምንባርና ይፍለጥ። ንሎሚ ድማ 3ይን መወዳእታን ክፋል ይስዕብ።*

**- ብዛዕባ’ዚ ‘ክላውድ’ ትብሎ ዘለኻ ክትገልጸልና፣**

‘ክላውድ’ ማለት ሓደ ኣዝዩ ዓቢ ማዕከን ሰነዳት እዩ። እዚ ንግዳዊ ማዕከን ሓደ ካብ’ቲ ዝሀቦ ኣገልግሎት ንዝተፈላለዩ ተጠቀምቲ ብቐሊሉ ከጥርዩዎ ዘይክእሉ ዓቕሚ ምኽዛን ሰነድ ምቕራብ እዩ። ተጠቀምቲ ኣብቲ ብውልቃዊ ስሞም ወይ ትካሎም ዝተሓዝአ ክፋል ሰርቨር (Virtual Server) ሰነዳቶም ከቐምጡ፣ ከመስርሑን ከመሓድሩን ይኽእሉ። ኣብ’ዚ ዘመን’ዚ ዓበይቲ ናይ ክላውድ ኣገልግሎት ዝህባ ማዕከናት፣ ንተጠቀምቲ ናይ ኮምፕዩተር ናይ ምቕማር ዓቕሚ (Processing Power) ኣገልግሎት ይህባ ኣለዋ። ሓደ ተገልጋሊ ብሓንቲ ድኑት ዓቕሚ ዘለዋ ላፕቶፕ ተጠቒሙ፣ እዘን ዓበይቲ ትካላት ብዘቕርባሉ ኣዝዩ ክቡር ሶፍትዌራትን ብዘሁብኦ ናይ ምቕማር ኣገልግሎትን ዓቢን ዝተሓላለኸን ፕሮጀክት ኩተግበር ይኽእል። እቲ ማዕከን፡ ኣብ ምኽዛን ሰነድ ጥራይ ከይተሓጽረ ናይ ሶፍትዌር ኣገልግሎት፣ ናይ ሰርቨር ኣገልግሎትን ካልእን ይሁብ ኣሎ ማለት እዩ። ኣብ ዝተፈላለየ ሃገራት ዝቕመጡ ተጠቀምቲ ኣብ ዘለዉዎ ኮይኖም ኣብ ናይ ሓባር ማእከላይ ማዕከን ተወሃሂዶም ክሰርሑ ልሙድ ኮይኑ ኣሎ። ሓደ ሰብ ኣብ ኮምፕዩተሩ ዝኸውን ዳታ ምቕማጥ ኣየድልዮን እዩ። እታ ኮምፕዩተር ከም መራኸቢትን መተግበሪትን ጥራይ እያ ተገልግል። ዘዘሰረሖ ናብቲ ዝተኻረዮ፣ ኣብ ገሊኡ’ውን ብናጻ ዝወሃብ ውሱን ናይ ክላውድ መኽዘን ይሰድዶ። ከም ብዓል ጉግል ክላውድ (Google Cloud) ዝኣመሰሉ ዓበይቲ ማዕከናት ኑቲ ዲጂታል ዓለም ናብ ካልእ ምዕራፍ ኣዕሪገሞ ኣለዉ።

**- ምስ እዚ ንጠቕሶ ዘለና ረብሓታት ድጂታዊ ሓበሬታ ብምትእስሳር፡ ኪጋጥም ዝኽእል ብድሆታትን ጸገማትን እንታይ እዩ፣**

ዲጂታዊ ጸጋታት ማዕረ እቲ ዝህቦና ጠቕምታት እንታይ ጸገማት ኪጋጥመና ከም ዝኽእል ምፍላጥ ኣገዳሲ እዩ። ሓደ ሰብ ሓንቲ ኮምፕዩተር ምስ ገዝአ፡ ንመዋእል ትጸንሕ እያ ዝመስሎ። ውሱን ናይ ኣገልግሎት ዕድመ እዩ ዘለዋ። ንኣብነት ሃርድ ዲስክ ብፍላይ እቲ HDD (Hard Disk Drive) እንብሎ ኣብ ውሽጡ ዝርከቡ ተንቀሳቐስቲ ኣካላት ብሰንኪ ረስንን ፍሕፍሓን እርጋን ኪጋጥሞም ግድን እዩ። ሓደ ሃርድ ዲስክ ክንደይ ምስ ኣገልገለ እዩ ዝበላሾ፣ ሓደ ሰብ መጺኡ “ኣብዚ ሃርድ ዲስክ ዳታ ኣቐሚጠ ነይረ ጠፊኡኒ” ይብለካ። ፍላሽ’ውን ንባዕሉ ከምኡ። ስለዚ እዚኣቶም ውሱን ዕድመ እዩ ዘለዎም። ሰነዳትና ኣብኡ ስለዘቐመጥናዮም ንዘይተወሰነ ግዜ ዝጉበሩ ኮይኑ ይሰመዓና። ሓደ ካብቲ ኣብ ዲጂታል ዓለም ክንኣቱ ከለና ክንጥንቀቐሉ ዘለና እዚ እዩ። ሓደ ሃርድ ዲስክ ናይ ኣገልግሎት ዕድመኡ ወዲኡ ካብ ጠቕሚ ወጺኡ ቅድሚ ምኻኑ ክንቕይሮ የድሊ። ከይቀደመና ክንቅድሞ ኣለና። ኣገዳሲ እንብሎ ሰነዳትና’ውን ኣብ ካልእ መኽዘኒ ቅዳሓት ሒዝናሉ ንጸንሕ (backup) ክህልወና ኣለዎ። ምኽንያቱ ዲጂታል ሰነዳት ኣብ ፋይል ደረጃ ስለዘለዉ፡ ብቐሊሉ ናይ ምብልሻው ሓደጋ ኪጋጥሞም ይኽእል።

**- ቀጻል**

ኣገደስቲ ዓበይቲ ፋይላት ዘለዎ ፍላሽ ኣብ ጁባኡ ሒዚዎ ዝኸይድ ሰብ ኣሎ። ብናተይ ኣተሓሳስባ ብዝተኻእለ መጠን ፍላሻት፡ ንመጎዓዝዚ ጥራይ ኢና ክንጥቀመሎም ዘለና። ካብዛ ናትካ ኮምፕዩተር ናብዛ ናተይ፡ ሰነድ ከነግዕዝ ንኽእል። ወይ ድማ ካብይ ርሒቕ ኢሉ ዘሎ ሰብ “ሰነድ ሒዝካለይ ምጻእ” እንተደኣ ኢሉኒ፡ እታ ፋይል ብፍላሽ ሒዘያ ክኸይድ እኽእል እየ። ናብ ሓደ ንእሽቶይ መገሻ ወይ ናብ ዎርክሾፕ ክሳተፍ ወይ ከቕርብ እኸይድ ኣለኹ እንተ ደኣ ኮይኑ፡ ደስክቶፕ ኮምፕዩተር ሒዘዮ ክኸይድ ስለ ዘይክእል ብፍላሽ ወይ ሃርድ ዲስክ ዘድልየኒ ሰነድ ሒዘ ክኸይድ ኣለኒ። ከም ግዝያዊ መጎዓዝዚ ጥራይ እየ ክጥቀመሉ ዝኽእል። ብዙሕ ሰብ ማእለያ ዘይብሉ ናይ ስድራኡ፡ ናይ ስራሑ ሰነዳት “ኣብዚ ገይረዮ ነይረ ጠፊኡኒ፣ ምርኣይ ኣብዩኒ” ይብለካ። “እንታይ ኩይኑ ጠፊኡ፣” ኢልካ እንተደኣ ሓቲትካን መርሚርካን ግን፡ መብዛሕትኡ እዋን እቲ ጸገም እርጋን ኮይኑ ይጸንሕ። ዘልኣለማዊ ዝበሃል ንብረት የለን። ኣብዚ እዋን’ዚ ዲጂታዊ መሳርሒታት ንውሱን እዋን ከም ዘገልግል ኮይኑ እዩ ዝፈሪ ዘሎ። ምዕባለ ናይ ኮምፕዩተራት ኣብ ሓጺር እዋን ሓደስቲ ምህዞታት እናተወሰኹዎን እናተቐያየረን እዩ ዝኸይድ። ምስዚ ቴክኖሎጂ እዚ ክትጎዩ ኣለካ። ምናልባት ምስ ድኽነት ኣሽጋሪ ክኸውን ይኽእል እዩ። እቲ ዝመጽእ ዘሎ ሶፍትዌራት ንውሱን ደረጃታት ንድሕሪት ተመሊሱ ዝሰርሕ እኳ እንተኾነ፡ ኑቲ ዝቐደመ እናኣደርበዮ ሓድሽ-ሓድሽ እናማዕበለ እዩ ዝኸይድ። ሓደሽ ኣፕሪይቲን ሲይስተምን ሶፍትዌራትን ኣብዘን ናይ ቀደም ኮምፕዩተራት ኣምጺእ ክጥቀመሉ ኣይክእልን እዩ። ምስቲ ዘሎ ቅልጡፍ ለውጥን ምዕባለታትን መታን ክትሰጉም ድሕሪ ውሱን ዓመታት መሳርሒታትካ ክትመሓይሽ ኣለካ።

**- እቲ ኪጋጥም ዝኽእል ሳይበራዊ መጥቃዕትን ኣገባብ መከላኸልን ከተብርሃልና፣ ብሓፈሻ ሰዓትና ብኸመይ ክነውሕስ ንኽእል፣**

ሓደ ካብ’ቲ ዝዓበየ ነጥቢ ውሑስነት ዳታ እንድዩ፣ ብኸመይ ከነውሕሶ ንዝብል ሕቶ፣ ኣብ ሰርቨር ኳንካ ምስራሕ እዩ። ካልኣይ ጽኑዕ ዝኾነ ሕግታት ምትእትታውን ትግባረኡ ምርግጋጽን። ኣብቲ ሰነዳት መን እንታይ ሓላፍነት ኣለዎ፣ መን ክቕድሕ ይኽእል፣ መን ክድምስስ ይኽእል” ብንጹር ክንፈልጥ



ኣለና። ሳልሳይ ኣብ ሓደ ትካል ክሳብ ዝሃለና ምትእትታው ናይ ፍላሽ ክድረት ክኽእል ኣለዎ። ደራትካ’ውን ኣይድረትን እዩ። ኩሉ ሰብ ተኣማኒ’ዩ ማለት ኣይኮነን። ኣብ ዓለምና ዘጋጠሙ ዓበይቲ ናይ ሰነዳት ምጥፍፋእ ክንጠቅስ ንኽእል። ኣብኦም ኣዝዮም ጽኑዕ ምክትታል ኣለዎም እንብሎም ትካላት ኣመሪካ ብቐጻሊ ምግዛስ ሰነዳት ከም ዘጋጠሞም ካብ ምግላጽ ኣየዕረፉን። ዓበይቲ ምስጢራት ሰነዳት ናብ ካልኦት ሃገራት ኣሕሊፍካ ዝተዋህበሉ እዋናት ኣሎ። ንኣብነት ኣብ 2013 ኤድዋርድ ስኖውደን ዝተባህለ ኣብ ትካል ሃገራዊ ጸጥታ (National Security Agency) ዝሰርሕ ዝነበረ ኣመሪካዊ ኣዝዩ ተኣፋፊ ምስጢራዊ ሰነዳት ኣመሪካ ንኻልኦት ተጻባኢቲ ዝበሃላ ሃገራት ኣመሓላሊፉዎም። እዞም ሰባት ኣዚኣቶም ኣብ’ቲ ዘለውዎ ስራሕ፣ ትካል፣ ሃገር እሙናት ተባሂሎም ዝሰርሑ እዮም። እቲ ትካል፣ እዚ ኩሉ ጽኑዕ ሕግታት ኣተእታትዩ ክነሱ፣ ከምኡ ዓይነት ደይ መደይ ኢልካ ዝግበር ምስራቕ ምስጢራዊ ሰነዳት ኪጋጥሞ ይኽእል እዩ።

**- እንታይ ዓይነት ምስጢራት፣**

ቴክኖሎጂያዊ ምስጢራት ክኸውን ይኽእል እዩ። ወተሃደራዊ፣ ፖለቲካዊ፣ ናይ ባንክ ሕሳባት ብሓጺሩ ክወጽእ ዘይግበኦ ናይ ውልቂን ሓባርን ሃገርን ምስጢራት እዩ። እዚ፡ “ጸላኢኻ ኣብ ውሽጥኻ (An enemy within) እዩ ዝበሃል። ጸላኢ ማለት ኣብ ግንባር ብጥንባር ብጋህዲ ዝጥመካ ጥራሕ ዘይኮኑ፡ ኣብ ውሽጥኻ ሓደ ተበላጺ ክህሉ ይኽእል እዩ። ኣብኡ ተጸፍዩ ከይተፈልጠ ሰነዳትካ እናወጽአ ንኻልኦት ዝሸይጥን ምስጢራትካ ኣሕሊፉ ዝሁብን ክኸውን ይኽእል እዩ።

**- ኣብ ከምዚ ዓይነት ጸገማት ሓደ ትካል ብኸመይ እዩ ክከላኸሉ ዘለዎ፣**

ክተገድሎ ኢኻ ትኽእል እምበር ብፍጹም ክተጥፍኦ’ውን ኣይትኽእልን ኢኻ። ነዚ ሰርዓት መርበብ ከመሓድር ናይ ስራሕ ሓላፍነት ዝሃብካዮ ሰብ፣ ደይ መደይ ኢሉ እንተደኣ ኣበላሸዩዋ፣ ተበላሺኻ ኣለኻ። ኣብታ ስራሕ ኣቐሚጥካዮ ዘለኻ ሰብ ድሕረ-ባይታኡ ብዕምቈት ክትፈልጦ ኣለካ። ቃለ-ማሕላ ኣእቲኻ’ውን ኣይኩንካን ተሰርሑ። ዓበይቲ ኩባንያታት ብዙሕ መምዘኒታት ኣለወን። ጥቡቕ ዝኾነ ምክትታል ብምዝውታርን ንጹርን ድሩትን ደረጃታት ሓላፍነት ተሓታትነትን ብምፍጣርን ክወርድ ዝኽእል ጉድኣት ክተጉድሎ ትኽእል ኢኻ። እቲ ሰብ እታ ተድልዮን ትፍቀደሉን ስራሕ ስራሑ ጥራሕ ከም ዝወጽእ ብምግባር ብመጠኑ ክትከላኸሎ ትፍትን።

**- ምስ’ዚ ኣልዒልናዮ ዘለና ሓሳብ ዝኸይድ፣ ኣብዚ ዘለናዮ ዘመን ሓሓሊፉ ዝረአ ነገራት ኣሎ። ከም ገለ ገይርም ካብ ፋይላትካ ሰሪቖም ሸይጦም ክረብሓሉ ዝደልዩ ሰባት እንታይ ክትገብሮም ትኽእል፣**

ኣብ ሰርዓት መርበብ ኮምፕዩተራት ብዘይ ናይ ዋናኡ ኣፍልጦን ፍቓድን ውልቃዊ ጠቕሚ ንምርካብ ወይ ኣብ ልዕሊ እቲ መርበብ ጉድኣት ንምፍጻም ሶሊኹ ዝኣተወ ገበኛ፡ ሰርሳሪ (hacker) ንብሎ። እዚኣቶም ብውልቂ ወይ ብጉጅለ ዝጥፉ ኣካላት እዮም። ዝፈጽምዎ መጥቃዕቲ ዕዉት ምኻኑ ምስ ኣረጋገጹ፣ “ዲጂታዊ ሰነዳትካ ጅሆ ሓዚዮ ኣለኹ’ሞ ክንድ’ዚ ገንዘብ እንተ ዘይከፊልካኒ ኣይከፍተልካን እየ” ይብሉኻ። ካብ ከምዚ ዓይነት መጥቃዕቲ ንምድሓን ክንጥንቀቐሉን ክንከላኸለሉን ዘለና ብዙሕ ኣገባብት ኣሎ። መብዛሕትኡ እዋን እዞም ሰርሰርቲ ድኽመት ኣሰራርሓኻ ብምምዝማዝ እዮም ዘጥቅዑኻ። ኣብዚ ብቐጻምነት ክግበር ዘለዎ ንቕሓት ኣባላት ኩብ ምባል እዩ። ብፍላይ ምስ ኢንተርነት ኣብ ዝተላገበ ሰርዓት መርበብ ንሰርሕ እንተ ደኣ ኣለና፣ ሰርሰርቲ ወይ ስሊያዊ ስራሕ ዘኪይዱ ተጻናጸንቲ ብኸመይ ኣገባብ እዮም ኑቲ መጥቃዕቲ ዝፍጽምዎ፣ ነፍሲ-ወከፍ ኣባል ክፈልጦ ኣለዎ። ኣብ ሓደ መርበብ ክሳብ ዘለና ናይ ሓደ ሰብ ጌጋ፣ ሓደ ምኩርን ንመጥቃዕቲ ዘንቀደን ሰላዩ መእተዊ ክረክብ ይኽእል። ብሓንቲ ኮምፕዩተር ዝኣተወ ሰርሳሪ ከኣ ንብምሉኡ እቲ ትካል ኣብ ሓደጋ ከውድቖ ይኽእል።

**- እሞ ዝታት ብኸመይ ኣገባብ ክንከላኸሎ ንኽእል፣**

ውሕስነት ሰርዓት መርበብ ንምሕላው ዝተኣታቶ ናይ ሳይበር ድሕነት (Cyber Security) ኣገባብት ኣሎ። ካብ ከምዚ መጥቃዕቲታት ዝከላኸሉ ብደረጃ ሃገርን ውልቀ ትካላትን ዝቖሙ ኣካላት፣ ቅጥዒ ኣሰራርሓ፣ መሳርሒታትን ሶፍትዌራትን የጠቓልል። እቲ ቀንዲ ተኸላኻሊ ግን እቲ ተጠቃሚ እዩ። ኣብዚን ኮምፕዩተራት ኩይኑ ዝሰርሕ ሰብ ሽለልትነት ከወግድ ኣለዎ። ዘየድልየን ዘይፈልጦን ፋይላትን ተለቀብቲ ሰነዳትን (Attachments) ክኸፍት የብሉን። ብኻልኦት ወገናት ዝወሃበካ ሊንክ (link) ናበይ ከም ዝመርሓካ ከይፈለጥካ ተገሪህካ ክትስዕቦ የብልካን። ኩሉ ተጠቃሚ፡ “ኣብ ዝኾነ ደቒቕ ሓደጋ ኪጋጥም ይኽእል እዩ” ኢሉ ንኡብሱን ንትካሉን ኣብ መጻወድያ ሰኪዑት ሰርሰርቲ ከየውድቕ ብንቕሓትን ትኩርነትን ክሰርሕ ኣለዎ። ሓደጋ ምስ ኣጋጠመ ካብ ትወስዶ ስጉምቲ፡ እቲ ሓደጋ ከሎ ገና ንምክልኻሉ ዝወሰድ ጥንቁቕ ኣሰራርሓ እቲ ዝበለጸ እዩ። ትካላት’ውን “ኮምፕዩተር ቀሪብና ኣለና፡ እቲ ስራሕ ጽፉፍ እዩ። ኢንተርነት ገይርናለን ኣለና፡ ንስራሕ ጥራሕ” ዘይኮኑ ኑቶም ኣባላት እንታይ ክገብሩ ከም ዘለዎም፡ ነናሻዕ ኣስተምህሮ ክህቡ ኣለዎም።

**- ሕራይ ኢንጅነር፡ ኣብ መወዳእታ፡ ምስ ሚድያ ብምትእስሳር ብዛዕባ ዲጂታይዘሽን እንዲና ከዕልል ጀሚርና፡ ዲጂታላይዘሽን’ከ እንታይ እዩ፡ ሓደ ደቂ ምስ ዲጂታይዘሽን፣**

ዲጂታይዘሽን፡ ኣናሎግ ሰነዳት ናብ ዲጂታል ምቕያር ዘድሃብ ስራሕ ኢልናዮ ነይርና። ዲጂታላይዘሽን ከኣ ካብ ህላወ ዲጂታል ሰነዳት ሓሊፉ ከም ኮምፕዩተራት፡ ታብሌታትን ሞባይላትን ዝኣመሰለ መሳርሒታት፣ ኣብቲ መሳርሒታት ዝተተኽለ መተግበሪታት (Operating System, Software, and Application) ከምኡ’ውን እቲ ዲጂታዊ መሳርሒታት ነንሓድሕዱ ዝራኸበሉ መርበብን ካልእን ዝሓቖፈ ሰፊሕ ዲጂታዊ ሰርዓት ምውዳድ ማለት እዩ።

ዲጂታላይዘሽን ሰንሰለታዊ ጽልዋ (Chain Effect) ዘለዎ ኣሰራርሓ እዩ። ከም ኣብነት፡ ብሓንቲ ዲጂታል ካሜራ ስኢል እንተ ደኣ መጺኡ፡ መቐበሊ ናይ’ቲ ሰነድ ዝኸውን ኮምፕዩተር የድልየና። ኑቲ ቪድዮ ንምቕንባር ንኤዲቲንግ ዝበቅዕ ኮምፕዩተር ክህልወና ኣለዎ።። እቲ ናብ ፈነወ ዝሰድድ መሳርሒ (Playout) ዲጂታል ክኸውን ኣለዎ። ኣብ መወዳእታ እቲ ኣብ ገዛኡ ኮይኑ ዝዕዘብ ህዝቢ ዲጂታል እትቕበል መሳርሒት ክትህልዎ ኣለዋ። ኑቲ ዝተፈነወ ሰነዳት ጸባሕ ተመሊስና ክንጥቀመሉ እንተ ደኣ ኾይኑ፡ ዲጂታል ኣርካይቭ ክነቕውም ንግደድ። ስለዚ ዲጂታላይዘሽን ኣብ ሓንቲ ተንኪፍካ ኣብ ሓንቲ ክትገድፍ ኣይትኽእልን ኢኻ። ሰንሰለታዊ ጽልዋ ዘለዎ መስርሕን ስራሕን እዩ። ኣብ መንጎ እቲ መስርሕ፡ ሰነዳት ኣብ ምምስራሕ፡ ኣብ ምሰዳድን ምቕባልን ዝህሉ ዋሕዚ ስራሕ ዘመሓድር ዲጂታዊ መሳርሒታት፡ ሶፍትዌራትን ቅጥዕታት ኣሰራርሓን ዝሓቖፈ ዲጂታላይዘሽን ክትግበር ግድነታዊ ይኸውን።

**የቐንየልና!**

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ኣስመራ

ወ/ሮ ዘይኑብ መሓመድሓሰስ ዓብደልቃደር፡ ስም ኣደይ ዘምዝም መሓመድ ምግል ተረፉ፤ ዘምዝም መሓመድናስር መሳ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/11/26 ኣብ 6ይ መጋባእያ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ይቕረብ፡፡

ራሄል ኣርኣያ በራኺ፡ ማርያ በዊዘ ስለዝዓረፈ፡ 2 ኣሕዋት፡ 1 ሓትንኣን ወራሲቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/11/26 ኣብ 11 መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ሓናን ሕመድ ኣቡሓጅ፡ ሕመድ ኣቡሓጅ ኣደም ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/11/26 ኣብ 2ይ መጋባእያ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ጸዕዳክርስትያን

መዚት ተስፋማርያም ሃይለሚካኤል ምግል ተረፉ፤ ቅሳት ተክሎም ሓይለይ መዚት ተስፋማርያም ሃይለሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ከረን

የርሳሌም ከሰተ ሃብቱ፡ ወላዲትና ሕርያ ሚካኤል ልጃም ስለዝተሰወአት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወራሲቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/11/26 ኣብ 1ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ዳኒኤል ሃይለ ኣለማየሁ፡ ወላዲተይ ሰቡ ማሕራይ ተስፋማርያም ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወራሲቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/11/26 ኣብ 8ይ መጋባእያ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ሰላም ከሰተ ወልደሚካኤል፡ ብዓል-ቤተይ ተስፋዝጊ ኀይትኦም ጥትራይ ስለዝተሰወኡ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቅና ድማ ወራሲቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ዓሊ ዓብደልካሪም፡ ስም ት/ዕድመ ሬድዋን ዓሊ ዓብደልካሪም ምግል ተረፉ፤ ነቢል ዓሊ ዓብደልካሪም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣማኑዲን ህያቡ ኢብራሂም፡ ስም ወላዲተይ፡ ደሃብ ዓብደልዋሰዕ እድሪስ ምግል ተረፉ፤ ደሃብ ዓብደልዋሰዕ መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/11/26 ኣብ 3ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ተስፉ ኀይትኦም ሃብተሚካኤል፡ ስም ት/ዕድመ ወደይ ኣብርሃብ ተስፉ ኀይትኦም ምግል ተረፉ፤ ኣቤል ተስፉ ኀይትኦም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/11/26 ኣብ 3ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ መርያም ዓብደልኣቢ ኣንዋር፡ ነ/ፍ መዲና ሳልሕ ዝበኽቲ ወሃብቶ ክጸድቀለይ ናብ ስመይ ክመሓለለፈለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ለምለም እምባየ ተኽለገርግሽ፡ ብዓል-ቤተይ ሓሰን ፍካክ ጀምዕ ስለዝተሰወኡ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ድማ ወራሲቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ወ/ሮ ርዚና ዑቕባይ ሰለሙን ተኸሳሲ ኣቶ ኣድሃኖም የማነ ሓድጉ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ን17/11/26 ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይ ቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ጸሮና

ዘኮርያስ ዘርእሰናይ ኣሰፍሃ ምግል ተረፉ፤ ኤልያስ ዘርእሰናይ ኣሰፍሃ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣድያም ዘርእሰናይ ኣሰፍሃ ምግል ተረፉ፤ ኤልያና ዘርእሰናይ ኣሰፍሃ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ወ/ሮ ቅዱሳን ገብረማርያም ተስፋሚካኤል፡ ብዓልቤተይ ተስፋት ሞጎስን በርሀ ስለዝተሰወኡ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቁ ድማ ወራሲቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሓጋዝ

ወ/ሮ ገነት እስጢፋኖስ ጨዋዩ፡ ብዓል-ቤተይ እዮብ ብርሃ ድራር ስለዝተሰወኡ፡ ኣነ ምስ 4 ደቀይ ኣብ ዝንቀሳቐሰን ዘይንቀሳቐሰን ንብረት ወራሲቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ባረንቱ

ድግግል ሓድጉ ገሉ፡ ወደይ መሓሪ ፍስሃየ ስለዝተሰወኡ፡ ሓዳር ኮነ ወላዲ ስለዘይብሉ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሃይኮታ

ዓሊ ኣደም ዓሊ ምግል ተረፉ፤ ዓሊ ኣደም ኣልሓሰን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ቶኾምብያ

ከሳሲት ጸገየ ገብረክርስቶስ ፍስሓ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ፍትሓዊ ሃብተም ኣብራሃም፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ን19/11/26 ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ፎርቶ ሳዋ

መሰጠፉ ኣወሃጅ ዓሊ እድሪስ ምግል ተረፉ፤ መሰጠፉ ወሃጅ ዓሊ ምሂ እድሪስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሰንበቱ ጎይትኦም ካሕሳይን እምባፍራሽ ሪዘን፡ ጓልና ሊድያ እምባፍራሽ ሪዘ ስለዝተሰወአት፡ ሓዳር ይኹን ወላዲ ስለዘይብላ፡ ኣብ ቀዋምን ተንቀሳቓስን ንብረት ንሕና ጥራይ ወራሲቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

---

ብስም ቴድሮስ ተስፋጼየን ተስፋማርያም፡ ብፍ.ቁ.ዋኒን ASL00037143 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ማ/ከተማ ጎደና ዓዲ ቀይሕ ቁ.ገዛ 119 ዝርከብ ናይ ኣቕሑት ገዛ ስርሓት ዕንጸይቲ መሸጢ ትካለይ፡ ንወ/ሮ ሰላም ሓይልኣብ ምስክ፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ኣኽርያ ጎደና – ቁ.ገዛ – ካብ ዕለት 03/10/2026 ክሳብ ዕለት 03/10/2031 ኣካርየ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቐጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ነፍልጥ፡፡

ብስም ቴድሮስ ተስፋጼየን ተስፋማርያም

---

ኣመልካቲ፡ተጋ/ፍጹም ሰዩም ፍረ፡ብስም 1.ኣምለሰት ኣድሓኖም ወልደማርያም 2.ብርሽ መሓሪ 3. ምሕረት ወልደኪዳን፣ ኣብ ከተማ ኣስመራ ዕዳጋ ዓርቢ ብቁ/ምስክር ወረቐት 115773 መወከሲ ቁጽሪ 105549 ዝተመዝገበ ኣብ ዞባ ማእከል ጎደና ባረንቱ ዝርከብ ገዛ፡ ብስም 4.ለምለም ጎብዩ 5.ሓጀር ጎብዩ 6.ማና ጎብዩ 7.ርዚና ጎብዩ 8.ኣድሓኑት ጎብዩ፣ ኣብ ከተማ ኣስመራ ከባቢ ኪዳነ ምህረት ዝርከብ ገዛ፡ 2.ብስም ኣድሓኑት ጎብዩ ዝተመዝገበ ገዛ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ማይተመናይ ጎደና ዛጉር 11/4 ጆርጆ ፍስሃየ ኣጽብሃ ብክራይ ሒዚዎ ዘሎ ገዛ፡ ኣብ ዞባ ደቡብ መንደፈራ መርከብ ሆቴል ዘሎዎ ገዛ ብስም ለምለም ጎብዩ፣ ኣብ ከባቢ እንዳ ዓጽሚ 112.2 ጎደና ዛጉር ጸገዘኣብ ክፍለማርያም ምሉ ጉብሩን ተኻርዮሞ ዘለዉ ገዛ፡ ኣብ ዘለው ገዛ፣ ኣብ እንዳ ኪዳነ ምህረት ጎደና ሰገሀይቲ 117 ዘሎ ትካል ጥሑና፡ ፎርኖ ከምኡ'ውን መኻዚኖታት ዘለዎ፡ ኩሉ ኦርጂናል ልብሬቶ ስለዝጠፈኣና፡ ብዕዳ ወይ ብትሕጃ ሒዚዎ ኣለኹ ዝበል እንተልዩ፡ ብቁ/ቴሌፎን 07837298 ብምድዋል ክሕብረና፣ እንተዘይሓቡ ግን ካብ ዝምልከቶ ኣካል መተካእታ ልብሬቶ ክወሃበና ክሓትት ምዃንና ንሕብር፡፡

ተጋ/ ፍጹም ሰዩም ፍረ

---

## ንካልኣይ ግዜ ዝወጽአ ምልክታ ጨረታ

ዓይነት መጠ፡– እንቋቑሖ ሆላንድ ፍሩይ
ኣሃዱ፡– ማእከላይ ቤ/ጽ ሚ/ጥዕና
ኣርእስቲ ውዕል፡– ዓመታዊ ቀረብ መግቢ
ዓይነት ጨረታ፡– ሃገራዊ ክፉት ጨረታ

ሚኒስትሪ ጥዕና ንዓመተ 2027 ካብ ወርሒ 01/01/2027 ክሳብ 31/12/2027 ዓ.ም ኣብ ትሕቲኡ ዝርከቡ ሆስፒታላትን ንሕሙማት ተማሃሮን ኣገልግሎት ዝውዕል ቀረብ መግቢ ከማርት ስለ ዝደለዩ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ መጸ ይዕድም፡፡

ተጫረትቲ ክማልእዎ ዘለዎም ነጥብታት፡– (ንኣብ ዞባ ማእከል ዝርከቡ 12 ሆስፒታላት ቤ/ት ተሓጋገዝቲ ነርስ ኣስመራን)

1. ሚ/ጥዕና ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ዋጋታት ቀረብ መግቢ እንቋቑሖ ሆላንድ ፍሩይን ብዕሹግ ደብዳቤ ከቕርቡ ይዕድም፡፡
2. ጨረታ ንኹሎም ሕጋውያን ኣቕረብቲ ክፉት እዩ፡፡
3. ተጫረትቲ ቅዳሕ ናይ ዓመተ 2025 ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒንን ናይ ዓመተ 2025 ክሊራንስ ናይ ኣታዊ ውሽጢ ሃገር መንነት የቕርቡ፡፡
4. ተጫረትቲ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዝደልዩ ካብ ቤ/ጽ ሓፈሻዊ ኣገልግሎት ሚ/ጥዕና (የሴፍ ሰዩም ቁ.ቴሌ 125312) ናይ ጨረታ ሰነዳት ሓበሬታ ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ክረኽቡ ይኽእሉ፡፡
5. ብቑዓት ተጫረትቲ ሰነድ ጨረታ ንምውሳድ ዘይምለስ ጥረ ገንዘብ 100.00 (ሚእቲ ናቕፋ) ከፊሎም ክወስዱ ይግባእ፡፡
6. ጨረታ ኣብዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ኣድራሻ ዕለት 06/11/2026 ሰዓት 9:45 ቅ.ቀ ክጸሐ ኣሎዎ፡፡ ደንጉዩ ዝቐረብ ጨረታ ይንጸግ፡፡ ጨረታ፣ ተጫረትቲ ሕጋውያን ወኪልቲን ክስተፍ ዝደሊ ሰብን ስነስርዓት ወይ ኣከፋፍታ ጨረታ ክዕዘቡ ዝመጹኡ ሰባትን ኣብ ዝተረኽብሉ፡ ኣብ ኣዳራሽ ማእከላይ ቤ/ጽ ሚ/ጥዕና ቁ.36 ይኣቱ፡፡ ዕለት 06/11/2026 ሰዓት 10:00 ቅ.ቀ ጨረታ ብግልጺ ይኽፈት፡፡
7. መኽበሪ ጨረታ፡ ዝምለስ እንቋቑሖ 100.000.00 ናቕፋ (CPO) ክትሕዙ ይግባእ፡፡
8. ጨረታ፡ መምርሒ ዕድግን ምምሕዳር ንብረት መንግስትን ብዝኣዝዞ መሰረት ይኸየድ፡፡
9. ተጫረቲ ነቲ ዝተዓወተሉ መግቢ ብናቱ መጎዓዝያ ናብ ዝተዓወተሉ 12 ሆስፒታላትን ቤ/ት ተሓጋገዝቲ ነርስ ኣስመራን የቕርብ፡፡
10. ሚ/ጥዕና ብምሉእ ወይ ከፊል ጨረታ ንምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ፡፡

ማእከላይ ቤ/ጽሕፈት ሚ/ጥዕና
ጨ/ሓፈሻዊ ኣገልግሎት ሚ/ጥዕና (ቁጽሪ ቴሌፎን 125312)
ምምሕዳር ጸጸራት ጎደና ደንደን ቁ.ሳ.ፖ 212 ኤርትራ ኣስመራ

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

Zara Mining Share Company

# Vacancy Announcement

| | |
|---|---|
| **Position:** | **Tyre Fitter** |
| **Number required** | **03** |
| **Location:** | **Based at Koka Gold Mine (Site)** |
| **Reporting to:** | **Mine Maintenance Supervisor** |
| **Primary Responsibility & Scope of work** | - To execute the removal, installation, and maintenance of heavy equipment tyres. |
| **Duties & function:** | - Remove, fit, and replace tyres on heavy mobile equipment.<br>- Inspect tyres and rims for wear, damage, and safety compliance.<br>- Perform tyre repairs and maintenance as required.<br>- Ensure all tyre-fitting activities are carried out safely and in accordance with site procedures.<br>- Ensure all tyre-fitting activities are carried out safely and in accordance with site procedures.<br>- Any other work requested by management |
| **Formal Education, Certifications or Equivalents** | - Minimum Secondary School.<br>- Completed a tyre fitter apprenticeship. |
| **Working Experience – Nature & Length** | - Minimum of 5 years working experience as a tyre fitter.<br>- Minimum of 5 years mine maintenance experience or equivalent. |
| **Other skills and abilities** | 1. Full trade qualifications for a tyre fitter.<br>2. Strong communication and interpersonal skills.<br>3. Team player.<br>4. Must be able to work and perform under pressure. |
| **Other Information** | Must have technical knowledge on machine tires, how to remove, install and repair tyres if possible.<br>To be able to pass a full Doctor's Physical examination.<br>To be able to work to ZMSC's rosters. |

**Salary: According to Company's salary scale.**

**Place of work: Zara Mining Sh.Co; Koka Gold Mine;Zoba Gash Barka**

**Additional Requirement for nationals**:
Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defence and support letter from reserve Army. Present clearance paper from current/last employer. Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.). Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for interview. Application documents will not be returned to sender.

Please mail your applications to **ZARA MINING SHARE CO P. O. Box 2393.** Asmara, Eritrea

**Note to Eritrean applicants**: - Please send a copy of your application to Aliens Employment Permit Affairs P.O. **Box 7940** Asmara, Eritrea. and Eritrea. Mineral Resources Management **P. O. Box 272**

The deadline for application is **10 days** from the day of the announcement

# ካብ መጻሕፍቲ

# ኵብላሊ
## ኣብ ኣስመራን ዓድታት ኤርትራን

ተስፋይ እስቲፋኖስ

6ይ ክፋል

ወይዘሮ ህይወት፡ ንሚስተር ሳንደስ “ከም’ቲ ዝሓበርኹኺ ኩሉ ዘድልዮ ዘበለ ኣብ መደቀሲኡ ቀሪቡሉ ኣሎ’ዩ፡” ምስ በላ፡ “ንዓ ዝወደይ ክርእየካ እየ” ኢለን ናብ መደቀሲየይ ክወስዳኒ እንከለዋ ስድራቤት ሳንደስ’ውን ሰዓቡና’ሞ፡ ርእየ ዘይፈልጥ ምስ ረኣኹ ንወይዘሮ ህይወት ሓቝፈ ሰዓምኩወን። ካብ’ዛ ህሞት እዚኣ ኣትሒዛ ሓልሰይቲ ኣደይ ንዘኾኦት ወይዘሮ ጁልያን “የቐንየለይ” (Thank you, Thank you) እናበልኩ ኣብ ምዕጉርታ ምስ ሰዓምኩዋ፡ ንሚስተር ሳንደስ’ውን ከምኡ ሓቝፈ የቐንየለይ በልኩዎ። ኣብ’ቲ ህሞት እቲ ኣብ ገጾም ዝረአ ዝነበረ ፍሽኽታ ዝተሓወሶ ሓጎስ ክሶ ሕጂ ይረኣየኒ። መደቀሲየይ ምስ ኣርኣዩኒ ሕዚ’ሞ ናብ ወሸጢ ገዛ ኣቶና። ወ/ሮ ህይወት ሻሂ ኣምጺኣን ንዓኣም ምስ ቀድሓለም ንዓይ’ውን ቀድሓለይ። ሻሂ እናሰተና፡ ሚስተር ሳንደስ ስለምንታይ ናብ ገዝኦም ከም ዘምጽኡኒን ናተይ ግደ እንታይ ምዃኑን ብሓጺሩ ወይዘሮ ህይወት ክነግራኒ ከለዋ እቲ ገዛ ሕጊ ከም ዘለዎን ሕጊ ናይ ስድራቤት እንተ ኣኽቢረ ንመጻኢ ዓብይ ዕድል ከም ዘሎኒን ሓበራኒ። ወይዘሮ ጁልያን ብወገና፡ ከም’ቲ ኣብ እንዳ ሰፋይ ክዳን እንርእዮ ናይ ጨርቂ ሜትሮ ኣምጺኣ ቁመተይን ሸምጠይን ምስ ዓቀነት፡ ናይ እግረይ ዓቐን ብጥዕምት ወሲዳ “ሕራይ በሉ፡ እዚ ሚስተር ሳንደስ ዝበልካ ተረዲኡካዶ ኣሎ፧” በለትኒ። ንወይዘሮ ህይወት ድማ፡ “ኩሉ’ዚ ገዛ እናዛወርኪ ክሶ ተርእዪዮ፡ ብጺሕና ክንመጽእ ኢና፡ ” ኢሎመን ክልቲና ንኸዕልል ገዲፎምና ካብ ገዛ ወጺኦም።

ወይዘሮ ህይወት፡ ከም’ቲ ዝሓበሩወን ኑቲ ገዛ ኩሉ እናኣርኣያኒ ከሎዋ ክሰሕቖን ስለ ዝጀመርኩ፡ “እዋ...እ! እዞም ገዛ ደኣ መዓስ ንዕኦም ጥራይ ኮይናም ወደም ኣምጺኦም። ንዓይ’ውን ወደይ እንድየ ደኣ ረኺበ” ኢለን ሰሒበ ኣብለን፡ “ሩብርም ዝወደይ! ኣብ’ዚ ገዛ ክትሕጎስ ኢኻ፡ ኣንዳ መማህር ሕያዎት ሰድራ እዮም። ደሮ’ውን ፈትየምኻ ኣለው። ኣነ ከኣ ኣሎኹኻ” ምስ በላ፡ የቐንየለይ ኢለ ደጊመ ሕቝፍ ኣቢለ ሰዓምኩወን።

ስድራቤት ሚስተር ሳንደስ ከይደንጐዩ ተመልሱ፤ እናኸዱ ከይደ ካሽሎ ከፊትኩሎም፡ ሚስተር ሳንደስ መኪናኡ ምስ ኣጸገዐ “ጁንየር!” ኢሉ ኣደሃየ’ሞ፡ ካብ’ታ መኪና ብኹምልታ ከውጽእ ረኣኹዎ። ወይዘሮ ጁልያን ድማ ሓደ ዓብይ ጥሮ ካብ’ታ መኪና ከተውርድ እንከላ ወይዘሮ ህይወት ተቐቢላኣ’ሞ፡ ተተሓሒዘን ናብ መደቀሲየይ ገጸን ከዳ። ኣነን ሚስተር ሳንደስን ነታ ካብ መኪና ዘውረዳ ብኹምልታ እናረኣና፡ “እዚኣ ናትካ እያ” ክብለኒ ከሎ ጋን ስለ ዝኾነ ንወይዘሮ ህይወት ኣደሃኽሉወን። ምስ ሳልሳይ ኣቦይ ዝኾነ ሚስተር ሳንደስ ተተሓሒዝና ናብ’ቲ ወይዘሮ ህይወትን ወይዘሮ ጁልያንን ዝነበራኦ መደቀሲየይ ኣቶና። ካብ’ቲ ጥሮ ብዙሕ ክዳውንትን ካልእን ኣውጺኦን እዚ ንዓኻ እዩ በላኒ። ቅድም ግን ኑብሱ ይትሓጸብ ኢሎም ንወይዘሮ ህይወት ምስ ሓበሩወን ክይተፈለጠኒ ብሓጎስ ብሽኽያት ብብኽያት ኮፕኩን ከይተረድኣኒ ንኹሎም ሰዓምኩዎም።

***

ብዛዕባ እቲ ሓቀኛ ሕሉፍ ታሪኽ ናይ ኤርትራን ኣስመራን ንምፍላጥ ከይተዛወኽካ ምንባብ’ዩ ዘድሊ። ኣብ ወሸጢ እዚ ጽሑፍ ብዙሕ ተጠቒሱ ኣሎ። ገና ናይ ዓሌታዊ መግዛእቲ ጥልያንን ናይ ተኸታሊ ግዜ እንግሊዝን ሰንበራት ከይሃሰሰ እንከሎ እየ ኣብ እንዳ ሚስተር ሳንደስ ክቕመጥ ዝጀመርኩ። ብወይዘሮ ጁልያንን ኣደይ ኢታይ እናበልኩ ዝጸውዐን ዝነበርኩ ወይዘሮ ህይወትን ዝተጐብረለይ ኣቀባብላ ምሕብሑባትን ሓልዮትን ንዓይ ሓድሽ ስለ ዝነበረ ኣዝየ እየ ተመሲጠ። ብፍላይ ከኣ ብኹምልታ፡ ጫማን ክዳውንትን ስለ ዝተለገሰለይ ከም ብሓድሽ ዝተወለድኩ ኮይኑ እዩ ተሰሚዑኒ።



በቲ ኣብ ጎልፍን ኣብ መንጎ ጸዓዱ ዝቕመጡዎ ቪላታት ግዝውተይ ካምፖ ዛብጥያን፡ ከምኡ’ውን በቲ ቀልጠፈ ምስ ሹቕ ብምልላይ ዘጥረኹዎ ርእሰ ተኣማምንነት ዝኾነ ይኹን ናይ ኑብሰ ምትሓት (inferiority complex) ስምዒታት ስለ ዘይነበረ፡ ኩሉ እቲ ዝገበረለይ ዝነበረ ሕፍረት ይኹን ስክፍታ’ውን ኣይፈጠረለይን። በቲ ዝኸኣሎ - ኣብ ጎልፍ ዝለመድኩዎ ስብርባር ቋንቋ እንግሊዝ ገዲፈ ንዘዘኩሉ እናኣማሰኹ ክረዳዳእ ጸገም ኣይነበረንን። ብዘተለገሰትለይ ብኹምልታ ገይረ ከኣ ነታ ዝፈትዋ ዘዕበየትኒ ከተማ ኣስመራ ኣይትጸርኒ ክቡሶን ምስኣ ከዕልልን ግዜ ኣይወሰድኩን።

ኣስመራ! እታ ብዙሕ ዝተደርፈላ፡ ዝተዘመረላን ዝተዋጠየላን ወጻእተኛታት ብጽሒቲ ዝተደነቑላ፡ ብውሕሉል ኢጋብብ ምህንድስና ኢጣልያውያን ዝተሃነጸት ርእሰ ከተማና ብኸምዚ ክገልጻ ደስ ይብለኒ።

ኣስመራ፡ ኣብ ዘለዓለ ብራኸ ማለት ኣብ 2470 ሜትሮ ብራኸ ካብ ጽፍሒ ባሕሪ ዝተደኮነት ኮይና፡ ፈለማ ገዛ ስርጸር፡ ገዛ ኣስመዓ፡ ገዛ ግሮቶን ገዛ ኣሽለለን ዝበሃላ ‘ሃዳሙ’ ብዝብል ናይ ሓብር ስም ዝፍለጣ ዝነበራ፡ ሎሚ ብኣርባዕተ ኣስመራ ዝጽውዓ ዘሎዋ ኣርባዕተ ቀሸታት እያ ቀይሞ። ኣርባዕቲኣን ብሓደ ሰሚረን ኣብ 1200 ዓ/ም ፈረንጂ ዝቖማ ኮይነን፡ ድሕሪ 689 ዓመታት ማለት ብ1889 ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ገዛኢ ጥልያን ኣተዋ። ብ 1900 ዓ/ም ድማ፡ ኣስመራ ብሃጸያዊ ገዛኢ ጥልያን ርእሰ ከተማ ናይ ኤርትራ ከም ዝኾነት ብኣዋጅ ምስ ተገብረ፡ ኣብ ምሉእ ዓለም ብዝርከብ መንግስትታት ኣፍልጦ ተዋህባ። ኣብ 1939፡ ተቐማጦ ኣስመራ 98,000 ከም ዝበሩ ይፍለጥ። እቶም ዝበዝሑ ካብኣቶም ማለት፡ እቶም 53,000 ኢጣልያውያን ጻዓዱ እዮም ዝነበሩ።

ኣብ መላእ ኤርትራ ኢጣልያውያን ጥራይ ዘይኮኑ፡ ካልኦት ባዕዳውያን ማለት፡ የመናውያን፡ ግሪኻውያን፡ ህንዳውያን፡ ኣርመናውያን፡ ሸውዳናውያን፡ ኣይሁዳውያን፡ ኢትዮጵያውያንን ሶማላውያንን እውን በበኮማቶም ተማእኪሎም ኣብ ዝተፈላለየ ቦታታት ነይሮም እዮም። ንኣብነት፡- ኣብ ዝተፈላለያ ዓድታትን ከተማታትን ሓወሲ ከተማታት፡ ብ ካቶሊካዊት ቤተክርስትያን ዝተማእከሉ ኢጣልያውያን ክኹበሩ እንከለው፡ እቲ ዝዓበየ መዘከሪ ቅርሶም ከኣ እቲ ብመቓብር ጥልያን ዝፍለጥ እዩ። የመናውያንን ካልኦት ኣመንቲ ምስልምናን ድማ፡ ብመስገድ ዝተማእከሉ እዮም ነይሮም። ብተወሳኺ፡ ኣይሁዳውያን ብሲናጎጋ ኣስመራ፤ ህንዳውያን በቲ ኣብ ቤት ገርግሽ ዝርከብ መቓብር ህንዲ፤ እንግሊዛውያን በቲ ኣብ ከረንን ኣብ ኣስመራን (ቤት ገርግሽ) ዝርከብ መቓብር እንግሊዝ፤ ግሪኻውያን በቲ ኣብ ማእከል ኣስመራ ዝርከብ ቤተክርስትያን ግሪኽ፤ ሶማላውያን ድማ በቲ ኣብ ኣኽርያ ዝርከብ ካምፖ ሶማል ይዝከሩ። ኣብ’ቲ ግዜ’ቲ ኣብ ኤርትራ ዝበሩ ኢትዮጵያውያን ኩሎም’ኳ እንተ ዘይኮኑ፡ ገለ ካብኣቶም ግን ልኡኻት ናይ’ቲ ዝነበረ ሃጼያዊ ስርዓት ኢትዮጵያን ካልኦት ባዕዳውያን ሓይልታትን ኮይኖም ህዝቢ ኤርትራ ዘሳቐዩ ኣብ ነፍሰ ወከፍ ገዛ ኤርትራዊ ዘይርሳዕ ጸለም ታሪኽ ዝገደፉ እዮም።

ኣስመራ፡ ርእሰ ከተማ ኤርትራ ቅድሚ ምኳና፡ ብዙሓት ባዕዳውያን ሓይልታት ብኤርትራ ሓሊፎም’ዮም። ብድሕሪኡ ከኣ ክሳዕ ኣብ’ዚ ናጻ ሃገር ኳንና ኽስተማቕሮ ዘሎና ናይ ረሀዋ እዋን ብዙሓት መራሕቲ መንግስትታት፡ ሰበ ስልጣንን ነጋውስን ኣብ ኣስመራ እግሮም ኣንቢሮም’ዮም። ንኣብነት፡- ፕረዚደንት ዩጎዝላቭያ ማርሻል ቲቶ፤ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ቻይና ቹአንላይ፤ መራሒ ንግስነት ስዑዲ ዓረብ - ንጉስ ስዑድ ቢን ዓብደል ዓዚዝ፤ ንጉስ ሻህ ናይ ኢራን ምስ ብዓልቲ ቤቱ፡ መራሒት ዓባይ ብሪጣንያ ንግስቲ ኤልሳቤጥ፤ ልኡኽ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ናጽነት ኤርትራ፤ ሓደ ካብ ዝዓበዩ ጀነራላት ኣመሪካ፤ ፕረዚደንት ዓዲ ጣልያን ስካልፋሮ፡ ዝተፈላለዩ ሓለፍቲ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ኢጣልያ፤ ካብ ክፍሊ ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ ራምስፈልድን ካልኦት ብዙሓት ዝረሳዕኩዎምን ኣብዛ ምጭውቲ ከተማና ዝበጽሑን ኣደናቒቶም ዝገደፋን እዮም።

ኤርትራ፡ ካብ ጥንቲ ኣትሒዛ ሰሓቢት ብጽሒትን ባዕዳውያን ዳህሰስትን እያ ነይራን - ኾይ’ውን ኣላ’ን። ንኣብነት፡- ብዙሕ ዘይተዘርበሉ፡ ፖርቱጋላውያን ዳህሰስትን ብጽሒትን ካብ ጥምጥም ቀይሕ ባሕሪ ብፍላይ ካብ ሕርጊጎ ተበጊሶም፡ ንባሕሪ ነጋሲ ቀሺ ደስሓቕ ኣብ’ታ ናይ’ቲ እዋን ርእሰ ከተማ ዝነበረት ዱብሩዋ ንኽረኽቡ ናብ ከበሳ ክድይቡ ከለው፡ ብሕማም ዓሶ ተሰኒፉ ኣብ ትሕቲ ጉዳም ደብረ በዘን ዝሞተ ፖርቱጋላዊ ቀሺ መቓብሩ ክሳዕ ሕጂ ኣብ ኣፍ ደገ ካቶሊካዊት ቤተክርስትያን ኑሲት ከም ዘሎ ይንገር’ዩ። ኣብ’ቲ እዋን ማለት፡ ኣብ ከባቢ 1557 ዓ/ም፡ ብዑት ናይ’ቲ ዝሞተ ቀሺ ናብ ከበሳ ምስ ደየበ፡ ቅድሚ ዱብሩዋ ምብጽሖም ዝረኸቡዎ - ብጥርኑፍ ሰቡት ዝቕመጡሉ ዓዲ - ጸሎት ከም ዝበረ፡ ኣብ ጽሑፋቶም ኣስፊሮሞ እዮም።

ኣብ ግዜ መግዛእቲ ጥልያን፡ ካብ’ቲ ኣፓርታይድ ዝበሃል ናይ ደቡብ ኣፍሪቃ ዓሌታዊ ምፍልላይ (Apartheid) ዘይፍለ ናይ መቓቒልካ ግዛእ ምሕደራ ኣብ ኤርትራ ነይሩ’ዩ። ኤርትራውያን ይኹኑ ካልኦት ጸለምቲ ኣፍሪቃውያን ስደተኛታት፡ ንጸዓዱ ጥራይ ኣብ ዝተሓዝአ ኣብያተ መግቢ፡ ኣብያተ መስተ ይኹን ካልኦት መዘናግዒ ቦታታት ክኣትዉ ፍቑድ ኣይነበረን። ጸዓዱ ብዙሓልፉሉ መገዲ ምሕላፍ’ውን ፍጹም ክልኩል’ዩ ነይሩ። ደቀባት ይኹኑ ካልኦት ጸለምቲ፡ ኣብ ጸዓዱ ዝቕመጡዎ ሰፈር ወይ ከባቢ ክቕመጡ ፈጺምካ ዘይሕሰብ እዩ። እዞም ጸለምቲ ብስራሕ ይኹን ብኻልእ ምኽንያት ንጸዓዱ ጥራይ ተባሂሉ ናብ ዝተሓዝአ ማእከል ከተማ ክኣትዉ እንተ ኮይኖም፡ መሕለፊ ወረቐት (Pass) ክህልዎም ኣሎዎ። ኣብ ግዜ ዓሌታዊ መግዛእቲ ጥልያን፡ ኣብ መንጎ ጸለምን ጻዕዳን ብመርዓ ቃልኪዳን ምእሳር ብኣዋጅ ክልኩል እዩ ነይሩ። ኣብ መንጎ ክልተ ዝተፈላለዩ ዓሌታት፡ ብኣውራኡ ድማ ኣብ መንጎ ጸለምን ጻዕዳን ዝግበር ጾታዊ ርክብ’ውን ከም ገበን ይቕጸር ነበረ።

ገዛኢ ጥልያን ጸዓዱ ንጸለምቲ መታን ዝያዳ ክፍንፍኑዎምን ክጸልኡዎምን ኢሉ፡ ብመንግስቲ ደረጃ ብራድዮ፡ ጋዜጣን መጽሔትን ጽዑቕ ናይ መፈራርሒ ኀሰሳት የካይድ ነይሩ። ገለ ካብ’ቲ ዘመተታት፡ ካብ ጸለምቲ ዝውለዱ ቆልዑ ጥዑያት ኮይኖም ከም ዘይወለዱ፡ ማለት ‘ሞንጎለይድ’ ከም ዝኾኑ፡ ኣካሎም ዝተጠዋወየ ገጾም ዘይምዕሩይ፡ ኣእዳው ወይ ኣእጋር ዘይብሎም፡ ሓንቲ ዓይኒ ኣብ ጉንዲ እዝኖም ወይ ኣብ ማእከል ግንባሮም ዘሎዎም ኮይኖም ምስ ደዌ (leprosy) ስለ ዝውለዱ፡ ተጠንቀቑ ዝብል እዩ ነይሩ። ዕላማ እቲ ዘመተታት፡ ጸለምቲ ብፍንጣጥ፡ ጅግል፡ ቦምባን ካልኦት ተላባዕቲ ሕማማትን ዝተለኽፉ ከም ዝኾኑ ብምጽላም፡ ጻዓዱ ሳዕቤኑ ግናይ ካብ ዝኾነ ዘየድሊ ጾታዊ ርክብ ምስኦም ካብ ምፍጻም ንኽቆጠቡ እዩ። ዝ ዕላማ’ዚ ንምውቃዕ ድማ፡ ማእለያ ዘይብሉ ፕሮፓጋንዳ የጥፍኡ ከም ዝነበሩ፡ ኣብ ዓዲ ጣልያን ዝርከቡ መዛግብቲ ዝምስክሩዎ ዝተሰነደ ሓቂ እዩ።

ምስ’ዚ ኩሉ ኀሰሳ ግን፡ ኣብ መንጎ ጸዓዱን ጸለምትን ሕቡእ ጾታዊ ርክብ ኣይግበርን ነይሩ ማለት ኣይኮነን። እኳ ደኣ፡ ህልኽ ሕማቕ ኣብ ርእሲ ምኳኑ፡ ብስርቂ ዝግበር ጾታዊ ርክብ ሰሓቢ ስለ ዝኾነ፡ እቲ ወሰብ ዝያዳ’ዩ ተጋዲዱ። በዚ ከኣ ካብ ክልተኡ ዓሌት ብሕቡእ ዝተወልዱ ዘይሕጋውያን ሓናፍጽ ቆልዑ ብዙሓት እዮም ነይሮም። ሕልና ዝበርም ውሑዳት ጸዓዱ፡ ነተን ብሕቡእ ዝወለዱለን ጸለምቲ ደቂ ኣንስትዮ ከም ሰራሕተኛታቶም ኣብ ገዝኦም ኣቐሚጦም ኑቶም ቆልዑ የዕብዩዎም ነይሮም። እንተ ኾነ፡ እቶም ዝወለዱዎም ሓናፍጽ ቆልዑ ብስሞም ክጽውዑ ይኽእሉ ኣይነበሩን። እቲ ዓሌታዊ ሕጊ ስለ ዘፍቅደሎም፡ ኣቦታት እንከለዉዎም ብስም ኣቦታት ኣደታቶም (ኣቦ ሓጎታቶም) እዮም ዝጽውዑ ዝነበሩ።

ኣብ ኤርትራ፡ ብዚይካ ካብ ኣይሁዳውያን፡ ካብ ካልኦት ዝተፈላለዩ ወጻእተኛታት ማለት፡ ካብ ጸዓዱ ምዕራባውያን፡ የመናውያን፡ ግብጻውያን፡ ህንዳውያን፡ ኩርዳውያን፡ ቱርካውያን፡ ኢትዮጵያውያንን ሶማላውያንን ዝተወልዱ ሓናፍጽ ብዙሓት እዮም ነይሮም። ገዛኢ እንግሊዝ ንጥልያን ኣልጊሱ ናብ ኤርትራ ድሕሪ ምእታዉ ድማ’ዩ እቶም ሕጋዊ ኣፍልጦ ስም ኣቦ ዘይብሎም - ካብ ዝተፈላለዩ ዓሌታት ዝተወልዱ ሓናፍጽ፡ ኣቦታቶም ኣፍልጦ እንተ ሂቦሞም ብስም ኣቦታቶም ክምዝገቡን ሕጋዊ ኣፍልጦ ክረኽቡን ዝተፈቕደ። ናይ’ዚ ዕድል’ዚ ተጠቀምቲ ኮይኖም ዝተሃጸጉ ከኣ ብዙሓት ነይሮም።

***

ኣብ ፈለማ ኢጣልያውያን ግዝኣቲ ንምልእቲ ኤርትራ ምስ ተቖጻጸሩ፡ እቲ ንደቂ ሃገር ዝወሃብ ዝነበረ እምነትን ናይ ስራሕ ዕድላትን ንሓናፍጽ ክወሃብ ጀመረ። እቶም ካብ ጸዓዱን ጸለምትን ዝተወልዱ ሓናፍጽ ድማ፡ በቶም ጸዓዱ ንዘተዋህበም ዕድላት ተጠቒሞም፡ ኣብ ልዕሊ ኣቦታቶም ዝኾኑ ደቂ ሃገርን ካልኦት ጸለምቲ ስደተኛታትን ክቱር ንዕቀት የንጸባርቑን ሕማቕ ተግባራት ይፍጽሙን ነይሮም። ኑቲ ክቡር ቋንቋ ኣደታቶም ብምንዓቕ ከኣ ብጽኡ ካብ ምዝራብ ይሕሰሙ ነበሩ። ምእንቲ ካብ ደቀባት ጸለምቲ ክፍለዩ ድማ፡ “ኣዝማሪና” ዝብል ናይ በይኖም መጸውዒ ስም ይጥቀሙ ነይሮም።

እዞም ኣዝማሪና ብዝብል ስም ክጽውዑ ዝመረጹ፡ እንትርፎ ብኣደታቶም ብኣቦታቶም ኣብ ኤርትራ ትውልዲ ዓዲ ዘይብሎም፡ ብኣቦታቶም ዝተኻሕዱ፡ ሕጋዊ ኣፍልጦ ዘይረኸቡ፡ ብስምዒት ነፍሰ ምትሓት ዝተጠቕዑን ርእሰ ተኣማምንነት ዘጥፍኡን እዮም። ስለ ዝኾነ ከኣ ኣብ ልዕሊ ኤርትራውያን ደቀባት ጽብለልትነት ዘሎዎም፡ ዝግዕበሉን ዝተማህሩን ኮይኖም ንኽረኣዩ፡ ኑቲ ቋንቋ ኣደኦም ንዒቖምን ፈንፊኖምን ቋንቋ ባዕዳውያን እናዘውተሩ ጽብለልትኦም ከረጋግጹ ይፍትኑ ነበሩ። ብብዙሓት ሰባትን ዓብይቲ ዓድን፡ “እዚ ንቛንቋ ኣደኹም ንዒቕኩም ኣብ ልዕሊ ደቂ ሃገር እተርእዩዎ ዘሎኹም ንዕቀትን ብድሆን መዋረዲኹም፡ መጽረፊኹምን መንዓቒኹምን እዩ። እንተ ሓሲብኩምሉ ይሓይሽ” ዝብል ማዕዳ ይቐርበሎም ነይሩ። ንኣቶም ግን ከም’ዚ ዓይነት ምኽሪ ንዘለዝሉሎም፡ “ባይቪያ! ካብኻትኩም ምፍጣር እዩ እዚ ኩሉ ሽግር ዝፈጠረልና፡ ” እናበሉ ሕንሕነ ናይ’ቲ ብኣቦታቶም ዝተፈጸሞም ክሕደት ቁጠዖም ኣብ ልዕሊ ቤተሰብ ኣደታቶም የውርዱ ከም ዝበሩ፡ ኣነ ክሶ ዘርከብኩሉን ብድሕሪኡን ዝበረ ዘይርሳዕ ተግባር እዩ።

ብኾቕለትን ብዕስክርናን ኣስመራ ዝኣትዉ ዝበሩ ክቡራት ኣቦታት፡ ብኣዝማሪና ወይ በዞን ዝሰርሑለን ከተማታት ኣይጽውዑን እዮም ነይሮም። ብድሕሪ ኣሶማቶም ዝመጽእ መጸውዒኦም፡ እቲ ዝኾርዑሉ ዓዶም ዓዲ ርስቶም እዩ። ካብ’ቶም፡ “ብዓል ኣይቲ” እናተባህሉ ዝጸዋወዑ ሰብ ርስትን ዓድን ዝበሩ፡ ዋላ ሓደ ብኣዝማሪና ዝጸዋዕ ኣይነበሮምን። እቶም ኣብ’ቲ እዋን ዝተወለድና ደቀም’ውን በቲ ዝተወለድናሉ ወይ ዝዓበናሉ ከባቢ - ወዲ ኣባሻውል፡ ወዲ ዕዳጋ ዓርቢ፡ ወዲ ኣኽርያ፡ ወዲ ሰሬታ፡ ወዲ ገዛ ከኒሻ፡ ወዲ ፎርቶና፡ ወዲ ገዛ ጥንዳ ሓብሻ፡ ወዲ ሞደሹቶ ወዘተ. እናተብሃልና ደኣ ንጸዋዋዕ ነርና እምበር፡ ብኣዝማሪናስ ተጸዊዕና ኣይንፈልጥን ነርና።

ስለ’ዚ፡ እታ ‘ኣዝማሪና’ ትብል መጸውዒት ስም መርዚ ከም ዝኾነት ካብ’ዚ ተማሂርና፡ እዞም ናይ ሎሚ ወለዶ ኣብ ኣጠቓቕማኣ ኣሉታዊ ጎድኒ ከም ዘሎዋ እንተ ተረዲኦምና ዝሓሸ እዩ።

... ይቕጽል

# ልቦናን ፍልስፍናን

ምሉእብርሃን ሃብተገብረኤል

## ገስጋስን ተወፋይነትን

ካልኣይ ክፋል

> “ኣብ ጽልሞት እተፈም ክልተ ደረጃት - ስእለ ኣእምሮኻን ተወፋይነትካን ጥራይ እዮም።” - ብሩ ርቢንስ
>
> “ብዙሓት ሰባት ዝረኸቡ ዋሕዲ ዓቕሚ ስለ ዘለዎም ዘይኮኑ፣ ዋሕዲ ተወፋይነት ስለ ዘለዎም እዮም።” - ቪንስ ሎምባርዲ



ዕዉት ስራሕን ተወፋይነትን ንሓድሕዶም እተኣሳሰሩ እዮም። የጉዳስ ብዘተፈላለዩ ረቛሒታት ይጸለዉ። ክንዲ ዝኾኑ ኽንልርድኦም ብዕምቆት ከጸንዮም ይግባእ።

ኣብ ስራሕ ክትቀጻር እንከለኻ እትኣትዎ ውዕል፡ ቀደም ቀዳደም ንተመኩሮ ስራሕካ ኣብ ግምት ብዘእተወ መንገዲ ከም እትቖጻር ዘለኻ እዩ ዘየኻኽረካ። ካብ ኮለጅ ወይ ስልጠና ምስ ተመረቕካ፡ ብዚዩ ዝኾነ ናይ ስራሕ ተመኩሮ እትቖጻረሉ ኣጋጣሚ እውን ኣሎ።

እቲ ናይ ብሉጽ ክእለት እምበኣር፡ ኣብ ስራሕ ዓለም ምስ ተዋፈርካ እተጥርዮ እዩ። ዝ. ኣብ ግምት ዘየእተወ ሓደሽ ሰራሕተኛ፡ ናብ ስራሕ ዓለም ምስ ተዋፈረ ብዙሕ ነገር ክወፃበሮ ይኽእል እዩ። ከም ሳዕቤኑ ኣብ እቲ ዝተቖጸረሉ ስራሕ ዕዉት ክስእን ዘለዎ ተኽእሎ፡ ምሕር ሰፊሕ ክኸውን ይኽእል።

ብዙሓት ትካላት ኣባላተን ዕዉት ስራሕ ከም ዝፀምዎ ንምርግጋጽ ፍናተን ሜላ ይጥቀማ እየን። እቲ ምንታይሲ፡ ኣባላተን ዕዉት ስራሕ እንተ ተሰሚዕዎም፡ ክሳብ ክንደይ ኣፍረይቲ ክኾኑ ከም ዝኽእሉ ኣማኢዚሄን ይፈልጥኦ እየን። ዕዉት ስራሕ ንበይኑ እኹል ከም ዘይኮነ እውን ኩላትና እንፈልጦ ሓቂ እዩ።

ተወፋይነት ኣብ ስራሕ ዓለም፡ ክንጸ ንስራሕካ ምፍታው እዩ። ኣብ ትካላዊ ስነ ልቦና፡ ተወፋይነት ዝተፈላለዩ መልክዕ ክሕዝ ይኽእል። ንሻኻ ኣብ እቲ እትሰርሓሉ ትካል፡ ፊናንሳዊ ውሕስነት ስለ ዘሰማዓካ ጥራይ ክትቅጽል ትኽእል ኢኻ። ንስለ ስድራ ቤትካ ወይ ሕብረተሰብ ዝነበረልካ ትጽቢት ኢልካ እውን ኣብ ስራሕካ ተጸቒጥካ ክትቅጽል ተኽእሎ ኣሎ። ኣብ እቲ እትሰርሓሉ ትካል ስምዒታዊ ወፍሪ (emotional investment) ስለ ዝገበርካ ንኽትቅጽል እትቕሰበሉ እዋን ከኣ ኣሎ።

በዚ ኢልካ በቲ፡ ኣብ እቲ እትሰርሓሉ ትካል ትቕጽል ክሳብ ዘለኻ፡ ተወፊኻ ክትሰርሕ ከም ዘለኻ ምስ ግዜ ርእሰኻ እሂን ምሂን ክትበሃሃል ይግባእ። ተወፊኻ እንተ ዘይሰሪሕካ፡ ንትካልካ ጥራይ ዘይኮኑ፡ እንኮላይ ንገዛእ ርእስኻ ኢኻ እትጎስ።

ገለ ሰባት ንትካሎም ዘሕረቑ መሰልዎም፡ ትሕቲ ዓቕሞም ዝሰርሑ ኣለዉ። ከም ሳዕቤኑ ብእኡ ኣብሎም ለሚሶም ይተርፉ። ካብ እቲ ሓንሳእ ዝለማሰሉ ደሞዛይ ንኽብረብሩ ድማ ምሕር ኣጸጋሚ እዩ ዝኾኑኖም።

እወታዊ ተመኩሮ ስራሕ ናብ ዝለዓለ ተወፋይነት ናይ ምምራሕ ተኽእሎ ክፈጥር ይኽእል እዩ። እዚ ተማሊሱ ንናይ ስራሕ ዕዉት ክብ የብሎ። ከም ውጽኢቱ እቲ ትካልን እቲ ሰራሕተኛን ብሓባር ይረብሑ።

ኣብ ስራሕካ ተወፋይነት ከተንጸባርቕ እንከለኻ ንስራሕካ ብኸመይ ከም እተኽብሮ ኢኻ ንመሳርሕትኻን ንሃምዋሊኻን እትገልጸሎም። ክሳብ ክንደይ ብስራሕካ ዕጉብ ከም ዝኾንካ እውን ብቐጥታ ተመሓላልፍ።

ዋላ ንስለ ስድራ ቤትካ ወይ ማሕበራዊ ምኽንያታት ክትብል ኣብ እቲ ትካል ትቕጽል ሃሉ፡ ንኽኑታት ተወፋይነትካ ብኣሉታ ከይጸልዎ ልዑል ጥንቃቐ ምግባር ኣገዳሲ እዩ። እቲ ምንታይሲ፡ እቲ ኩነታት ብቐጥታ ደዩ ብዘዘዋዋሪ ንተመኩሮ ስራሕካ ምጽላዉ ኣይተርፎን እዩ።

ኑቲ ተዋፊርካሉ ዘለኻ ስራሕ ብዓይኒ ገንዘብ ማለት ብዓይኒ ደሞዝ ጥራይ ትመዝኖ እንተ’ሊኻ፡ ብመጠን እቲ እትኽፈሎ ገንዘብ ዕዉትካ እንተ በረኸን ለጠቐ እንተ በለን ዝበርም ክኸውን ኣይክእልን እዩ። ገንዘብ ንኽለንትናኻ ደጽልዎ እንተ’ልዩ፡ እንታይ ዓይነት ምምዕርራይ ክትገብር ከም ዘለካ ብቐንዱ ንገኻ እዩ ዝምልከት። ንኽኢሊታት ናይቲ ዓውዲ ምምኻር ከኣ ኣይጸላእን እዩ።

ተወፋይነትካ ንዕዉት ስራሕካ ይጽልዎ እንተ ደኣ ሃልዩ፡ ብቐጥታ ኑቲ ኣብ እቲ ስራሕ ናይ ምቕጻል ዕድልካ እውን ይጽልዎ እዩ። ካብ እቲ ስራሕ ናይ ምውጻእ ዝንባለ እንተ’ልዩካ፡ ዕዉት ስራሕካ ለጠቕ (dip) ክብል ይኽእል። የጉዳስ ተወፋይነትካ በቲ ዝበሮ ክቕጽል ይኽእል እዩ። ብመንጽሩ፡ ዕዉት ንተወፋይነት ከርርኮ እንከሎ፡ ኣብ እቲ ትካል ናይ ምጽናሕ ዕድልካ የግሓይሮ እዩ።

ኣብ እዚ ጉዳይ ዕዉት ስራሕን ተወፋይነትን ናይ ቀረባ ሓለፍቲ ዘለዎም ተራ ኢቃለልካ ዝርአ ኣይኮነን። ናይ ቀረባ ሓለፊኻ ሃላይ እንተ ኾይኑ፡ ንተወፋይነትካ ብኣሉታ ክጸልዎ ይኽእል እዩ። ምኽንያቱ፡ መብዝሕትኦም ሰራሕተኛታት ንኣሰር ናይ ቀረባ ሓለፊኦም ክርእዩ እዮም ዝደልዩ።

ትካላዊ ተወፋይነት፡ ዕዉት ስራሕ፡ መኸሰብ ትካል፡ ... ኣብ ንሓድሕዶም እተኣሳሰሩ ወይ እተመራኸሱ እዮም። ኣብ እዚ ምዕቡል ግዜ፡ ኣብ መንጎ ትካላት ዘሎ ውድድር ካብ ዝኾነ ግዜ ንላዕሊ ኣብ ጥርዙ በጺሑ ስለ ዘሎ፡ ኣካየድቲ ስራሕ ኣብ ምሕደራኦምን ኣተሓሕዛ ሰራሕተኛታቶምን ልዑል ጥንቃቐ ይገብሩ ኣለዉ። እቲ ምንታይሲ፡ ንእሹቶ ጌጋ እንተ ደኣ ፈጺሞም፡ ትካሎም ካብ ውድድር ወጻኢ ክኸውን ይኽእል እዩ።

ክንዲ ዝኾኑ፡ ብሉጻት ሰራሕተኛታት ኣብ ምቑጻር ዘይገብርዎ ጻዕሪ የለን። ብሉጻት ሰራሕተኛታት ንምቑጻር ከኣ ኣብ ክፍሊት ደሞዝ ምስ ካልኦት ትካላት ኣብ ውድድር ክጽመዱ ይቕስቡ።

ሓንቲ ትካል ክኢላታት ሰራሕተኛታት ንምቑጻር ርቡሕ ደሞዝ ክትከፍል ዓቕሚ ዘይብላ እንተ ኾይና፡ ካልእ ኣማራጺ ክትእልሽ ግድን ይኸውን። ንኣብነት ጀመርቲ ሰራሕተኛታት ብምቑጻር፡ ባዕላ ከተሰልጥኖም ትኽእል እያ። የጉዳስ ንሳቶም እውን ክኢላታት ምስ ኮኑ፡ ርቡሕ ደሞዝ ክጠልቡ ይኽእሉ እዮም። እቲ ዘሰልጠኖም ትካል ወሰኽ ደሞዝ እንተ ዘይገይሩሎም ከኣ ናብ ካልእ ትካል ምግዓዞም ዘይተርፍ እዩ።

ኣብ ስራሕ ሓደስቲ ተቖጺርካ፡ ኣብ ፈለማ ብኣዝዩ ልዑል ወዕወዕ ስምዒት ወይ ወኒ እዮም ዝጅምሩ። እቲ ናይ ‘ሕጽኖት’ ግዜ ምስ ሓለፈ ግን ኩሉ ነገር ረሲሽ ክብሎም ይጅምር። ከም ሳዕቤኑ ናብ ትህኪት ገጾም ክምርሑ ይኽእሉ። እቲ ትካል ዝ. ተገንዚቡ፡ እቶም ሰራሕተኛታት ብወኒ ዝቕጽልሉ ሜላ ክተኣታቱ ይግባእ።

ኣብርቲዕካ ምስራሕ ንህይወትካን ሞያኻን ከም ዘመሓይሾ ኣብ ዝተፈላለዩ ኣጋጣሚታት ክግለጽ ንፀምዕ ኢና። መብዝሕትኦም ዕዉታት ሰባት ወጋሕታ እዮም ዝትንስኡ። እቶም ተራ ሰራሕተኛታት ከይተበራበሩ እንከለዉ ድማ ብዙሕ ስራሕ ክሰልጡ ይኽእሉ።

ንግሆ ካብ ድቃስካ ምስ ተበራበርካ፡ “ኣብ ስርሐይን ኣብ ህይወተይን ናይ ብሓቂ ገስጋስዶ እገብር ኣለኹ፧” ኢልካ ንገዛእ ርእስኻ ክትሓትታ ትኽእል ኢኻ። ነዚ ሕቶ ብቕንዕና ክትምልሳ እንተ ኽኢልካ፡ ንገስጋስካ ጸቡቕ ኣንፈት ከተትሕዞ ትኽእል ኢኻ።



## ኣንፈት ገስጋስ

ኣብ ህይወት ዘጋጥም ገስጋስ፡ ትኽ ዝበለ (linear) ኣይኮነን። ሓደ-ሸነኻዊ (one-dimensional) እውን ኣይኮነን። ኣብ ርእሲ እዚ፡ ንገስጋስና ምስ ዘይረኣዩ መለክዒታት ከነጸጽሮ ኣይግባእን። ምስ ገስጋስ ናይ ካልኦት ሰባት እናወዳደርና ክንልክዖ ምፍታን ከኣ፡ ናብ ምህውታት ገጹ ክምርሓና ይኽእል እዩ። ክንዲ ዝኾኑ ናይ ገዛእ ርእስና መለክዒታት እንተ መሃዝና ተመራጺ እዩ።

ብቕንዕና እንተ ተዛሪብና፡ ኣብ ነገራዊ ዓለም ኢና እንነብር ዘለና። ካብ ግዜ ህጻንነትና ኣትሒዝና፡ “ኣብ ህይወትካ ዕዉት ክትከውን እንተ ኾይንካ ብዝተፈላለዩ መንገድታት ሃብቲ ክተኻዕብት ኣሎካ።” ዝብል ዘረባ እናሰማዕና ዓቢና ኣለና። ዓቢ መንበሪ ገዛ ዝበለጸት ማኪና፡ ብዙሕ ኣታዊታት ዘምጽኡ ትካላት፡ ... ክትውንን እንተ ኽኢልካ ከም ዝበለጸ ገስጋስ ዘርኣኻ ኢኻ ብዩም ፈሊጥትኻ እትቕጽር።

ናይ ብሓቂ ነገራዊ ገስጋስ (materialistic progress) ብዝዕባ ምውህላል ገንዘብ ጥራይ ኣይኮነን። ምስ ክብርታትካ ዝሰነ ክኸውን እውን ኣለዎ።

ገለ ሊቃውንቲ፡ “ክሳብ ክንደይ ክውንን እኽእል፧” ኢልካ ንገዛእ ርእስኻ ምጭናቕ ኣድላዪ ከም ዘይኮነ እዮም ዝምጉቱ። ንሳቶም፡ “ዝበለጸ ህይወት ንክስተማቕር ናይ ብሓቂ ክሳብ ክንደይ ከድሊ ኣሎ፧” ኢልካ ንገዛእ ርእስኻ ምሕታት እኹል ምዃኑ እዮም ዝመኽሩ። እዚ ንጭንቀትካ ብርኡይ ከቃልለልካ ይኽእል እዩ።

ብርክት ዝበሉ መጽናዕትታት ከም ዘረጋገጽዎ፡ ልዑል ሃብቲ ንምውናን ሃረምረም ምስ እትብል፡ መጠን ጭንቀትካ ዝዩዳ እዩ ዝልዕል። ብመንጽሩ፡ ማእከላይ ሃብቲ ንምውናን እንተ ተበጊስካ፡ መጠን ጭንቀትካ ከም ዝንቆልቆል ኣረጋጊጾምዎ ኣለዉ።

ዘይተኣደነ ሃብቲ ንምኽዕባት ሃረምረም ዘይምባል፡ ማእለያ ዘይብሎም ብልጫታት እዩ ዘለዎ። ሓደ ካብኡ፡ ካብ ግዳማዊ ምውድዳር ወጺእካ ናብ ውሽጣዊ ዕዉት ንኽተድህብ ስለ ዘኽእለካ እዩ። ጎረቤትካ ወላድ ሰብ እትማስል ማኪና ስለ ዘሎዩ፡ ከምኡ ዓይነት ማኪና ስለ ዘይብልካ ክትሓፍም የብልካን። ኑታ ማኪና ዘድልያ ወጻኢታት ምስ ሸቶታትካን ክብርታትካን ዝሰነ ብዝዕባ ምኻኑ ክትሓስበሉ እዩ ዘለካ።

ኣብ ነገራዊ ሸነኽ እተመዝዞ ገስጋስ፡ ብዙሕ ትርጉም ክወሃቦ ከም ዝኽእል ንማንም ዘጠፍእ ኣይኮነን። የጉዳስ ንኽለንትናና ሓሊኹ፡ ኣብ ዘይመዋደቖና ክደርብዩና ከፍቅደሉ ኣይግባእን።

ህይወትና ዝዩዳ ምእንቲ ክምቅረልና፡ ክንጸ ነገራዊ ገስጋስ ንኻልእ ሸነኽ ገስጋስ እውን ኣብ ግምት ምእታው ከድልየና እዩ።

ንኣብነት ግደ ሞራላዊ ወይ ስነ ምግባራዊ ገስጋስ እምብዚ መጠን ዕዙዝ እዩ። ሞራላዊ ገስጋስ፡ ብሶላ ወይ ከምፓስ ባህርያት ተባሂሉ ይግለጽ እዩ። እዚ ዓይነት ገስጋስ እዚ፡ እምብዛ ረቂቕ ስለ ዝኾነ፡ ብዙሓት ሰባት ኣየቕልብሉሉን እዮም። እቲ ዝሓየለ ሸነኽ ዕቡየት ምኻኑ ግን ብዙሓት ሊቃውንቲ ይሰማምዑሉ።

ሞራል ዘለዎ ሰብ ብልዑል ቅንዕና እዩ ዝሰርሕ። ንኻልኦት ሰባት ዘለዎ ኣኽብሮትን ሓልዮትን ድማ ብኸፉት ልቢ ይገልጾ።

ናይ ሞራላዊ ገስጋስ ኣደናቒ ዝኾነ፡ መብዝሕትኡ ግዜ ንዓና ከይተፈለጠና ስለ ዝኸሰት እዩ። ንግሆ ካብ ድቃስካ ምስ ተበራበርካ፡ “ሎሚ ካብ ዝኾነ እዋን ንላዕሊ ስነ ምግባራዊ ኩይነ ኣለኹ፧” ኢልካ ክትሓስብ ኣይትኽእልን ኢኻ። ይኹን እምበር፡ ኣብ ካልኦት ሰባት ዘለካ ጽልዋ ከም ምርጫ ክትወስዶ ትኽእል ኢኻ። ዋላ ካልኦት ሰባት ኣብ ዘይርእዩኻ ህሞት፡ ሓደ ግብረ ሰናይ ተግባር ክትፍጽም ትኽእል ኢኻ።

ገለ ካብ ምልክታት ሞራላዊ ገስጋስ እዞም ዝስዕቡ ክጥቀሱ ይኽእሉ፥

- ዋላ ኣብ ዘይጥዕመካ እዋን፡ ቅንዕናኻ ምብራኽ።
- ኣብ ማሕበራዊ ፍትሕን ማዕርነትን ዘለካ ተገዳስነት ምዕባዩ።
- ዝበለጸ ክእለት ንጌጋኻ ምቕባልን ብእኡ ማሰረት ምምሕያሽ ምግባርን።
- ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ጸቕጢ፡ ንክብርታትካ ብሓያል ተወፋይነት ምዕቃብ።

ብዛዕባ ገዛእ ርእስኻ ዘይምእምኑኻ ሓቅታት ፊት ንፊት ክጋጥሙኻ እንከለዉ፡ ኣብ ፈለማ ልዑል ጸቕጢ ክሰዕሩልካ ይኽእሉ ይኾኑ። ተግባራትካን ክብርታትካን በብቑሩብ እናተመዓራረዩ ምስ መጽኡ ግን ዝበርካ ጸቕጢ ከም ዝጉድለልካ ከም ርዱእ ክወሰድ ይኽእል እዩ።

ምስ ሞራላዊ ገስጋስ ዝኸሰት ጸቕጢ፡ ምስ ዘለካ ቅንዕና ተኣሳሲሩ ዝመጽእ እዩ። ብዛዕባ ገለ ነገር ኣብ ግሉይ መሰመር ከም ዘበርካ ምፍላጥ፡ ገለ ቃዛ ወይ ዘይምቹእነት ዝፈጥር ክኸውን ይኽእል። ኣብ መወዳእታ ተግባርካ ምስ እቶም ዝዋመቑ ክብርታትካ ምስ ኣተኣሳሰርካዮም ግን ኩሉ ነገር ናብ ንቡር ከም ዝምለሰልካ ክቶ ክትጠራጠር ኣይግባእን።

> “ተወፋይነት እንተ ዘይሃልዩ - መብጽዓታትን ተስፋታትን ጥራይ ይሃልዉ። ወጥን ግዳ ኣይሃሉን እዩ።” - ፒተር ድራከር
>
> “ብዘይተወፋይነት ኣብ ዝኾነ ይኹን መደይ ህይወትካ ዕምቆት ክህልወካ ኣይክእልን እዩ።” - ሄል ኤልሮድ

ይቕጽል

# ዛዕባ ሎሚ

## ግህሰት ልኡላውነት ኤርትራን ውድቀት ትረኻታት ስርዓት ብልጽግናን

ዘሚካኤል ገብረክርስቶስ

1. ታሪኻዊ መሰረትን ጭብጥ ክውንነትን

ኤርትራ፡ ከም ኩለን ሃገራት ኣፍሪቃ ውጽኢት መግዛእታዊ ውዕላት ኮይና፡ ኣብ 1890 ጀሚሩ ብዝተፈላለየ እዋናት ብዝተኸተሉ መግዛእታዊ ስምምዓት (ኣብ 1900፡ 1902፡ 1908) ልኡላዊት ሃገርን ኣብ ካርታ ዓለም ዝቖመትን እያ። ብኣንጻሩ፡ ኣብ'ቲ እዋን'ቲ ኢትዮጵያ እትብሃል ሃገር ኣብ ካርታ ኣፍሪቃ ትፍለጥ ኣይነበረትን። እቲ 'ኣቢሲንያ' ተባሂሉ ዝጽዋዕ ዝነበረ ዞባ ከም ሃገር ተፈላጥነት ዘይነበሮ ኮይኑ፡ ካብቲ ሎሚ ዘሎ ኢትዮጵያ ንኣዝዩ ድሩት ጂኦግራፊያዊ ክሊ ጥራይ ዘጠቓልል ምንባሩ ታሪኻዊ ሓቂ እዩ። ይኹን እምበር፡ ተኸታተልቲ ስርዓታት ኢትዮጵያ ካብ ቀደም እዋን ፈደረሽን ጀሚሮም፡ ኩሉ ግዜ ኣብ ናይ ግዳም ሓይልታት ተለኣኣኽነትን ጽግዕተኛነትን ብምምርኳስ፡ ታሪኻዊ መሰረትን ጭብጥ ክውንነት ምቛም ሃገራትን ብምጉሳይ፡ ናይ ሓሶት ትረኻታት ብምፍብራኽ፡ ንህዝብታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ኣብ ዘየቋርጽ ጎንጽታትን ምስሕሓባትን ብምእታው ኩዓምዮዎ ጸኒሖም እዮም።

ስለዚ፡ ኤርትራ ከም ዘመናዊት ሃገር ኣብ ካርታ ዓለም ዝቖመትሉ መሰረት፡ ብተራ ታሪኻዊ ኣጋጣሚ ዘይኮነ፡ ብውዕላት ሕብረት ኣፍሪቃን ብኣህጉራዊ ሕግታትን ብንጹር ዝተረጋገጸ እዩ። ኣብ 1964 ኣብ ካይሮ ዝተኻየደ ጉባኤ ውድብ ሓድነት ኣፍሪቃ (ሕጂ ሕብረት ኣፍሪቃ)፡ ኩለን ኣባል ሃገራት ኑ ኣብ እዋን መግዛእቲ ዝተሓንጸጸ ዶባት ከም ዘለዎ ብምልኣት ኣኽቢረን ክቕበልኦ ታሪኻዊ ውሳነ ኣሕሊፈን እየን። ብተወሳኺ፡ እቲ ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ተላዒሉ ዝነበረ ናይ ዶብ ግጭት ብመሰረት ስምምዕ ኣልጀርስ (2000) ብናጻ ኣህጉራዊ ኮሚሽን ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን (EEBC) ኣብ 13 ሚያዝያ 2002 ናይ መወዳእታን ዘይግሃስን ሕጋዊ ብይን ተዋሂቡዎ እዩ። እዚ ስዒቡ ኣብ 2018 ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን እዚ ኣብ ላዕሊ ተጠቒሱ ዘሎ ሕጋዊ ውዕላት ብምኽባር ዝቕይድ ሓባራዊ ስምምዕ ሰላም ምሕዝነትን ተኸቲሙ። ስለዚ፡ ስርዓት ብልጽግና ኣብ ልዕሊ ልኡላዊ መሬት ኤርትራን ወደባታን ዝሓዞ ዘሎ ትረኻታት፡ እዚ ኣህጉራዊ ውዕላትን ብይናትን ብግሁድ ዝጥሕስ ሕጋዊ መሰረት ዘይብሉ ዕንደራ እዩ።

እንተኾነ፡ እዞም ወረራት እዚኦም እንተርፎ ታሪኻዊ ዕርበቶምን ውድቀቶምን ምቅልጣፍ፡ ዝኾነ ይኹን ዓወታት ዘይተገናጸፉ ምዃኖም ታሪኽ ዝመስከሮ ሓቂ እዩ። ህዝቢ ኤርትራ ክሳብ ሎሚ ዘቖዶ መኸተ፡ ኣንጻር ስርዓታትን ህዝብን ኢትዮጵያ ዘይኮነ፤ ኣንጻር እቶም ንመግዛእቲ ዝሳለዩ ርእሰ-ሓያላንን፡ እምብራጦርያዊ ሕልሚ ዘለዎም ዞባውያን ሓይልታትን እዩ። ህዝቢ ኤርትራ ዝም ሓይልታት እዚኦም ኣብ ባይታ ገጢሙ ብምስዓር፡ ናጽነቱ፡ ዝጨበጠ፡ ልኡላውነቱን ህላወኡን ብቕልጽሙ ኣህጉራዊ ሕጋዊ መሰረት ተኸቲሉ ዘውሓሰ ጽኑዕ ህዝቢ እዩ።

2. ኣብ ኢትዮጵያ ዘሎ መዋቕራዊ ፍሽለትን ውሽጣዊ ቅልውላውን

ኣብ ኢትዮጵያ ካብ መጀመርታ ክሳብ መወዳእታ ዝረአ ዘሎ ቀጻሊ ቅልውላው ብቐንዱ እንተተገምጊሙ፤ ውጽኢት ናይ'ቲ ሃገርን ሃገራውነትን ኣብ ምህናጽ ዘጋጠመ መዋቕራዊ ፍሽለትን ውድቀትን ምዃኑ ፖለቲካውያን ተንተንትን ምሁራትን ዝሰማምዕሉ ግሁድ ሓቂ እዩ። ናይዚ ቀንዲ ጠንቂ ከኣ፡ ኣብታ ሃገር ብተኸታተልቲ ስልጣን ዝሓዙ ስርዓታት፡ ካብ ዓሌታዊ፣ ኣሰፋሕፋሕን ከፋፋልን ፖለቲካዊ ስትራተጂታት ወጺኦም፡ ንመላእ ሕብረተሰብ ከጠምር ዝኽእል ሓባራዊ ሃገራዊ ስምዒትን ራእይን ዘለዎ ኢትዮጵያዊ ሃገራዊ መንነት ክሃንጹ ብዘይምኽኣሎም እዩ። ኢትዮጵያ ብሰንኪ መራሕታ ክፈጥሩዎ ዝጸንሑ ሓቀኛ ክውንነት ዝንደሎ ዲፕሎማሲያዊ ምስሊ፡ ኣብ ማሕበረሰብ ዓለም፡ ከም ሓንቲ ኣብከታዊትን ዓብይን ሃገር ክትውሰድ ጸኒሓ እያ። ኣብ ጭብጥ ኩነታት ግና ውሽጣዊ ሓድነታ ዝተናወጸ፡ ሓባራዊ ጠማሪ ሃገራዊ ባእታታት ዘይብላ፡ ኣብ ኣፍደገ ምግዛዛይን ምፍንጫልን ትርከብ ሃገር ምዃና ይፍለጥ።

ኣብዚ እዋን'ዚ፡ ካብ ሕሉፍ ታሪኽን ስትራተጂያዊ ጌጋታትን ናይቶም ዝሓለፉ ስርዓታት ዘይተማህረ ናይ ሎሚ ስርዓት "ሰልፊ ብልጽግና"፡ ብሰንኪ ዝኸተሎ ዘሎ ሰንከፍን ከፋፋሊን ፖሊሲታት፡ ነታ ሰላም ርሒቑዋ ዘሎ ኢትዮጵያን መላእ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃን ንምዝራግ ይህንደድ ኣሎ። ሰላምን ርግኣትን ተነፊጉዋ፡ ህዝባ ኣብ ትሕቲ ከቢድ ናይ ህልውና ወጥርን ዓሚቕ ድኽነትን ወዲቑ ይርከብ። ኣብ'ዚ ህሉው እዋን፡ መንግስቲ ብልጽግና ቀዳምነት ሂቡ ክሰርሓሉ ዝግባእ፤ ኣብ መንጎ ማሕበረሰብ ኢትዮጵያ ጠንቂ ዘይምርድዳእን ግጭትን ኮይኑ ዘሎ ዓሌታዊን ብሄራዊን ፖለቲካዊ ስርዓት ብምእላይ፡ ንዋሕስ ዝጠመተ ሓድሕዳዊ ምጽዋርን ምኽባርን ዝሕላገዩ ፖለቲካዊ ባህሊ ብምፍጣር፡ ሰላምን ርግኣትን ናይታ ሃገር ምውሓስ እዩ ነይሩ።

ኢትዮጵያ እትውንኖ ግዙፍ ጸጋ ዓቕሚ ሰብን ባህርያዊ ሃብትን ንረብሓ ህዝቢ ንምውዓል፡ መንግስቲ ካብ ግዳማዊ ጽግዕተኛነት ዝናግፍ ቁጠባዊ ፖሊሲ ክኽተል ይግባእ። ኣብ ኢትዮጵያ ዝተኸሰቱ ፍጹም ውሽጣዊ ሽግራት፤ ዓለምለኻዊ ማዕከን ገንዘብን (IMF) ባንክ ዓለምን (World Bank) ብዘበርክትዎ በልየናት ዶላራትን ብዘውጥንዎ ግዳማዊ ቁጠባዊ ምዕሪታትን ጥራይ ፍታሕ ዝረኽብ ኣይኮነን። ስርዓት ብልጽግና ግና ንውሽጣዊ ጠለባትን ሕቶታትን ህዝቢ ኣብ ክንዲ ምምላእ፡ ወተሃደራዊ ወፈራታትን ናይ ወጻኢ ጸላእቲ ከምዘለውዎ ኣምሲሉ፡ ነቲ ጸይቱዎ ዝርከብ ህዝቢ ኢትዮጵያ ንምስሓትን ንምቕሻሽን ዝጥቀመሉ ዘሎ ስልቲ ምዃኑ እዩ ዘርኢ።

3. ኣስፋሕፋሕቲ ትረኻታትን ስሩዓት ግህሰታትን

ስርዓት ብልጽግና፡ ካብ ዝሓለፉ ሰለስተ ዓመታት ጀሚሩ ልኡላዊ ኣፍደገ ቀይሕ ባሕሪ ንምውናን ዘለዎ ፖለቲካዊ ባህጊ ንምትግባር፡ ኩሉ ዓይነት ኣማራጺታት ክጥቀም ምዃኑ ብተደጋጋሚ ክገልጽ ጸኒሑ እዩ። ፖለቲካውያንን ወተሃደራውያንን ሰበስልጣን ናይቲ ስርዓት፡ ንቀይሕ ባሕርን ወደብ ዓሰብን ንምቁጽጻር ኣመልኪቶም ብተደጋጋሚ ክህቡዎ ዝጸንሑ መግለጺታትን መደረታትን፤ ንልኡላውነትን ምሉእ ግዝኣታዊ ሓድነትን ኤርትራ ብቐጥታ ዝደፍርን ከቢድ ስግኣት ዝፈጥርን ዝተወሳሰደ ውጥን ምዃኑ ይፍለጥ። ገለ ካብቲ ብሰበስልጣን ብልጽግና ብወግዓዊ ደረጃ ዝተገልጹ ወራራዊ ወጥናት ውሑዳት ንምጥቃስ፦

1. ሓምለ 2023፦ መራሒ ስርዓት ብልጽግና ንላዕለዎት ሰበስልጣን መንግስትን ኣካላት ጸጥታን ኣብ ዘቕረቦ መደረ፡ ጸኒሑ እውን ንህዝቢ ኣብ ዝተዘርግሐ መግለጺ፤ ቀይሕ ባሕሪ "ባህርያዊ መሰል ኢትዮጵያ" ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ኣብ ዝሓጸረ እዋን መፍትሒ እንተ ዘይተረኺቡ ወተሃደራዊ ጎንጺ (ኩናት) ዘይተርፍ ምዃኑ ኣጠንቂቑ።

2. 7 ጥቅምቲ 2023፦ ፕረዚደንት ክልል ኦሮምያ ኣብ ዘሕለፎ መልእኽቱ፤ "ባህላዊ በዓል ኢሬቻ ንዓመታ ኣብ ገማግም ቀይሕ ባሕሪ (ምጽዋዕ/ዓሰብ) ኢና ከነኽብሮ" ብምባል፡ ልኡላዊ መሬት ኤርትራ ንምግሃስ ዘለዎም ውጥን ብግሁድ ኣንጸባሪቑዎ።

3. ለካቲት 2025፦ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ኣብ ዝተኻየደ ጉባኤ ሕብረት ኣፍሪቃ፤ ልኡላዊ መሬት ኤርትራን ሶማልን፡ ብፍላይ ድማ ወደብ ዓሰብ ናብ ክሊ ግዝኣት ኢትዮጵያ ዘጠቓለለ ዘይሕጋዊ ካርታ ብወግዒ ኣቕሪቦም።

4. 2 መስከረም 2025፦ ሜጀር ጀነራል ተሾመ ገመቹ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፤ "ቀይሕ ባሕሪ ናይ ኢትዮጵያ እዩ፡ ብዝኾነ ይኹን ዋጋ ክንመልሶ ኢና፤ ወደብ ዓሰብ እውን ኣካል ክልል ቀይሕ ባሕሪ ኢትዮጵያ እዩ" ብምባል ልኡላዊ መሰል ኤርትራ ዝግህስ ተጻብኦ ኣስሚዑ።

5. 27 መስከረም 2026፦ ምክትል ዋና ኣዛዚ ሓይልታት ምክልኻል ኢትዮጵያ ጀነራል ኣበባው ታደሰ፤ "እቲ ኣብ ትግራይ ዝጀመረ መጥቃዕቲ ኣብኡ ከምዘየብቅዕ... መወዳእታ ዕላማና ወደብ ዓሰብ እያ፤ ናይ መወዳእታ ሸቶና ድማ ንጥንዱራ ኢትዮጵያ ኣብ ቀይሕ ባሕሪ ምትካል እዩ" ብምባል፡ እቲ ስርዓት ኣብ ልዕሊ ሃገረ ኤርትራ ወራር ንምኻያድ ዘለዎ ወተሃደራዊ መደብ ብወግዒ ኣዊጁ።

4. ኣህጉራዊ ሕግታትን መሰል ርእሰ-ምክልኻል ኤርትራን

ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን፡ እዚ ብስርዓት ብልጽግና ዝደሰኞ ዘሎ ዳንኬራ ኩናት ዝድርኽ ዝኾነ ይኹን ናብ ወተሃደራዊ ግጭት ዘምርሕ ክልተኣዊ ጉዳይ ከምዘየለ ግሁድ ሓቂ እዩ። ይኹን እምበር፡ ስርዓት ብልጽግና ኣንጻር ኤርትራ ዝኽተሎ ዘሎ ቅሉዕ ናይ ተጻብኦ ፖሊሲ፤ ዕላማታትን ባህግን ናይቶም ካብ ገማግም ቀይሕ ባሕሪ ክሳብ ገማግም ህንዳዊ ውቅያኖስ ዘለዉ ወደባት ክቆጻጸሩን ከስፋሕፍሑን ዝደልዩ ዞባውያን ሓይልታት ንምትግባር ዝዓለመ ጥራይ እዩ። እዚ ድማ ኣብ ልዕሊ ህዝብታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ቅሉዕ ናይ ወራርን ጥፍኣትን ኩናት ብምእዋጅ፡ ህይወትን መጻኢ ዕድላት ንጹሃን ዜጋታትን ኣብ ከቢድ ሓደጋ ዘውድቕ እዩ።

ብኣህጉራዊ ሕጊ መሰረት፡ ዝኾነት ኣፍደገ ባሕሪ ዘይብላ ሃገር፡ ብዘይ ሕጋዊ ስምምዕን ፍቓድን ናይታ ኣፍደገ ባሕሪ እትውንን ሃገር፡ ብሓይሊ ይኹን ብጸቕጢ ናይ ባሕሪ ዋንነት ክትረክብ ይኹን ተጠቃሚት ክትከውን ፍጹም ኣይፍቀደላን እዩ። ከምዚ ዝኣምሰለ ኣስፋሕፋሒ ትምኒት ንምትግባር ዝግበር ፈተነ፤ ነቲ ብኣህጉራዊ ደረጃ ተፈላጥነት ዝረኸበ ልኡላዊ ዶባትን ግዝኣታዊ ሓድነትን ናይ ሃገራት ብግሁድ ዝግህስ ተግባር እዩ። ኣብ ቻርተር ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዓንቀጽ 2 (4) ብንጹር ሰፊሩ ዘሎ ሕጊ፡ ኩለን ኣባል ሃገራት ኣብ ናይ ካልኦት ሃገራት ግዝኣታዊ ሓድነትን ፖለቲካዊ ናጽነትን ካብ ምጥሓስ፣ ሓይሊ ካብ ምጥቃም ወይ ብሓይሊ ካብ ምፍርራሕ ክሕቆባ ዘስገድድ እዩ። ስርዓት ብልጽግና ዘካይዶ ዘሎ ቅሉዕ ናይ ዘመተን ምፍርራሕን ተግባራት፡ እዚ መሰረታዊ መትከል ኣህጉራዊ ሕጊ ብግሁድ ዝግህስን ንሰላምን ጸጥታን ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ኣብ ዓቢ ሓደጋ ዘእቱን እዩ።

ብኣንጻር ናይዚ፡ ኤርትራ ካብ ጽባሕ ናጽነታ ጀሚራ፡ ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪቃ ኣብ ነንሕድሕደን ዝተኣሳሰራሉ ሓያል ዞባዊ ወህደት ንምፍጣር፤ ኣብ ናጽነት፣ መሬታዊ ምሉእነት፣ ምኽባር ልኡላውነት፣ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳይ ሃገራት ጣልቃ ዘይምእታውን ብሸርክነት ንሓባራዊ ረብሓ ምስራሕን ኣሚና ብትግሃት እትሰርሕ ዘላ ልኡላዊት ሃገር እያ። ኤርትራ ከም ልኡላዊት ሃገር፡ ናታ ዶባት፡ ባሕርን ኣየርን ናይ ምውሓስን ምሕላው ኣህጉራዊ መሰልን ግዴታን ዘለዋ ምዃኑ ብምግንዛብ፤ ዝኾነ ይኹን ከምዚ ዓይነት ዕንደራ ዝተሓወሶ ዕቡዳን ተቓባልነት ከምዘይብሉን፡ ሃገራዊ ርእሰ-ምክልኻል ውሑስ መሰል ምዃኑን ዘረጋግጽ እዩ።

5. መደምደምታን ቀጻሊ መኸተን

ከም'ቲ ክቡር ፕረዚደንት ሃገረ ኤርትራ ኣቶ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ "ናጽነትና ብሽሓኒ ወርቂ ገይሩ ከም ህያብ ዘቐበልናዮ የለን" ዝበሎ፤ ህዝቢ ኤርትራ ኑ ብብመድረኹ ዝገጠምዎ ናይ ህላወ ሕቶታትን ጸንከራት ፈተነታትን መኪቱ ናጽነቱን ልኡላውነቱን ብኽቡር ደሙን ብሓይሊ ቅልጽሙን ዘረጋገጸ ጽኑዕ ህዝቢ ከም ምዃኑ፡ ሎሚ እውን ልክዕ ከምቲ ኣብ ሕሉፍ ዘመስከሮ፡ ዝፍጠሩ ጸንከራት ፈተነታት መኸተ ዝእግሞ ህዝቢ ኣይኮነን። እዚ ካብ ታሪኻዊ ውድቀትን ዕርበትን ናይቶም ዝሓለፉ ወረርቲ ስርዓታት ዘይተማህረ ናይ ሎሚ ስርዓት ሰልፊ ብልጽግና፡ እዚ ዘውዲ ሓቂ ዝኾነ ልኡላውነት ኤርትራ ክትንክፍ ዝጉብሮ ዘሎ ፈተነታት መወዳእታኡ ውድቀት ጥራይ እዩ። ህዝቢ ኤርትራ ብቦዶ ፈኸራን ዋጭዋጭታን ስርዓታት ኢትዮጵያ ተሰናቢዱ ካብ ሃገራዊ መኸተኡ ተሰናኺሉ ኣይፈልጥን። ኣብዚ እዋን'ዚ፡ ብስርዓት ብልጽግና ዝግበር ዘሎ ናይ ኩናት ዳንኬራን ተጻብኦን፡ ልክዕ ከምቲ "እቲ ከልቢ ይኑብሕ እቲ ገመል ግና ቀሲኑ ጉዕዞኡ ይቕጽል" ዝበሃል ግብራዊ ብሂል ኣቦታትና፤ ንመትከል፣ ምርግጋእን ናይ መወዳእታ ዓወትን ህዝቢ ኤርትራ ዝቕይሮ ኩቶ ዋላ ሓደ ሓይሊ የለን።

### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 10:15 | ብሚኒስትሪ ትምህርቲ ዝዳሎ ኣካዳሚያዊ መደብ |
| 11:45 | ደርፌ |
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ድራማ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ተክ ኢንሳይት |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | መደብ ቴራብ |
| 14:25 | መደብ ህርመት |
| 15:30 | ብሚኒስትሪ ትምህርቲ ዝዳሎ ኣካዳሚያዊ መደብ |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ደርፌ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | መደብ ማእገር |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | መልሲ ኣብ መስመር |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ሰነዳዊት ፊልም 'ትም ምባል ስለዘመረጸ' 1ይ ክፋል |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ደርፌ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | ፈንቅል |

# ስፖርት

ኣብርሃም ዮውሃንስ (ወዲ ዕቋር)

## ኣህጉራዊ መዓልቲ ኦሎምፒክ ኣብ ከረን ተዘኪራ

ኣህጉራዊ መዓልቲ ኦሎምፒክ ብ25 ጥቅምቲ ኣብ ከተማ ከረን ተዘኪራ።

ኣብቲ ሓለፍቲ ክፍልታት ምምሕዳር ዞባ፡ ግንባርን ሃገራውያን ማሕበራትን ማሕበረሰብ ስፖርትን ከምኡ'ውን ብርክት ዝበሉ ተመሃሮ ዝርከብዎም ስፖርታውያን ዝተረኽብሉ ኢጋጣሚ፣ ቡበክሊ ዕድመ ዝተፈላለዩ ውድድራት ተኻይዱ።

ናይ ሎሚ ዓመት መዓልቲ ኦሎምፒክ ኣብታ ሃብታም ተመኩሮን ፍቕሪ ስፖርትን ዘለዋ ከተማ ከረን ይዝከር ምህላዉ ፍሉይ ከምዝገብሮ ዝሓበረ ፕረሲደንት ሃገራዊ ኮሚተ ኦሎምፒክ ኤርትራ ኣቶ ሚካኤል ተኽለሚካኤል፡ ቀንዲ ተልእኾ ዓለማዊ መዓልቲ ኦሎምፒክ፣ ምኽሳኩስ ብስነምግባርን ትሕትናን ቅንዕናን ዝተሃንጹ፡ ብክብርታት ሃገራዊ መንነቱን ሰንደቕ ዕላማኡን ዝሕብን ስፖርተኛ ከምኡ'ውን ኣብ ጥዑና ሕብረተሰብ፡ ትምህርትን ጥዕና ኣከቡበን ዝወፍር መንእሰይ፣ ምኽሳኩስ ዘይተጠቃምነት ሓይሊ ዝህቡ መድሃኒታት ምዃኑ ገሊጹ።

ኣቶ ሚካኤል ኣብ መውዳእታ፡ ምህናጽ ስልጥንትን ብልጽግትን ሃገር፡ ዝተማልአ ጥዕና ዘለዎ ሕብረተሰብን ኣብ መንእሰያት ብእንጉብሮ ወፍሪን ዝምርኮስ ብምዃኑ፡ ኩልና እጅግና ሰብሲብና ንዕብየት ስፖርት ሃገርና ዘይሕለል ጻዕሪ ክነበርክት ለበዎኡ ኣቕሪቡ።

ኣብቲ ኢጋጣሚ ሓብራዊ ጉያ ናይ ልዕሊን ትሕትን 40 ዓመትን ህጻናትን ከምኡ'ውን ውድድር ጉያ ምኩራት ኣትሌታት ተኻይዱ። ናይ ሰለስተ ኪሎ ሜተር ውድድር ዘካየዱ ኣትሌታት፣ ንፍታሌም ኣሚኑ፡ እድሪስ ዓብደላ፡ ሓምድ ዑመር ኣብ ናይ ደቂ-ተባዕትዮ፡ ሪም ኣብድ፡ የርሳሌም ወሉድ፡ ምሲጋና ተኸለሰንበት ኣብ ናይ ደቂ-ኣንስትዮ ቀዳሞት ሰለስተ ዕወታት ኮይኖም።



እዚ ከምዝሉ ኩሉ ሃገራዊ ኦሎምፒክ ኤርትራ፡ ብ24 ጥቅምቲ ንኹለን ፌደረሽናት ስፖርት ዞባ ዓንሰባ ስልጠና ወዲቡ።

## ከረን - ሻምፕዮን ቀዳማይ ዲቪዝዮን ኵዕሶ እግሪ ይቕጽል

ግጥማት ሻምፕዮን ቀዳማይ ድቪዝዮን ከተማ ከረኑ ዝሓለፈ መዓልታት ኣብ ስታድዮም ከረን ብኣርባዕተ ግጥማት ቀጺሉ።

ፈለማ ንዳርሰላም ምስ ኣስሙድ ዘራኸበ ጸወታ ክቶደድ እንከሎ፡ 1-ብ1 ብዘኸሉ ናይ ሓቢር ዓወት ተዛዚሙ። ኢትዓብር ምስ ደንደን ኣብ ዘካየደቶ ግጥም፡ እታ ኣብ መበል 40 ደቒቕ ሹቶ ዝረኸበት ደንደን 1-ብ0 ተዓዊታ። መስጦፋ መሓመድኑር ድማ ብሉጽ ተጻዋታይ ተባሂሉ። ኣብቲ ኣዘሬር ኣብርሃም ብሉጽ ተጻዋታይ ዝተባህሉ ጸወታ ግዛ ጥንዳን ደሴትን ከኣ፡ ግዛ ጥንዳ 3-ብ1 ሰዒራ። ኣልነጅምን ከረን ጀዲድን ኣብ ዘካየድኦ ግጥም ድማ፡ ኣልነጅም 1-ብ0 ክትዕወት እንከላ፡ ያፌት የውሃንስ ብሉጽ ተጻዋታይ ናይቲ ግጥም ተባሂሉ። ሻምፕዮን ቀዳማይ ድቪዝዮን ከተማ ከረን ዝመጽእ ቀዳመሰንበት ውድድራቱ ክቕጽል'ዩ።

## ምባጥ ብዝወለዖ ጓህሪ፡ ህዝቢ ቻይና ይቕሬታ ይሕተት



ፕረዚደንት ሊግ ስጳኛ ጃቪር ተባሱ ብስም ላ ሊጋ ንህዝቢ ቻይና ይቕሬታ ሓቲቱ።

ክልያን ምባፐ፡ ብዛዕባ ናይ ቀደም መራሒ ቻይና ኣመልኪቱ ብምሕጫጩ ቻይናውያን ሓያል ቀጥዐ ፈጢሩሎም ከም ዝርከብ ይግለጽ። እዚ ሰዒቡ ተባስ ኣብቲ ናይ 'ኤክስ' ሕሳቡ ኣብ ዘለጠፎ መግለጺ፡ "ንሕና እዚ ሃገር ክፈጥሮ ዝኽእል ጉድኣት ንግንዘቦ ኢና። ኣነ ድማ ኣብ ክንዲ ሊጋ ስጳኛ ብምዃን ንህዝቢ ቻይና ዓሚቝ ይቕሬታ እሓትት፡" ኢሉ።

ተባሱ እቲ ሊግ ምስ ሰብ መዚ ቻይና፡ ትካላት ስፖርትን ማዕከናት ተለቪዥንን ናይታ ሃገር ንነዊሕ ዓመታት ኣብ ምኽባር፡ ምትእምማንን ሕብረትን ዝተመስረተ ዝምድና ከም ዝሃጹ እዩ ዝገልጸ። በዚ መሰረት ናይ ውልቀ ሰብ ተግባር ን320 ክለባት ጉዳይ ክጉብር ከም ዘይፈቕዱ ይሕብር።

ብርክት ዝበላ ትካላት ቻይና ብዮጊደኦን ምስዚ ፈረንሳዊ ተጻዋታይ ዝጸንሐን ርክብ የወንዘፍኦ ከም ዘለዋ 'በቢሲ' ገሊጹ። ሓንቲ ካብ ዝዓበያ መርበባት ስፖርት ቻይና ዝኾኑት 'ዶንግኪዶ' ድማ ንምባፐ ካብ ሽልማት ባሎን ደ ኦር 2026 ክትሓኮ ወሲና። እታ መርበብ ሓበሬታ፡ ሃሪ ኬን ቀዳማይ ከም ዝወጸአ ብምግላጽ፡ ኣብ ክንዲ ስም ናይቲ ካልኣይ ዝወጸአ ምባፐ ከኣ "ከምዚ ዓይነት ሰብ የሎን" ብምባል ጽሒፋ። ምባፐ፡ ኣብ ሓደ ናይ ተለቪዥን ናይ ምዝንጋዕ መደብ ቀሪቡ፡ ብዛዕባ ናይ ቀደም ፕረዚደንት ቻይና ማኦ ዘዱንግ ንቻይናውያን ዘቖጥዐ ርእይቶ እዩ ኣቕሪቡ። በቢሲ፡ እቲ ምባፐ መግለጺ ዝሃበሉ ቀንዲ ቪድዮ ኣብ 'ዩቱብ' ከም ዘየሎን ንፈለማ ግዜ መዓስ ከም ዝተፈነወ ከም ዘይፍለጥን ሓቢሩ።



## ፒኤስጂ ናብ ቸልሲ ተቋምት

ብመጉዳእቲ ወሰንቲ ተጻወትቲ ትሳቐ ዘላ ናይ ልዊስ ኤንሪከ ፒኤስጂ፡ ናይ ቅድሚት መስመራ ንምድልዳል ኣብ ወርሒ ጥሪ ንኢስተቨው ዊልያን ብለቓሕ ንምምጻእ ልዩት ቸልሲ ተቋምት ከም ዘላ ተገሊጹ።

ኤንሪከ፡ መስመር ምጥቃዑ ብኮራት ካቫርሸኬልያን ደምበለን ኢጋጠምዎ ብምህላዉ፡ ኣብ ሓጺር ግዜ መሳርዑ ክደላድል ዝኽእል ተጻወታይ ኣብ ምድላይ'ዩ ዝርከብ፡ ንወዲ 19 ዓመት ተጻዋታይ ቸልሲ ብራዚላዊ ኢስተቨው ዊልያን ከኣ፡ ቀዳማይ ምርጫ ብምግባር ምስ ቸልሲ ዝርርብ የካይድ ኣሎ። ንዊሕ ግዜ ምስኣ ክጸንሕ ባህጊ ዘለዋ ቸልሲ ብዮጊዴኡ፡ እዚ ተጻዋታይ ተመኩሮ ንምቕሳም ብለቓሕ ክሰጋገር ድሌ ኣለዋ። ኣብ መንጎ ተቐዳሮቲ ኮፍ ዝበሉሉ ደቓይቕ ኣብ ግምት ብምእታው ድማ፡ መቐጸልቲ ዘለዎ ናይ ልቓሕ ስምምዕ ክትገብር ኣንቂዳ ኣላ።

ካብ ፓልሜራስ ኣብ 2025 ናብ ቸልሲ ዝተጸንበረ ኢስተቨው፡ ኣብ ቸልሲ ስሩዕ ቦታ ክሕዝ ኣይከኣለን ዘሎ።



## ሃሪ ኬን፡ ትጽቢት 25 ዓመት መኽተምታ ገይሩሉ

ሃሪ ኬን ድሕሪ 2001 ቀዳማይ 'ባሎን ደ ኦር' ዝተዓወተ እንግሊዛዊ ብምዃን ብቐዳሚ ትማሊ ኣብ ዝተኻየደ ጽንብል ተረቒሑ።

ኣብቲ ኣብ ከተማ ሎንደን ዝተኻየደ ናይ ሽልማት ስነስርዓት ባሎን ደ ኦር 2026፡ ወዲ 33 ዓመት ኣጥቃዓይ ባየር ሙኒክ ሃሪ ኬን ቀዳማይ ክወጽእ እንከሎ፡ ክልያን ምባፐን ላሚን ያማልን ካልኣይን ሳልሳይን ብምዃን ሰዒቦሞ።

ሃሪ ኬን ዝሓለፈ ዓመት ኣብ 51 ግጥማት ናይ ክለቡ፡ 61 ሸቶታት ኣቑጺሩ። ኣብ 65 ግጥማት ሃገራዊት ጋንታ እንግሊዝ ከኣ፡ 73 ሸቶታት ብምቁጻር ጸብለል ኩብል ዝኽኣለ'ዩ። ኬን ኣብ ሓደ ወቕቲ ብዙመዝገቦ ሸቶታት፡ ንመሲ ሰዒቡ ንሮናልዶ በሊጹ ክብረ-ወሰን ሓዙ'ሎ። ኣብታ ዝተወልደላ ከተማ እዚ ሽልማት ምዕታሩ ከኣ ፍሉይ ጽንብል ክኸውን ኣኽኢልዎ።

ኬን ንውልቀ ሰብ ዝወሃብ ዝልዓለ ሽልማት ኵዕሶ እግሪ ብምልዓሉ ኑቲ ንዓመታት ኣብ ልዕሊኡ ክዘንብ ዝጸንሐ ሕጫጩ መሪጸምታ ገይሩሉ ደርከቡ፡ ዝተፈላለያ ማዕከናት ዜና ከኣ ንዓወቱ ዝተፈላለየ ኣርእስቲ እናሃባ ኣብ ምጅንባል ይርከባ። ኣብ ፈረንሳ እትሕተም ጋዜጣ 'ለ ኣኪፕ' "ንጉስ ሃሪ" ኢላ ኣርእስቲ ድሕሪ ምሃብ፡ "ደጊም ስዑር ኣልኮም ኣይትጸውዕዎ" ኢላ፡ ጉዕዞ ኬን ናብ ሕልሙ ዝዘርዘረት ኢጣልያዊት 'ላ ጋዜታ ደሎ ስፖርት' ከኣ፡ "ንጉስ ኬኑ ንጉስ ዓለም፡" ክትብል ገሊጻቶ። ክለቡ ባየር ሙኒክ ብዮጊዴኣ ሃሪ ኬን ዛ ጸዋእ ናብ ክለቡ ብምምጻኡ፡ ንኽብሩ ብወርቃዊ ቀለም ዝተጻሕፈት ቀጽሪ 9 ማልያ ዘርጊሓ ትርከብ፡ እንግሊዛውያን ኑታ ኣብ 2001 ማይክል ኦወን ክዕወት እንከሎ ዝረኣዩዋ ሽልማት፡ ድሕሪ 25 ዓመት ብሓለቓ ጋንታኦም ክርእዩዋ ብምብቕዖም ድማ፡ ሓጎሶም ኣብ ምግላጽ ተጸሚዶም ይርከቡ።



ኬን ድሕሪ ዓወት ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ "ብዙሓት እዚ ኣይራኣስበዎ'ኳ ኣነውን ክንደዚ ርሑቕ ክጉዓዝ ሓሳብ ኣይነበረንን" ኢሉ።

## ካሪክ፡ ኣብ መዝነቱ ክጸንሕ'ዩ

### ማን.ዩናይትድ ብክልቢ ተመስሪታ፡ ብፈረስ ተሰይራ፡ ብኣትማንን ኣናጹን ተደምሲሳ

ትማሊ ንግሆ፡ ሚክኤል ካሪክ ካብ ናይ ልምምድ ስፍራ ክወጽእ ተራእዩ። ብዙሓት ወገናት ከኣ፡ ጉዕዞ ሸሞንተ ግጥማት ብዘይ ዓወት ኣኽቲሙ ክብሉ ተራእዮም። ምስንባት ናይዚ ኣሰልጣኒ ከኣ፡ ርጉጽ ኣምሲሎሞ ነይሮም። የግዳስ ወዲ 45 ዓመት ሚክኤል ካሪክ ዝመጽእ ሰሙን ንማንቸስተር ዩናይትድ መሪሑ ኣንጻር ቸልሲ ክጻወት ምዃኑ ክፍለጥ ተኻኢሉ።

ናይ ሰነበት ስዕረት ዩናይትድ ብቦርንማውዝ መጻኢ ካሪክ ኣብ ሕቶ ምልክት ክወድቕ ዝገበረ'ዩ። ሓለፍቲ ናይታ ክለብ ድማ፡ ብናይ ቅድም ኣሰልጣኒ ኒውካስል ዝነበረ ኤዲ ሃው ወይ ናይ ቅድም ኣሰልጣኒ ሃገራዊት ጋንታ ጀርመን ጁልያን ነገልስማን ንምትካኡ ከም ኣማሪጺ ሒዞሞ ደርከቡ። ይኹን እምበር ካሪክ ክጸውት ናይ ቸልሲ ግጥም ኑታ ክለብ ከተንስኣ ዕድል ከም ዝተውሃቦ ምንጭታት ይገልጹ።

ካሪክ ንኣሞሪም ተኪኡ ኑታ ክለብ ድሕሪ ምርካቡ፡ ኣብ ወርሒ ግንቦት'ዩ ቀዋሚ ኣሰልጣኒ ዩናይትድ ክኸውን መዚኑ ሒዙ። ናብ ሻምፕዮንስ ሊግ ክመልሳ ብምኽኣሉ ሞገስ'ኳ እንተ ረኸበ፡ ኣብዚ ዓመት ግን ካብ ሸሞንተ ናይ ሊግ ግጥም ሓንቲ ዓወት ብምምዝጋቡ ክውቀስ ጸኒሑ።



ሊሳንድሮ ማርቲነዝ ዝርከብዎም ብርክት ዝበሉ ወገናት፡ ጠንቂ ድኸም ወጽኢት ናይታ ጋንታ ወሰንቲ ወፍሪ ብዘይምግባርም ዝሰዓበ ከም ዝኾነየም ዝሕብሩ። ከም ብሩኖ ፈርናንደስ ዝኣመሰሉ ከኣ፡ ንታክቲክ ካሪክ ይነቕፉ። እንተ ደገፍቲ ማንዩናይትድ ግኑ "ማንዩናይትድ ብክልቢ ተመስሪታ፡ብፈረስ ተሰይራ፡ ብኣትማንን ኣናጹን ተደምሲሳ" ብምባል ጠንቂ ድኽመቶም ከሎም ተሓተትቲ ምዃኖም ይገልጹ።

## ላውታሮ ማርቲነዝ፡ ኣብ ናይ ደርቢ ግጥም ኣይከርክብን'ዩ

ኢንተር ሚላን ሓለቓ ጋንታኣ ላውታሮ ማርቲነዝ ኣንጻር ኤሲ ሚላን ኣብ እተካየዶ ናይ ደርቢ ግጥም ከም ዘይርከብ ተሓቢሩ።

ላውታሮ ማርቲነዝ ድሕሪቲ ምስ ክለብ ብሩገስ ዘካየድዎ ግጥም፡ ኣብ ኣርባዕተ ጸወታ ኣብ ሜዳ ኣይተርኣየን። ኣብቲ ቀዳም 31 ጥቅምቲ ምስ ኤሲ ሚላን ዘለዎም ጸወታ ድማ ኣይከርክብን'ዩ። ብኮራት ላውታሮ ማርቲነዝ ከኣ፡ ኑታ ጸዑቕ ሓሙሽተ መዓልታት እተሕልፍ ኢንተር ተወሳኺ ጸቕጢ ክፈጥረላ'ዩ። ሎሚ ምስ ሽዙያ ጸወታ ዘለዋ ኢንተር፡ ብርክት ዝበሉ ተጻወትታ ካብ ጸወታ ወጻኢ ኮይኖም ብምህላዎም ኣሰልጣኒኣ ኣብዚ ናይ ሎሚ ግጥም ዑደት ተጻወትቲ ክኸተል ትጽቢት ይግበረሉ።

ኩርቲስ ጆንሱ፡ ጆን ስቶንስን በንጃሚን ፕቫርድን ዋላኳ ኣብ ናይ ሎሚ ግጥም ከርክቡ ኣጠራጠርቲ እንተኾኑ፡ ንኣሰልጣኒ ኢንተር ክርስትያን ቺቩ ግን ተስፋ ፈጢሮምሉ ኣለው።



## መደብ ጸወታ

### ሎሚ

### ካራባኦ ካፕ

ማንሲቲ - ብራይተን 10:30 ድ.ቓ

ፉልሃም - ፓላስ 10:45 ድ.ቓ

ቦርንማውዝ - ኣስቶን ቪላ 10:45 ድ.ቓ

ሳንደርላንድ - ብረንትፎርድ 10:45 ድ.ቓ

ሊቨርፑል - ቸልሲ 11:00 ድ.ቓ

# ዜና ዓለም

ሸዊት ተኽለ

## ላዕለዎት ሰበ ስልጣን ኢራን፡ ስዑዲ፡ ቱርኪን ፓኪስታንን ዘትዮም

ምክትል ጸሓፊ ቤት ምኽሪ ሃገራዊ ድሕነት ኢራን ዓሊ ባገሪ፡ ሚኒስተር ምክልኻል ስዑዲ ዓረብ ኻሊድ ቢን ሳልማን፡ ኣዛዚ ሰራዊት ፓኪስታን ኣሰም ሙኒርን ሓላፊ ስለያ ቱርኪ ኢብራሂም ኻሊንን፡ ኣብ ርእሰ ከተማ ጣህራን - ኢራን ተራኺቦም ከም ዝዘተዩ ተሓቢሩ። እቶም ሰበ ስልጣን ብዘውሰኹ፡ ምስ ኢራናውያን ሰብ መዚ ኣብ ሓባራዊ ኣኼባ ክሳተፉ መደብ ከም ዘለዎም ገሊጾም።

ብዘውሰኺ ኢራንን ሰለስቲኦን ሃገራትን እስላማዊት ሪፓብሊክ ኢራን ኣብ ምድልዳል ሃገራዊ ድሕነት ዝረኸበቶ ዕወት ተመኪሮ ብምጥቃም ወሸጣዊ ዞባዊ ጸጥታ ንምፍጣር ክተሓባበራ ከም ዝኽእላ ኣረዲኦን።

ኣቐዲሙ ኣገልግሎት ዜና ሮይተርስ ንኽልተ ምንጭታት ብምጥቃስ፡ ላዕለዎት ሰበ ስልጣን ስዑዲ ዓረብ፡ ቱርኪን ፓኪስታንን ማለት ሰለስቲኦን ኣባል ሃገራት 'ውዕል መካ' ኣብ ጣህራን ምስ ሰበ ስልጣን ኢራን ብምርኻብ ብዛዕባ ዞባዊ ምውህሃድ ክዘተዩ መደብ ተታሒዙ ከም ዝነበረ ጸብጺቡ ምንባሩ ኣይርሳዕን።

ሰበ ስልጣን ሰለስቲኦን ኣባል ሃገራት ውዕል መካ፡ ኣብ መጀመርታ ጥቅምቲ ኣብ ሪያድ ኣብ ዘካየድኦ ህጹጽ ኣኼባ፡ ወተሃደራዊ ዓቕምታተን ብቐልጡፍ ንስዑዲ ዓረብ ካብ መጥቃዕቲ ንምክልኻል ክቕንዕ ኣብ ስምምዕ ምብጻሖም ኣይርሳዕን።



## "ኣመሪካ፡ ኣብ ልዕሊ ኢራን ሓዲሽ መጥቃዕቲ ክትፍጽም ትኽእል'ያ" ሲ.ኤን.ኤን




ወተሃደራዊ ቤት ጽሕፈት ፔንታጎን፡ ካብ ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ ትእዛዝ ምስ ዝረኸበ ኣብ ውሽጢ 96 ሰዓታት ኣብ ልዕሊ ኢራን ሓዲሽን ዓበይቲ ክኾኑ ዝኽእሉን ወተሃደራዊ ስርሒታት ንምጅማር ድሉው ምዃኑ፡ ሲ.ኤን. ኤን ንውሽጣዊ ምንጭታት ኣመሪካ ብምጥቃስ ሓቢሩ።

ኣመሪካ፡ ኣብ ማእከላይ ምብራቕ መጥቃዕቲ ንምፍጻም እኹል ሓይልታት ኣዋፊራ ከም ዘላ፡ እቲ ጸብጻብ ወሲኹ ኣረዲኡ።

ሰበ ስልጣን ስለያ ኣመሪካ፡ ኢራንን ሓቲን ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ኣብ ልዕሊ ኣመሪካ ወይ እስራኤል ናይ ቅድመ-ምክልኻል መጥቃዕቲ ክፍጽሙ ተኽእሎ ከምዘየለ'ኳ እንተገለጹ፡ ኢራን መጀመርያ ብሓይልታት ኣመሪካ ወይ እስራኤል ዒላማ እንተኾይና ግን ምላሽ ካብ ምሃብ ድሕር ከም ዘይትብል፡ እቲ ጸብጻብ ይሕብር።

ጋዜጣ ኒውዮርክ ታይምስ ብወገኑ፡ ዝሓለፈ ሰሙን ኣብ ዘዘርገሖ ጸብጻብ፡ ኣመሪካን እስራኤልን ድሕሪ ናይ መፋርቕ ምርጫ ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ኢራን ዳግማይ መጥቃዕቲ ንምፍጻም ፍሉይ መደብ ከም ዘውጽኣን፡ ዕላማታቱ ድማ ትሕተ ቅርጺ ጸዓት፡ ትካላት ኒዩክለርን ሚሳይላትን ሰብ ኣልቦ ነፈርትን ኢራን ንምጥቃዕ ክኸውን ከምዝኽእልን ሓቢሩ።

ይኹን'ምበር፡ ትራምፕ ኣብ'ዚ ዓመት ዓበይቲ ውግኣት ንምኽያድ ዝነበሮ መደባት ብተደጋጋሚ ስለዘሰረዘ፡ ሓድሽ መጥቃዕቲ ከም ዘጽድቕ ርጉጽ ከምዘይኮነ፡ እታ ጋዜጣ ኣመልኪታ።

## ብራዚል - ሉላ ዳ ሲልቫ ንራብዓይ እብረ ፕረዚደንት ኩይኑ ተመሪጹ

ፕረዚደንት ብራዚል ሉላ ዳ ሲልቫ፡ ንራብዓይ እብረ ፕረዚደንት ናይ'ታ ሃገር ክኸውን ከም ዝተመርጸ፡ ብዓል መዚ ምርጫ ብራዚል ኣፍሊጡ።

ብራዚል ኣብ 1988 ህዝባዊ ምርጫ ከተካይድ ካብ እትጅምር ንደሓር፡ ሓደ ፕረዚደንት ኣብ ቀዳማይ ዙርያ ዘጋጠሞ ስዕረት ገልቢጡ ክስዕር እዚ ናይ መጀመርታ እዩ።

ኣብ ፕረዚደንታዊ ምርጫ ብራዚል ንራብዓይ ግዜኡ ዝተወዳደረ ሉላ፡ ካብ ጥሪ 2003 ክሳብ ታሕሳስ 2010 ንኽልተ እብረ ፕረዚደንት ናይ'ታ ሃገር ኮይኑ ኣገልጊሉ፡ ካብ ጥሪ 2023 ድማ እንደገና ፕረዚደንት ኮይኑ ምምራሕ ኣይርሳዕን።

ኣንጻሩ ዝወዳደር ዝነበረ ፍላቪዮ ቦልሶናሮ ብ4 ጥቅምቲ ኣብ ቀዳማይ ዙርያ ንሉላ ረቲዑዎ ብምንባሩ፡ ሓያሎ ብራዚላውያን ደገፍቲ ሉላ እቲ ውጽኢት ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ሰሙን ክቕየር ዝኽእል ኮይኑ ተሰሚዕዎም ከም ዘይነበረ እዮም ዝገልጹ።

ኣብ'ቲ ምርጫ፡ ሉላ 51.76 ሚእታዊት ድምጺ ብምርካብ ክዕወት እንከሎ፡ መቐናቕንቱ ፍላቪዮ ቦልሶናሮ 48.24 ሚእታዊት ድምጺ ከም ዝረኸበ፡ ጸብጻብ ኮሚሽን ምርጫ ናይ'ታ ሃገር ኣመልኪቱ።



## ብስዑዲ ዝምራሕ ጥምረት፡ ኣብ ልዕሊ ዒላማታት ሑቲ ኣጥቂዑ



ብስዑዲ ዓረብ ዝምራሕ ወተሃደራዊ ጥምረት፡ ዝሓለፈ ሰኑይ ኣብ የመን ንዝርከቡ ብዕጡቕ ጉጅለ ሑቲ ዝውሓሑ ንቑጥታት መወንጨፊ ሚሳይላትን መኽዘናት ኣጽዋርን ዒላማ ከም ዝገበረ ገሊጹ።

ወሃቢ ቃል ናይቲ ብስዑዲ ዓረብ ዝምራሕ ንቱርኪ፡ ፓኪስታንን ስዑድን ዝሓቖፈ ወተሃደራዊ ጥምረት ትማሊ ሰኑይ ብማሕበራዊ መራኸቢ ኤክስ ኣብ ዘዘርገሖ ጽሑፍ፡ ኣርባዕተ ናይ ባሊስቲካዊ ሚሳይል መወንጨፊ ቦታታት፡ መኽዘን ሚሳይላትን ዕጡቓት ሑቲ ዝጥቀሙሉ ዝነበሩ ገለርያታትን ኣብ'ቲ ስርሒት ከም ዘዕነወ ገሊጹ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ሰራዊት ምክልኻል ኣየር ስዑዲ ዓረብ ናብ ሪያድ ገጹ ዝተተኮሰ ባሊስቲካዊ ሚሳይል የመን ከም ዘበርዐ ኣፍሊጡ። ሪያድ ኣብ ዝሓለፈ ሰሙናት ብተደጋጋሚ ዒላማ መጥቃዕቲ ሑቲ ኮይና ምጽንሓ ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ትማሊ ሰንበት'ውን ሑቲ ኣብ ልዕሊ ኣህጉራዊ መዓርፎ ነፈርቲ ሪያድ ካልእ መጥቃዕቲ ከም ዝፈጸመ ይዝከር።

ንሰፈሕ ክፋል የመን ተቖጻጺርዎ ዝርከብ ዕጡቕ ጉጅለ ሑቲ፡ መዓርፎ ነፈርቲ ሪያድ ወተሃደራዊ ዒላማኡ ምዃኑ ብምሕባር ኣብ ኣገልግሎት ከይውዕል ከጠንቅቕ ምጽንሑ ይፍለጥ።

## ዮርዳኖስ፡ ኣብ ልዕሊ ሶርያ ሕነ ናይ ምፍዳይ መጥቃዕቲ ፈጺማ

ዮርዳኖስ፡ ኣብ ልዕሊ ሶርያ ናይ ሕነ ምፍዳይ መጥቃዕቲ ከም ዝፈጸመት ምንጭታት ናይ'ቲ ከባቢ ሓቢሮም።

በቲ መጥቃዕቲ ቁልዓ ሰበይቲ ዝርከቦም ብውሑዱ 7 ሰባት ከም ዝተቐትሉ ዝሓበሩ ሰበ ስልጣን ሶርያ፡ እታ ሃገር ምስ የርዳኖስ ዘራኽብ ቀንዲ መሳገሪ ዶብ ክትዓጽዎ ተገዲዳ ከም ዘላ ኣረዲኦም።

የርዳኖስ እዚ መጥቃዕቲ ዝፈጸመት፡ ዝሓለፈ ሰሙን ሶርያውያን ዕጡቓት ኣብ ሓደ ቤተ ክርስትያን መጥቃዕቲ ፈኲሱ ብረት ከም ዘየደዱ ድሕሪ ምግላጻ እዩ።

ሚኒስትሪ ምክልኻል የርዳኖስ ኣብ ዘውጽኦ መግለጺ፡ ነቲ ዝሓለፈ ዓርቢ ኣብ ኣውራጃ ካራክ ኣብ ዝርከብ ቤተክርስትያን ዝተፈጸመ መጥቃዕቲ ፈኲሱ ብረት ግብረ መልሲ ንምሃብ ኣብ ደቡባዊ ምብራቕ ሶርያ ንዝርከቡ መሕብኢታት ዕጡቓት ጉጅለታት ዒላማ ከም ዝገበረ ገሊጹ።

በቲ ዕጡቓት ሶርያ ኣብ የርዳኖስ ዝኸፈትዎ መጥቃዕቲ ብውሑዱ ትሽዓተ ሰባት ክሞቱ እንከለዉ ብዕሰርተታት ዝቖጸሩ ድማ ከም ዝቖሰሉ ኣብ እዋኑ ምግዋሑ ኣይርሳዕን።

ሚኒስትሪ ምክልኻል የርዳኖስ እቲ ኣብ ልዕሊ ሶርያውያን ዕጡቓት ዝተፈጸመ መጥቃዕቲ ምስ መንግስቲ ሶርያ ብምውህሃድ ከም ዝተጀመረ'ኳ እንተሓበረ፡ መንግስቲ ሶርያ ግን ምስ የርዳኖስ ዝኾነ ይኹን ምትሕብባር ከም ዘይብሉ ኣፈሊጡ'ሎ።



| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ሪሻም | 28/10/2026 | ጎደና ተጋደልቲ ቁ.20 ፊት ፋብሪካ ምስማር(ጎዳይፍ) | 181048 |
| | ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ | ቁ.ቴሌፎን 127565 | |